رئاسة الشؤون الدينية
بالمسجد الحرام والمسجد النبوي

نُبذَةٌ فِي العَقِيدَةِ الإِسْلَامِيَّة (شَرْحُ أُصُولِ الإِيمَانِ) | تجريني | ትግርኛ

ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ዓቂዳ እስልምና

ብ ሸኽ ኣልዓ'ላማ
ሙሓመድ ቢን ሳሊሕ ኣልዑሰይሚን
ኣላህ ንዕኡን ንወለዱን ንሙስሊሚንን ይምሓረሎም

نُبذَةٌ فِي العَقِيدَةِ الإِسْلَامِيَّة (شَرْحُ أُصُولِ الإِيمَانِ)

ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ዓቂዳ እስልምና

بِقَلَم فَضِيلَة الشَّيخ العَلَّامَة

مُحَمَّدِ بْنِ صَالِحِ العُثَيمِين

غَفَرَ اللَّهُ لَهُ وَلِوَالِدَيْهِ وَلِلْمُسْلِمِين

ብ ሸኽ ኣልዓ'ላማ

ሙሓመድ ቢን ሳሊሕ ኣልዑሰይሚን

ኣላህ ንዕኡን ንወለዱን ንሙስሊሚንን ይምሓረሎም

بِسْمِ اللَّهِ الرَّحْمَنِ الرَّحِيمِ

ሙሓመድ ቢን ሳሊሕ ኣል ዑሰይሚን

ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ዓቂዳ እስልምና

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ ዝኾነ

መእተዊ

"ኢንነል ሓምደ ሊላሂ ነሓመዱሁ፣ ወነስተዒኑሁ፣ ወነስተቕፈሩሁ፣ ወነቱቡ ኢለይሂ፣" ወነዑዙ ቢላሂ ሚን ሹሩሪ ኣንፉሲና፣ ወሚን ሰይኣቲ ኣዕማሊና፣ ኣላህ ዝመርሖ ሰብ ዘስሕቶ የለን፡ ንዘስሓቶ ሰብ ድማ ዝመርሖ የለን። ወኣሽሃዱ ኣላኢላሃ ኢለ'ላህ ዋሕደሁ ላሸሪከ ላህ፣ ከምኡ'ውን ሙሓመድ ባርያኡን ልኡኹን ምኺኖም እምስክር፡ ኣላህ ምውዳሱን ብዙሕ ሰላምን ኣብ ልዕሊኦም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስድራቤቶምን፡ ብጾቶምን፡ንዓኣቶም ብልክዕ ንዝሰዓብዎምን የውርድ።

ድሕሪ'ዚ፥ (ፍልጠት ተውሒድ) ካብ ፍልጠታት እቲ ዝኸበረን፡ ብደረጃኡ ዝዓበየን፡ ምድላዩ ድማ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ግዴታ ዝኾነን እዩ። ምኽንያቱ፡ ንሱ ብዛዕባ ልዑል ኣላህን፡ ኣስማቱን፡ ባህርያቱን፡ ኣብ ልዕሊ ባሮቱ ዘለዎ መሰላትን ዝገልጽ ፍልጠት ስለ ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ናብ ልዑል ኣላህ ዘብጽሕ መገዲ መፍትሕን መሰረት ሕግታቱን ስለ ዝኾነ እዩ።

ስለ'ዚ ድማ፡ ኩሎም ልኡኻት ናብኡ ኣብ ምጽዋዕ ሓደ ቃል እዮም ነይሮም፣ ልዑል ኣላሁ ይብል፥

﴿وَمَآ أَرۡسَلۡنَا مِن قَبۡلِكَ مِن رَّسُولٍ إِلَّا نُوحِيٓ إِلَيۡهِ أَنَّهُۥ لَآ إِلَٰهَ إِلَّآ أَنَا۠ فَٱعۡبُدُونِ ٢٥﴾

{ብቅድሜኻ ዝለኣኽናዮ ዝኾነ ይኹን ልኡኽ 'ካባይ ወጻኢ ካልእ ኣምላኽ የሎን ነዓይ ተገዙኡኒ' ብምባል ናብኡ ነውርደሉ ኔርና}። [ኣልኣንቢያእ፡25]

ንሱ ልዑል ዝኾነ ንርእሱ ብሓድነቱ መስከረ፡ መላእኽቱን ሰብ ፍልጠትን'ውን ብኡኡ መስከሩሉ። ልዑል ዝኾነ ኣላህ ይብል፡

﴿شَهِدَ ٱللَّهُ أَنَّهُۥ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ وَٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ وَأُوْلُواْ ٱلۡعِلۡمِ قَآئِمَۢا بِٱلۡقِسۡطِۚ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلۡعَزِيزُ ٱلۡحَكِيمُ ١٨﴾

(ኣላህ፡ ብፍትሒ ቀዋሚ ኮይኑ፡ ብዘይካኡ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግቦኦ ኣምላኽ ከምዘየለ መስኪሩ። መላእኽትን ሰብ ፍልጠትን እውን። ብዘይካኡ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግቦኦ ኣምላኽ የለን። ንሱ ዕዙዝን ስዓርን ጥበበኛን እዩ።)

[ኣል ዒምራን፡18]

ተውሒድ [ሓድነት ናይ ኣላህ] እዚ ክንዲ'ዚ ኣገዳስነት ካብ ዝህልዎ፡ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ-ወከፍ ኣስላማይ፡ ብምምሃር፡ ብምስትምሃር፡ ብምስትንታንን ከም ጽኑዕ እምነት ጌርካ ብምሓዝን ቆላሕታ ክገብረሉ ግዴታ እዩ። እዚ ኸኣ ሃይማኖቱ ኣብ ጽኑዕ መሰረትን ርግኣትን ምሉእ ተኣዛዝነትን ምእንቲ ክሃንጸን፡ በቲ ፍሬታቱን ውድኢታቱን ድማ ንኽሕጎስን እዩ።

ኣላህ ድማ፡ ምንጪ ኩሉ ዓወት ኢዩ።

ደራሲ

ሃይማኖት እስልምና

ሃይማኖት እስልምና፡ እቲ ኣላህ ንሙሓመድ [ካብ ረቢ ዉዳሰን ምሕረትን ይኹኖ] ዝለኣኾ፡ ናይ ሃይማኖታት መዛዘሚ ዝገበሮ፡ ንባሮቱ ዘማልኦ፡ ጸግኡ ኣብ ልዕሊኦም ዘፍጸመሉ፡ ከም ሃይማኖት ዝፈተወሎምን፡ ካብ ዝኾነ ሰብ ድማ ብዘይካኡ ካልእ ሃይማኖት ዘይቅበልን ዝኾነ ሃይማኖት እዩ።ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿مَّا كَانَ مُحَمَّدٌ أَبَآ أَحَدٍ مِّن رِّجَالِكُمْ وَلَٰكِن رَّسُولَ ٱللَّهِ وَخَاتَمَ ٱلنَّبِيِّـۧنَ ۗ وَكَانَ ٱللَّهُ بِكُلِّ شَىْءٍ عَلِيمًا ﴿٤٠﴾﴾

(ሙሓመድ ንሓደ ካባኹም ኣቦ ኣይኮነን ግን ናይ ኣላህ ሉኡኽን ናይ ነብያት መደምደምታን እዩ። ኣላህ ንኹሉ ነገር ፈላጥ እዩ።) [ኣልኣሕዛብ፡40]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿...ٱلْيَوْمَ أَكْمَلْتُ لَكُمْ دِينَكُمْ وَأَتْمَمْتُ عَلَيْكُمْ نِعْمَتِى وَرَضِيتُ لَكُمُ ٱلْإِسْلَٰمَ دِينًا ۚ...﴾

(...ሎሚ ሃይማኖትኩም ኣማሊኤልኩም፡ ጸጋይ'ውን ኣብ ልዕሌኹም ፈጺመዮ፡ እስልምና ድማ ከም ሃይማኖት ፈትየልኩም ኣለኹ።...) [ኤል ማኢዳህ፡ 3].

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿إِنَّ ٱلدِّينَ عِندَ ٱللَّهِ ٱلْإِسْلَٰمُ...﴾

{እቲ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ተቐባልነት ዘለዎ ሃይማኖት ዝበሃል እስልምና ኢዩ} [ኣል ዒምራን፡19]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል፡

﴿وَمَن يَبْتَغِ غَيْرَ ٱلْإِسْلَٰمِ دِينًا فَلَن يُقْبَلَ مِنْهُ وَهُوَ فِى ٱلْءَاخِرَةِ مِنَ ٱلْخَٰسِرِينَ ﴿٨٥﴾﴾

(ካብ ኢስላም ወጻኢ ሃይማኖት ዝደሊ ሰብ ካብኡ ፈጺሙ ተቐባልነት የብሉን፡ ንሱውን ኣብታ ናይ መወዳእታ ዓለም ካብ'ቶም ከሰርቲ እዩ።) [ኣለ ዒምራን:85]

ሉዑል ኣላህ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ደቂ ሰባት በዚ ሃይማኖት እዚ ንዕኡ ክግዝኡ ግዴታ ገይሩ፡ ንልኡኹ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም እናተዛረበ ድማ ከም'ዚ ይብል፥

﴿قُلْ يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّاسُ إِنِّى رَسُولُ ٱللَّهِ إِلَيْكُمْ جَمِيعًا ٱلَّذِى لَهُۥ مُلْكُ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ ۖ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ يُحْىِۦ وَيُمِيتُ ۖ فَـَٔامِنُوا۟ بِٱللَّهِ وَرَسُولِهِ ٱلنَّبِىِّ ٱلْأُمِّىِّ ٱلَّذِى يُؤْمِنُ بِٱللَّهِ وَكَلِمَٰتِهِۦ وَٱتَّبِعُوهُ لَعَلَّكُمْ تَهْتَدُونَ ﴿١٥٨﴾﴾

{ ኦ ነቢይ መሓመድ በል፡ ኦ ኣንቱም ሰባት ኣነ'ኳ ናይ'ቲ ንግስነት ሰማይን ምድርን ናቱ ዝኾነ ኣላህ ፡ብጀካ ንሱ ኣላህ - ዝምለኽ ኮነ ሂወት ዝህብን ዝወስድን ዘየለ-ልኡኽ ናይ ኣላህ እየ ናብ ኩሉኹም፡ ብ ኣላህን በቲ ምንባብን ምጽሓፍን ዘይክእል ረሱል(ሉኡኽ) ብኣላህን ቃላቱን ኣማኒ ዝኾነ ነብይ እመኑ፡ ከምኡ'ውን ስዓብዎ ምእንታን ናብ'ቲ ቅኑዕ መንገዲ ክትምረሑ በሎም } ይብል [ኣል ኣዕራፍ፡158]

ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ካብ ኣቡ ሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ከምዝተወረየ፡ ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም ይብሉ፡

«وَالَّذِي نَفْسُ مُحَمَّدٍ بِيَدِهِ لَا يَسْمَعُ بِي أَحَدٌ مِنْ هَذِهِ الْأُمَّةِ يَهُودِيٌّ وَلَا نَصْرَانِيٌّ، ثُمَّ يَمُوتُ وَلَمْ يُؤْمِنْ بِالَّذِي أُرْسِلْتُ بِهِ إِلَّا كَانَ مِنْ أَصْحَابِ النَّارِ».

«ነፍሲ ሙሓመድ ብኢዱ ብዝኾነት ይምሕል፣ ካብዛ ኡማ እዚኣ፡ ኣይሁዳዊ ይኹን ወይ ክርስትያን፡ ዝኾነ ብዛዕባይ ዝሰምዐ እሞ በቲ ኣነ ዝተላእኽክሉ ከይኣመነ ዝሞተ፡ ካብ ሰብ ሓዊ እዩ ዝኸውን።»[1]

ብእኡ ምእማን ማለት፡ ነቲ ሒዝዎ ዝመጸ ምስ ምቕባልን ምእዛዝን ሓቂ ኢልካ ምእማን እዩ እምበር፡ ሓቂ ምኺኑ ብምእማን ጥራይ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዩ ድማ ኣቡ ጣሊብ፡ ነቲ ሒዞምዎ ዝመጹ ሓቂ ምኺኑ እናኣመነሉን፡ ካብ ሃይማኖታት እቲ ዝበለጸ ምኺኑ እናመሰከረን፡ ብረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣማኒ ዘይነበረ።

እስላማዊ ሃይማኖት፡ንኹሎም እቶም ዝሓለፉ ሃይማኖታት ዝሓዝዎም ዝነበሩ ረብሓታት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ካብኣቶም ዝፍለየሉ ድማ ንኹሉ ግዜን ቦታን ህዝብን ብቐዕ ብምኺኑ እዩ። ልዑል ኣላህ ንልኡኹ ከም'ዚ ኢሉ ተዛረበ፡

﴿وَأَنزَلۡنَآ إِلَيۡكَ ٱلۡكِتَٰبَ بِٱلۡحَقِّ مُصَدِّقٗا لِّمَا بَيۡنَ يَدَيۡهِ مِنَ ٱلۡكِتَٰبِ وَمُهَيۡمِنًا عَلَيۡهِ...﴾

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ፡ መጽሓፍ እምነት፣ ምዕራፍ፡ ግድነት ምእማን ብልኡኽቶ ነብይና ሙሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ናብ ኩሎም ሰባትን ብሃይማኖቱ ንኽልኦት ሃይማኖታት ምስራዝን፣ ቁጽሪ (153)።

{ናባኻ'ውን ነቲ መጽሓፍ (ቁርኣን)፡ ነቲ ካብ ቅድሚኡ ዝነበረ መጽሓፍ ዘጽድቕን ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዓቃብን (ሓላዊን) ኮይኑ ብሓቂ ኣውሪድናዮ...} [ኣል ማኢዳህ:48]

ምስ ኩሉ ግዜን ቦታን ህዝብን ዝሰማማዕ ምኽኑ ትርጉሙ፡ ብእኡ ምትሓዝ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜን ቦታን ምስ ጥቕምታት ናይ'ቲ ህዝቢ ዘይጻረር፡ የግዳስ ንሱ እቲ ቅኑዕ መገዱን ዕቤቱን እዩ። እዚ ማለት ግን ከም'ቲ ገሊኦም ሰባት ዝደልይዎ ንኹሉ ግዜን ቦታን ህዝብን ዝግዛእ እዩ ማለት ኣይኮነን።

እቲ እስላማዊ ሃይማኖት፡ እቲ ኣላህ (ልዑል) ነቲ ከም'ቲ ዝግባእ ኣተሓሕዛ ቀጥ ኢሉ ዝሓዞ ክሕግዞን ኣብ ልዕሊ እቶም ብዘይካኡ(እስልምና ዘይክተሉ) ልዕልና ክህቦን ዝተወሓሰሉ ናይ ሓቂ ሃይማኖት እዩ፣ ኣላህ (ልዑል) ድማ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿هُوَ ٱلَّذِىٓ أَرۡسَلَ رَسُولَهُۥ بِٱلۡهُدَىٰ وَدِينِ ٱلۡحَقِّ لِيُظۡهِرَهُۥ عَلَى ٱلدِّينِ كُلِّهِۦ وَلَوۡ كَرِهَ ٱلۡمُشۡرِكُونَ ٩﴾

{ንሱ እቲ ንልኡኹ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሃይማኖታት ክብ ንኽብሎ፡ ብቕኑዕ መምርሕን ሓቀኛ ሃይማኖትን ዝለኣኾ ኢዩ፡ ዋላ'ኳ እቶም ሙሽሪኩን እንተጸልእዎ}። [ኣልሰፍ፡9]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَعَدَ ٱللَّهُ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ مِنكُمۡ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ لَيَسۡتَخۡلِفَنَّهُمۡ فِي ٱلۡأَرۡضِ كَمَا ٱسۡتَخۡلَفَ ٱلَّذِينَ مِن قَبۡلِهِمۡ وَلَيُمَكِّنَنَّ لَهُمۡ دِينَهُمُ ٱلَّذِي ٱرۡتَضَىٰ لَهُمۡ وَلَيُبَدِّلَنَّهُم مِّنۢ بَعۡدِ خَوۡفِهِمۡ أَمۡنٗاۚ يَعۡبُدُونَنِي لَا يُشۡرِكُونَ بِي شَيۡـٔٗاۚ وَمَن كَفَرَ بَعۡدَ ذَٰلِكَ فَأُوْلَٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡفَٰسِقُونَ ٥٥﴾

(ኣላህ ነቶም ካባኻትኩም ዝኣመኑን ሰናይ ዝሰርሑን፡ ከም'ቲ ነቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ዘተክአ ኣብ ምድሪ ብርግጽ ከትክኦም፡ እቲ ንዓኣቶም ዝፈተዎ ሃይማኖቶም'ውን ከጽንዓሎም፡ ድሕሪ ፍርሑም'ውን ናብ ርግኣት ክልውጠሎም ምኺኑ ቓል ኣትዩሎም። ብኣይ ምንም ነገር ሽርካ ከይገበሩ የምሉኹኒ። ድሕሪ'ዚ ዝኸሓደ ከኣ፡ ንሳቶም እዮም እቶም ዓመጽቲ።) [ኣ'ኑር፡55]

ሃይማኖተ-ኢስላም: ዓቂዳን ሸሪዓን እዩ፡ ኣብ ዓቂዳኡን ሸሪዓታቱን ድማ ዝተማልአ እዩ፡

1- ብተውሒድ ኣላህ ይእዝዝ፡ ካብ ሽርክ ድማ ይኽልክል።

2- ብሓቂ ይእዝዝ ካብ ሓሶት ይኽልክል።

3- ብፍትሒ ይእዝዝ ካብ ግፍዒ ድማ ይኽልክል። ፍትሒ ዝበሃል ድማ ኣብ መንጎ ተመሳሰልቲ ማዕርነት፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ድማ ፍልልይ ምግባር እዩ። ፍትሒ ማለት ግን ከም'ቲ ገለ ሰባት 'እስልምና ሃይማኖት ናይ ማዕርነት ሃይማኖት እዩ' ኢሎም ብዘይ ገደብ ዝዛረብዎ ፍጹም ማዕርነት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ነገራት ማዕርነት ምግባር፡ እስልምና ዘይቅበሎ ግፍዒ ኮይኑ፡ ገባሪኡ ድማ ኣይውደስን።

4- ብተኣማኒነት ይእዝዝ ካብ ኽድዓት ይኽልክል።

5- ብዝኣተካዮ ቃል ምፍጻም ይእዝዝ ካብ ጥልመት ይኽልክል።

6-ንወለዲ ሰናይ ምግባር ይምዕድ፡ ካብ ሓቂ ወለዲ ምጉዳል ድማ የጠንቅቕ።

7- ምብጻሕ ኣዝማድ ይእዝዝ፡ንሳቶም ከኣ እቶም ቀረባ ኣዝማድ ዝኾኑ፡ንዐኦም ምብጻሕ ምቁራጽ ድማ ይኽልክል።

8- ብሰናይ ጉርብትና ይእዝዝ ካብ ሕማቕ ይኽልክል።

ብሓፈሽኡ፡ እስልምና ብኹሉ ጽቡቕ ጠባይ ይእዝዝ፡ ካብ ኩሉ ሕማቕን ጽዩፍን ዝኾነ ጠባይ ድማ ይኽልክል። ከምኡ'ውን ብኹሉ ጽቡቕ ተግባር ይእዝዝ፡ ካብ ኩሉ ሕማቕ ተግባር ድማ ይኽልክል።

ሉዑል ኣላህ ይብል፥

﴿إِنَّ ٱللَّهَ يَأۡمُرُ بِٱلۡعَدۡلِ وَٱلۡإِحۡسَٰنِ وَإِيتَآيِٕ ذِي ٱلۡقُرۡبَىٰ وَيَنۡهَىٰ عَنِ ٱلۡفَحۡشَآءِ وَٱلۡمُنكَرِ وَٱلۡبَغۡيِۚ يَعِظُكُمۡ لَعَلَّكُمۡ تَذَكَّرُونَ ٩٠﴾

(ብርግጽ ኣላህ ብፍትሒ፡ ብሰናይነትን ንዘመድ ምሕጋዝን ይእዝዝ፡ ካብ ጸያፍን ዝተጸልኣን ዓመጽን ድማ ይኽልክል፡ ምእንቲ ክትዝክሩ ኢሉ ይምዕደኩም ።)

[ኣ'ናሕል፡90]

ናይ ኢስላም ዓንድታት

ናይ ኢስልምና ዓንድታት: እቲ እስልምና ዝተሃንጸሉ መሰረታቱ ኮይነን፡ ንሳተን ውን ሓሙሽተ እየን። ካብ ዓብዱ'ላህ ቢን ዑመር፡ ኣላህ ይፍተወሎም፡ ካብ ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ክብሉ ዝተወርየ፡

«بُنِيَ الْإِسْلَامُ عَلَى خَمْسَةٍ: عَلَى أَنْ يُوَحَّدَ اللَّه - وَفِي رِوَايَةٍ عَلَى خَمْسٍ -: شَهَادَةِ أَنْ لَا إِلَهَ إِلَّا اللَّهُ، وَأَنَّ مُحَمَّدًا عَبْدُهُ وَرَسُولُهُ، وَإِقَامِ الصَّلَاةِ، وَإِيتَاءِ الزَّكَاةِ، وَصِيَامِ رَمَضَانَ، وَالْحَجِّ».

«እስልምና ኣብ ሓሙሽተ ዝተሃነጸ እዩ፤ ንሱ ድማ ንኣላህ ሓደ ምባል - ብኻልእ ሪዋያ ድማ ኣብ ሓሙሽተ -፤ ብጀካ ኣላህ ብሓቂ ዝምለኽ ኣምላኽ ከምዘየለን ሙሓመድ ባርያኡን ሉኡኹን ምኺኑ ምምስካር፡ ሰላት ምስጋድ፡ ዘካት ምሃብ፡ ረመዳን ምጻምን፡ ሓጅ ምግባርን።» ቀጺሉ ሓደ ሰብኣይ በለ: ሓጂን ረመዳን ምጻምን? ነብይና ከኣ በለ፡

«لَا، صِيَامُ رَمَضَانَ، وَالْحَجُّ».

«ኣይፋልን፣ ጾም ረመዳንን ሓጂን» ካብ ነብይና ሞኃስን ሰላምታን ይብጻሓዮም ከም'ዚ ክብሉ ሰሚዐዮም[1]።

1- ብዛዕባ እቲ ‘ላኢላሃ ኢለላህ (ብጀካ ኣላህ ብሓቂ ዝምለኽ የለን)፡ ሙሓመድ ድማ ባርያኡን ሉኡኹን እዮም’ ዝብል ምስክርነት፡ ንሱ እቲ ሓደ ሰብ ብርግጽነቱ ነቲ ነገር ከም ዝዕዘቦ ኮይኑ ብልሳኑ ዝገልጾ ጽኑዕ እምነት እዩ። እቲ ዝተመስከረሉ ነገር ብዙሕ እናሃለወ እዛ ምስክርነት እዚኣ ሓንቲ ዓንዲ ዝተገበረትሉ ምኽንያት ድማ፡

ምኽንያቱ እቶም ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ካብ ኣላህ ተዓላ ዘብጽሑ ስለዝኾኑ፡ ንሶም ባርያን ልኡኽን ምኺኖም ምምስካር፡ መማልእቲ ናይ'ቲ ላኢላሃ ኢለላህ ዝብል ምስክርነት እዩ።

ምኽንያቱ፡ እዘን ክልተ ምስክርነታት መሰረት ትኽክልነትን ቅቡልነትን ተግባራት እየን፤ ዝኾነ ተግባር ድማ

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ: መጽሓፍ እምነት፡ ቁጽሪ (8)፡ ሙስሊምን ድማ: መጽሓፍ እምነት፡ ምዕራፍ "እስልምና ኣብ ሓሙሽተ ተሃኒጹ" ዝብል ቃል ነቢይ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም)፡ ቁጽሪ (16)።

ብዘይካ ብንጽህና ንኣላህ ተዓላን ንልኡኹ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ብምስዓብን፡ ትኽክለነትን ቅቡልነትን የብሉን።

ንኣላህ ንጽህና ምግባር፣ ምስክርነት ብዘይካ ኣላህ ብሓቂ ዝምለኽ ከምዘየለ ትረጋገጽ፡ ንልኡኽ ኣላህ ብምኽታል ድማ፡ ምስክርነት ሙሓመድ ባርያኡን ልኡኹን ምኳኑ ትረጋገጽ።

ካብ ፍረታት ናይ'ዛ ዓባይ ምስክርነት፡ ንልብን ነፍስን ካብ ባርነት ንፍጡራት፡ ከምኡ'ውን ብዘይካ እቶም ልኡኻት ንኻልኦት ካብ ምስዓብ ነጻ ምውጻእ እዩ።

2- ስግደት ብስርዓት ምስጋድ ዝበሃል ከኣ፡ ኣብ'ቲ ዝተወሰነ ግዜኣን ኣገባብ ኣሰጋግዳኣን ብትኽክልን ብዘይ ጉድለትን ብምስጋድ ንኣላህ ዝግበር ኣምልኾት እዩ።

ካብ ፍረታቱ ድማ፡ ናይ ልቢ ምስፋሕ(ደስታ)፡ ናይ ዓይኒ መርወዪ፡ ከምኡ'ውን ካብ ነውርን እኩይን ምኽልካል።

3- ምጽዋት ምውጻእ እንተኾነ ድማ፡ ካብ'ቲ ዘካት ዝወሃበሉ ንብረት፡ እቲ ግዴታ ዝኾነ መጠን ንዝግብኦም ብምሃብ ንልዑል ኣላህ ምምላኽ እዩ።

ካብ ፍረታቱ ድማ: ንነፍሲ ካብ ሕሱር ጠባይ (ስስዐ) ምጽራይን፡ ንኣድላይነት እስልምናን ሙስሊሚንን ምምላእን።

4- ጾም ረመዳን ድማ፡ ንኣምልኾት ንልዑል ዝኾነ ኣላህ ኢልካ ኣብ መዓልቲ ረመዳን ካብ'ቶም ንጾም ዘበላሽዉ ነገራት ነብስኻ ምግታእ እዩ።

ካብ ፍረታቱ ድማ፡ ፍትወት ናይ ልዑል ኣላህ ንምርካብ፡ንነፍሲ ነቲ እትፈትዎ ነገር ክትገድፍ ምልማድ እዩ።

5- ሓጅ ናይ'ቲ ቤት፡ ስርዓታት ሓጅ ንምፍጻም ኢልካ ናብ በይተልሓራም ሓሲብካ ኣምልኾት ናይ ኣላህ ምግባር እዩ።

ካብ ፍረታቱ ድማ፡ ንነፍሲ፡ ንኣላህ ኣብ ምእዛዝ ገንዘባውን ኣካላውን ጻዕሪ ንኽተወፈ ምልማድ እዩ። ስለ'ዚ ድማ ሓጂ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ መንገዲ ኣላህ ዝግበር ጂሃድ እዩ።

እዞም ዝጠቕስናዮምን ዘይጠቕስናዮምን ፍረታት ናይ'ዞም መሰረታት፡ ነቲ ህዝቢ፡ ጽርይትን ንጽህትን ዝኾነት፡ ንኣላህ ብናይ ሓቂ ዲን እትግዛእን ንፍጡራት ድማ ብፍትሕን ሓቅን እትሕዝን እስላማዊት ኡማ ይገብርዎ። ምኽንያቱ እቶም ካልኦት እስላማዊ ሕጊታት ዝቀንዑ፡ ብምቕናዕ ናይ'ዞም መሰረታት እዚኦም እዮም። ኩነታት ናይ ሓደ ማሕበረሰብ እውን ዝቀንዕ፡ ብምቕናዕ ናይ ጉዳይ ሃይማኖቱ እዩ። ካብ'ቲ ቁኑዕ ዝኾነ ኩነታቱ ድማ፡ በቲ ካብ ምቕናዕ ናይ ጉዳያት ሃይማኖቱ ዘሕለፎ መጠን ይሓልፎ።

ነዚ ንምብራህ ዝደለየ ድማ፡ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ የንብብ፡

﴿وَلَوۡ أَنَّ أَهۡلَ ٱلۡقُرَىٰٓ ءَامَنُواْ وَٱتَّقَوۡاْ لَفَتَحۡنَا عَلَيۡهِم بَرَكَٰتٖ مِّنَ ٱلسَّمَآءِ وَٱلۡأَرۡضِ وَلَٰكِن كَذَّبُواْ فَأَخَذۡنَٰهُم بِمَا كَانُواْ يَكۡسِبُونَ ٩٦ أَفَأَمِنَ أَهۡلُ ٱلۡقُرَىٰٓ أَن يَأۡتِيَهُم بَأۡسُنَا بَيَٰتٗا وَهُمۡ نَآئِمُونَ ٩٧ أَوَأَمِنَ أَهۡلُ ٱلۡقُرَىٰٓ أَن يَأۡتِيَهُم بَأۡسُنَا ضُحٗى وَهُمۡ يَلۡعَبُونَ ٩٨ أَفَأَمِنُواْ مَكۡرَ ٱللَّهِۚ فَلَا يَأۡمَنُ مَكۡرَ ٱللَّهِ إِلَّا ٱلۡقَوۡمُ ٱلۡخَٰسِرُونَ ٩٩﴾

«ሰብ እተን ከተማታት ኣሚኖምን ፈሪሑምን እንተዝኾኑ ነይሮም ካብ ሰማይን ምድርን በረኽታት(ሽላይ)

ምኽፈትናሎም ኔርና፡ እንተኾነ ግን ክሒዶም፡ በቲ ዝሰርሕዎ ዝነበሩ ድማ ሒዝናዮም(ፈዲናዮም)። 96»

«እቶም ነበርቲ ዓድታት መቕጸዕትና ደቂሶም ከለዉ ብለይቲ ከይመጸም ተኣሚኖም ዲዮም 97»።

«ወይስ ነበርቲ እተን ዓድታት መቕጸዕትና ብቀትሪ ንሳቶም እናተጻወቱ ከለዉ ከይመጸም ተኣማሚኖም? 98»

ካብ መቕጸዕቲ ኣላህ ድዮም ተኣሚኖም? ንመቕጸዕቲ ኣላህሲ ብዘይካ እቶም ዝኸስሩ ህዝቢ ዝተኣማመኖ የለን።(99) [ኣል ኣዕራፍ፡96-99]

ታሪኽ ናይ'ቶም ዝሓለፉ ድማ ይመልከት፤ ምኽንያቱ ታሪኽ ነቶም ንቕሓትን ለባማትን ኣእምሮ ትምህርቲ እዩ። ነቲ ብልቡ ንኸይቅበል ዝኽልክሎ ዘሎ ነገር ድማ መረዳእታ እዩ። ኣላህ ድማ እቲ ሓገዝ ዝሕተተሉ እዩ።

ናይ ኢስላማዊ ዓቂዳ መሰረታት

እስላማዊ ሃይማኖት፡ከም'ቲ ኣቐዲምና ዘብርሃናዮ-እምነትን ሕግን እዩ፣ ገለ ካብ ሕግታቱ'ውን ኣመልኪትና ኣለና፡ ነቶም ንሕግታቱ መሰረት ዝኾኑ ዓንድታቱ'ውን ጠቒስና ኢና።

ናይ እስላማዊት ዓቂዳ መሰረታቱ ድማ፡ ብኣላህ፡ ብመላእኽቱ፡ ብመጻሕፍቱ፡ ብልኡካቱ፡ ብመወዳእታ መዓልቲ፡ ከምኡ'ውን ብጽሕፍቶ(ቀደር) ጽቡቑን ሕማቑን ምእማን እዩ።

ነዚ መሰረታት'ዚ፡ መጽሓፍ ኣላህን ሱና ናይ ልኡኹን[ካብ ረቢ ዉዳሰን ምሕረትን ይኹኖ] ኣመልኪቶሞ እዮም።

ኣብ መጽሓፍ ኣላህ ሱብሓኑ ወታዓላ ውን ይብል:

﴿لَّيۡسَ ٱلۡبِرَّ أَن تُوَلُّواْ وُجُوهَكُمۡ قِبَلَ ٱلۡمَشۡرِقِ وَٱلۡمَغۡرِبِ وَلَٰكِنَّ ٱلۡبِرَّ مَنۡ ءَامَنَ بِٱللَّهِ وَٱلۡيَوۡمِ ٱلۡأٓخِرِ وَٱلۡمَلَٰٓئِكَةِ وَٱلۡكِتَٰبِ وَٱلنَّبِيِّـۧنَ...﴾

{ድድቂ ማለት ገጽኩም ናብ ምብራቕን ምዕራብን ኣንፈትኩም ምግባር ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ድድቂ ማለት፡ እቲ ብኣላህን፡ ብመጽኣተ-ዓለምን፡ ብመላእኽትን፡ ብመጻሕፍትን፡ ብነብያትን ዝኣመነ'ዩ...} [ኣልበቐራ፡177] ብዛዕባ ቀደር ውን:

﴿إِنَّا كُلَّ شَيۡءٍ خَلَقۡنَٰهُ بِقَدَرٖ ۝٤٩ وَمَآ أَمۡرُنَآ إِلَّا وَٰحِدَةٞ كَلَمۡحِۭ بِٱلۡبَصَرِ ۝٥٠﴾

{ንሕና ንኩሉ ነገር ብውሳነና ፈጢርናዮ።49
ትእዛዝና ድማ ከም ቋሕ ሰም ሓደ እዩ 50}
[ኣልቐመር፡49-50]

ኣብ ሱና ልኡኽ ኣላህ {ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም}፡ ነብይና {ሰላትን ሰላምን ይብጻሓዮም} ንጅብሪል ብዛዕባ ኢማን ምስ ሓተቶም ከም'ዚ ኢሎም መሊሶም፡

«الْإِيمَانُ: أَنْ تُؤْمِنَ بِاللَّهِ، وَمَلَائِكَتِهِ، وَكُتُبِهِ، وَرُسُلِهِ، وَالْيَوْمِ الْآخِرِ، وَتُؤْمِنَ بِالْقَدَرِ: خَيْرِهِ وَشَرِّهِ».

«ኢማን ማለት፡ ብኣላህ፡ ብመልኣኽቱ፡ ብመጻሕፍቱ፡ ብልኡኻቱ፡ ብመወዳእታ መዓልትን ምእማን፡ ከምኡ'ውን ብጽሕፍቶ(ቀደር)፡ ሰናዩ ይኹን ክፉኡ ምእማን እዩ።»[1]

[1] ሙስሊም ኣብ ኪታብ ኣል-ኢማን፡ ቁጽሪ (8)፡ ኣቡ ዳዉድ ድማ ኣብ ኪታብ ኣ-ሱና፡ ባብ ፈል ቀደር፡ ቁጽሪ (4695) ጸብጺቦሞ።

ብልዑል ኣላህ ምእማን

እምነት ብኣላህ ድማ ኣርባዕተ ነገራት የጠቓልል፡-

ቀዳማይ ነገር፡ እምነት ብህላውነት ናይ ልዑል ዝኾነ ኣላህ፡

ንህላዉነት ናይ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ድማ፡ ተፈጥሮን፣ ዓቕሊን(ኣእምሮ)፣ መለኮታዊ ሕግን ሓዋሳትን የረድእ።

ብዛዕባ እቲ ናይ ተፈጥሮ ኣብ ህልውናኡ ስብሓነሁ ወተዓላ ዘሎ መርትዖ፡ ኩሉ ፍጡር ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ሓሳብ ወይ ትምህርቲ ብፈጣሪኡ ከም ዝኣምን ኮይኑ እዩ ተፈጢሩ። ካብዚ ተፈጥራዊ ባህሪ ድማ፡ ኣብ ልቡ ካብኡ ዘግልሎ ነገር ዘጋጠሞ ሰብ እንተዘይኮይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ኣይርሕቕን እዩ። ከም'ቲ ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዝበልዎ፡

«مَا مِنْ مَوْلُودٍ إِلَّا يُولَدُ عَلَى الْفِطْرَةِ، فَأَبَوَاهُ يُهَوِّدَانِهِ أَوْ يُنَصِّرَانِهِ أَوْ يُمَجِّسَانِهِ».

«ኩሉ ህጻን ክፍጠር ከሎ ኣብ ንጹህ እምነት እዩ ዝፍጠር፣ ወለዱ ድማ ኣይሁዳዊ፡ ወይ ክርስትያን፡ ወይ መጂሳዊ ይገብርዎ።»[1]

2- ብዛዕባ ናይ ዓቕሊ መርትዖ ኣብ ህልውና ኣላህ (ተዓላ) ድማ፡ እዞም ቀዳሞትን ዳሕረዎትን ዝኾኑ ፍጡራት ዝፈጠሮም ፈጣሪ ክህልዎም ናይ ግድን ስለዝኾነ እዩ፤

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ፡ ኪታብ ኣል-ጀናኢዝ (መጽሓፍ ቀብሪ)፣ ምዕራፍ፡ ንእሽቶ ቆልዓ ምስ ሰለመ እንተ ሞይቱ፡ ሶላት ይስገደሉ ድዩ፧ እስልምናኽ ንንእሽቶ ቆልዓ ይቕርበሉ ድዩ፧ ቁጽሪ (1292)፣ ሙስሊምን፡ ኪታብ ኣል-ቀደር (መጽሓፍ ውሳነ)፣ ምዕራፍ፡ ትርጉም "ኩሉ ዝውለድ ኣብ ፊጥራ (ተፈጥሮ) እዩ ዝውለድ" ዝብል፣ ከምኡ'ውን ፍርዲ ሞት ቄልዑት ከሓድትን ቄልዑት ሙስሊምን፣ ቁጽሪ (2658)።

ባዕላቶም ንባዕላቶም ክፈጥሩ ወይ'ውን ብኣጋጣሚ ክርከቡ ስለዘይክእሉ።

ሓደ ነገር ባዕሉ ንባዕሉ ክፈጥር ኣይክእልን እዩ፤ ምኽንያቱ ቅድሚ ህልውናኡ ስለ ዘይነበረ፣ ከመይ ጌሩ ፈጣሪ ክኸውን ይኽእል?

ብኣጋጣሚ ክትረከብ ውን ዘበት እዩ፤ ምኽንያቱ ከሉ ፍጡር ፈጣሪ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ፣ በዚ ኣገራሚ ዝኾነ ስርዓትን ዝተዋሃሃደ ስምምዕን ምህላዎም ፡ ኣብ መንጎ ምኽንያታትን ሳዕቤናቱን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ፍጡራት ንሓድሕዶም ብዘሎ ጹኑዕ ምትእስሳርን፡ ብኣጋጣሚ ከምዝተረኸቡ ብፍጹም ይኽልክል። ከመይሲ፡ ብኣጋጣሚ ዝተረኸበ ነገር ኣብ መበቆሉ ስርዓት ካብ ዘይብሉ፡ ኣብ እዋን ምንባሩን ምዕባለኡን ከመይ ጌሩ ስርዓት ክህልዎ ይኽእል?

እዞም ፍጡራት እዚኦም ባዕላቶም ንባዕላቶም ወይ ብኣጋጣሚ ክርከቡ ዘይከኣል ካብ ኮነ፡ ፈጣሪ ክህልዎም ግድን እዩ፡ ንሱ ድማ ጐይታ ዓለማት ዝኾነ ኣላህ እዩ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ድማ ነዚ ኣእምሮኣዊ መርትዖ ነቕ ዘይብል ቡርሃንን ኣብ ሱራት ኣ'ጡር ከም'ዚ ክብል ጠቒስዎ ኣሎ:-

﴿أَمْ خُلِقُواْ مِنْ غَيْرِ شَيْءٍ أَمْ هُمُ ٱلْخَٰلِقُونَ ﴿٣٥﴾﴾

{ወይስ ብዘይ ሓደ ነገር ድዮም ተፈጢሮም ወይ ንሳቶም ፈጠርቲ እዮም} [ኣ'ጡር:35] ትርጉሙ: ንሳቶም ብዘይ ፈጣሪ ኣይተፈጥሩን: ንባዕሎም እውን ኣይፈጠሩን። ስለ'ዚ ፈጣሪኦም ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምኺኑ ይረጋገጽ። በዚ

ምኽንያት እዚ ኸኣ ጁበይር ቢን ሙጥዒም ኣላህ ይፍተወሎም: ንነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሱረቱ 'ጡር እንትቐርኡ ሰሚዖምዎም እሞ ናብዘን ኣያታት(ጥቅስታት) ምስ በጽሑ:

﴿أَمۡ خُلِقُواْ مِنۡ غَيۡرِ شَيۡءٍ أَمۡ هُمُ ٱلۡخَٰلِقُونَ ٣٥ أَمۡ خَلَقُواْ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلۡأَرۡضَۚ بَل لَّا يُوقِنُونَ ٣٦ أَمۡ عِندَهُمۡ خَزَآئِنُ رَبِّكَ أَمۡ هُمُ ٱلۡمُصَيۡطِرُونَ ٣٧﴾

{ወይስ ብዘይ ሓደ ነገር ድዮም ተፈጢሮም ወይ ንሳቶም ፈጠርቲ እዮም(35)}

ወይስ ንሰማያትን ምድርን ዶ ፈጢሮም? ንሳቶም ዘይኣምኑ እዮም (36)

(ወይስ ኣብኣታቶም ድዩ መዛግብቲ(ሽኻይ) ጎይታኻ ዘሎ፧ ወይስ ንሳቶም ድዮም እቶም ገዛእቲ፧ 37) [ኣ'ጡር:35-37]

ጁበይር በቲ ግዜ እቲ ሙሽሪክ ከሎ በለ: «ልበይ ክትበርር ቀሪባ፡ እዚ ድማ እቲ ቀዳማይ እምነት ኣብ ልበይ ዝሰፈረሉ እዩ»[1]።

ነዚ ዝገልጽ ኣብነት ንውሰድ፦ ሓደ ሰብ ብዛዕባ ሓደ ዕዙዝ(ጽኑዕ) ቤት ብኣታኽልቲ ዝተኸበበ፧ ኣብ መንጎኡ ድማ ሩባታት ዝፈስስ፧ ብምንጻፋትን ዓራውትን ዝተመልአ፧ ከምኡ'ውን ብመሰረታውን መመለኣእታን ዝኾኑ ዓይነት ስልማት ዝተሰለመ፧ እንተዝነግረካ፣ ከምኡ'ዉን "እዚ ቤት ኣብ ውሽጡ ዘሎ ምሉእ ዘይጎደሎ ባዕሉ ንባዕሉ እዩ ተረኺቡ፣ ወይ ድማ ብዘይ ዝኾነ ፈጣሪ ከምኡ ብኣጋጣሚ እዩ

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ: ሱረት ኣ'ጡር፣ ቁጽሪ (4854)።

ተረኺቡ" እንተ ዝብለካ፤ ቀልጢፍካ ነዚ ምነጸግካዮን ሓሶት ምበልካዮን፣ ዘረባኡ'ውን ከም ዕሽነት ቓል ምቐጸርካዮ። ድሕሪ እዚ'ሞ፡ እዚ ሰፊሕ ኣድማስ፡ ብምድሩ፡ ብሰማዩ፡ ብፈለካቱ፡ ብኩነታቱን በቲ ዘደንቕን መስተንክርን ዝኾነ ስርዓቱን፡ ባዕሉ ንባዕሉ ፈጢሩ ክኸውን፡ ወይ ብዘይ ፈጣሪ ብኣጋጣሚ ክርከብ ይከኣል ድዩ?

3- ብዛዕባ መርትዖ ሸሪዓ ኣብ ልዕሊ ህልውና ልዑል ኣላህ እንተኾነ ድማ: እቶም ሰማያውያን መጻሕፍቲ ኩሎም ብዛዕብኡ ስለዝዛረቡ እዩ። እቲ ሒዞሞ ዝመጹ ንጥቕሚ ፍጡራት ዝሓዘለ ፍትሓዊ ሕግታት ድማ፡ ካብ ሓደ ጥበበኛን ብጥቕሚ ፍጡራቱ ዝፈልጥን ዝኾነ ጎይታ ከምዝኾነ መርትዖ እዩ። እቲ ሒዝዎ ዝመጸን ሓቅነቱ ብተግባር ዝተመስከረን ናይ ፍጥረት ኣድማስ ዜና፡ ካብ ሓደ ነቲ ዝሓበሮ ነገር ንምፍጣር ክኢላ ዝኾነ ጎይታ ከምዝኾነ መርትዖ እዩ።

4- ንህልውና ኣላህ ዘረጋግጽ ናይ ሓዋሳት መረዳእታ ድማ፡ ብክልተ ሸነኽ እዩ፡

ቀዳማይ: ንሕና ካብ መልሲ ዱዓ ዝገብሩን ሓገዝ ናይ ዝተሸገሩን፡ ቆራጺ ብዝኾነ መገዲ ኣብ ህልውነቱ ዘመልክት ነገር ንሰምዕን ንዕዘብን ኢና። ልዑል ኣላህ ሱብሓነሁ ይብል:

﴿وَنُوحًا إِذۡ نَادَىٰ مِن قَبۡلُ فَٱسۡتَجَبۡنَا لَهُۥ...﴾

{ንነቢ ኑሕ እውን፡ ካብ ቀደም ምስ ተማህለለ፡ ተቐቢልናዮ...} [ኣልኣንቢያእ:76] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿إِذْ تَسْتَغِيثُونَ رَبَّكُمْ فَٱسْتَجَابَ لَكُمْ...﴾

{ንጎይታኹም ረድኤት ምስ ሓተትኩሞ፡ መለሰልኩም...}
[ኣልኣንፋል፡9]

ኣብ ሰሒሕ ቡኻሪ ካብ ኣነስ ኢብኑ ማሊክ፥ ኣላህ ይፍተወሎም፥ ከም'ዚ ይብሉ፡

«إِنَّ أعرابيًّا دَخَلَ يَوْمَ الجُمُعَةِ -والنَّبِيُّ صَلَّى اللَّهُ عَلَيهِ وَسَلَّمَ يَخْطُبُ- فَقَالَ: يَا رَسُولَ اللَّهِ، هَلَكَ المَالُ، وَجَاعَ العِيَالُ، فَادْعُ اللَّهَ لنا؛ فَرَفَعَ يَدَيْهِ ودَعَا، فَثَارَ السَّحَابُ أمثَالَ الجِبَالِ، فَلَمْ يَنْزِلْ عَنْ مِنْبَرِهِ حتَّى رَأَيْتُ المَطَرَ يَتَحَادَرُ عَنْ لِحْيَتِهِ».

«ሓደ ሃገረሰብ ዓረብ ጁምዓ መዓልቲ -ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኹጥባ እናገበሩ ከለዉ- ኣትዩ፡ "ኦ ረሱል ኣላህ፡ ንብረትና ጠፊኡ፡ ስድራና ድማ ጠምዮም፡ ንኣላህ ዱዓ ግበረልና" በለ። ሽዑ ኢዶም ኣልዒሎም ዱዓ ገበሩ፡ ብኡ ንብኡ ድማ ከም ኣኽራናት ዝኣክል ደበና ተላዕለ፡ካብ ሚንበሮም ከይወረዱ ዝናብ ካብ ጭሕሞም ማይ ክንጥብ ክሳብ ዝርኢ ኮይኑ።»[1]

ኣብ'ታ ካልኣይቲ ጁምዓ፡ እቲ ሃገረሰብ ዓረብ ወይ ድማ ካልእ ሰብ ተንሲኡ ከም'ዚ በለ፡- ኣንታ ልኡኽ ኣላህ፡ ህንጻ ፈረሱ፡ ገንዘብ(እንስሳ) ድማ ጢሒሉ'ዩ እሞ ንኣላህ ዱዓ ግበረልና፤ ንሶም ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ድማ ክልተ ኣእዳዎም ኣልዒሎም ከም'ዚ በሉ፡-

«اللَّهُمَّ حَوَالَيْنَا وَلَا عَلَيْنَا».

[1] ኣልቡኻሪ ዝሰነድዎ: ኪታብ ኣል-ጁሙዓ፣ ባብ ኣል-ኢስቲስቃእ ኣብ ኹጥባ ጁምዓ መዓልቲ፣ ቁጽሪ (891)።

«ኣ'ላሁመ ሓዋለይና ወላ ዓለይና» ናብ ዝኾነ ወገን ዘመልከቶ ነቢና ኣብኡ ከሎ ተጋሀደ(ተቀንጠጠ)[1]።

ምቅባል ዱዓ ናይቶም ለመንቲ፡ ነቲ ብንጽህና ናብ ኣላህ ዝተጸግዐን፡ ቅድመ-ኩነት ዝኾኑ ናይ ምቅባል ዱዓ ዘማልኣን፡ ክሳብ ሎሚ መዓልትና ዝተመስከረ ሓቂ እዩ።

እቲ ካልኣይ መዳይ: ሙዕጂዛት ተባሂለን ዝጽውዓ፡ ደቂ ሰባት ዝርእይወን ወይ ብዛዕብኣን ዝሰምዑ ተኣምራት ናይ ነቢያት፡ ኣብ ልዕሊ ህልውና ናይ'ቲ ዝለኣኾም ወሳኒ መርትዖ እየን። ንሱ ድማ ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ እዩ። ምኽንያቱ ንሳተን ካብ ዓቕሚ ደቂ ሰባት ወጻኢ ዝኾና፡ ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ንልኡኻቱ ንምድጋፍን ዓወት ንምሃብን ዘካይደን ነገራት ስለ ዝኾና እየን።

ኣብነት ናይ'ዚ፡ ተኣምር ናይ ነብዪ ሙሳ ዓለይሂ ኣ'ሰላም፡ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ነቲ ባሕሪ ብበትሮም ክወቅዕዎ ምስ ኣዘዞም፡ ወቒዖሞ፡ ናብ ዓሰርተ ክልተ ዝነቐጸ መንገዲ ተጨዲዱ፡ እቲ ማይ ድማ ኣብ መንጎኡ ከም ኣኽራናት ኮይኑ። ልዑል ዝኾነ ኣላህ ድማ ከም'ዚ በለ፡

﴿فَأَوۡحَيۡنَآ إِلَىٰ مُوسَىٰٓ أَنِ ٱضۡرِب بِّعَصَاكَ ٱلۡبَحۡرَۖ فَٱنفَلَقَ فَكَانَ كُلُّ فِرۡقٖ كَٱلطَّوۡدِ ٱلۡعَظِيمِ ٦٣﴾

[1] ኣልቡኻሪ ዝሰነድዎ፡ ኪታብ ኣልጁሙዓ፣ ባብ እስትስቃ ኣብ ኹጥባ መዓልቲ ጁሙዓ፣ ቁጽሪ (891)፣ ሙስሊምን፡ ኪታብ ናይ እስትስቃ ሳላት፣ ባብ ዱዓእ ኣብ እስትስቃ፣ ቁጽሪ (897)።

{ናብ ሙሳ ድማ ንባሕሪ ብበትርኻ ውቅዓዮ ኢልና ዋሕይ ኣውረድናሉ። ሽዑ ተጨደደ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ክፋሉ ኽኣ ከም'ቲ ዓቢ መጋረዲ ዘለዎ ኮነ።} [ኣ'ሹዓራእ:63]

ካልኣይ ኣብነት ድማ፡ ሙዕጂዛ ናይ ነብዪ ዒሳ ዓለይሂ ኣ'ሰላም፡ ንሱ ድማ ብፍቓድ ኣላህ ንምዉታት ህይወት ምግባሩን ካብ መቓብሮም ምውጹኡን እዩ። ልዑል ኣላህ ብዛዕብኡ ከም'ዚ በለ፡-

﴿...وَأُحۡيِ ٱلۡمَوۡتَىٰ بِإِذۡنِ ٱللَّهِۖ...﴾

(...ንሙታን'ውን ብፍቓድ ኣላህ የሕውዮም...) [ኣል ዒምራን፡49] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿...وَإِذۡ تُخۡرِجُ ٱلۡمَوۡتَىٰ بِإِذۡنِيۖ...﴾

«...ከምኡ'ውን ንሙታን ብፍቓደይ ኣብ እተውጽኣሉ እዋን...» (ኣል ማኢዳህ :110)

ሳልሳይ ኣብነት ድማ፡ ህዝቢ ቁረይሽ ንነቢ ሙሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ሓደ ተኣምር ከርእይዎም ምስ ሓተትዎም፡ ናብ ወርሒ ኣመልከቱ። ንሳ ድማ ኣብ ክልተ ተጨደደት፡ ሰባት'ውን ረኣይዋ። ብዛዕባ'ዚ ድማ ኣላህ (ተዓላ) ከም'ዚ ይብል፡

﴿ٱقۡتَرَبَتِ ٱلسَّاعَةُ وَٱنشَقَّ ٱلۡقَمَرُ ۝١ وَإِن يَرَوۡاْ ءَايَةٗ يُعۡرِضُواْ وَيَقُولُواْ سِحۡرٞ مُّسۡتَمِرّٞ ۝٢﴾

{እታ ሰዓት ቀሪባ እያ፡ ወርሒ ድማ ተመቂላ። 1 ተኣምር እንተ ረኣዩ ድማ፡ ገጾም የዝሩ፡ «እዚ ቀጻሊ ጥንቈላ እዩ» ድማ ይብሉ። 2} [ኣልቐመር፡2–1]

እዚ ብኣካል ዝርአ ተኣምራት እዚ፡ ኣላህ ንሉኡኻቱ ንምሕጋዝን ንምድጋፍን ዘካይዶ ኮይኑ፡ ኣብ ህልውናኡ ዘሎ ዘይተሓታትት ጭብጢ እዩ።

ካልኣይ፡ እምነት ብኣላህ ካብ ዘጠቓልሎም፡- ብጎይትነቱ ምእማን እዩ፣ ማለት ንሱ በይኑ ጎይታ ምኳኑ፡ መሻርኽትን ሓጋዝን'ውን ከምዘይብሉ።

ረቢ ኸኣ፡ እቲ ፍጥረትን፡ ንግስነትን፡ ትእዛዝን ናቱ ዝኾነ እዩ፣ ስለ'ዚ ድማ ብጀካ ኣላህ ፈጣሪ የልቦን፡ ብጀክኡ ወናኒ የልቦን፡ ትእዛዝ'ውን ብጀክኡ ንኻሊእ ኣይኮነን። ልዑል ኣላህ ኢሉ :-

﴿...أَلَا لَهُ ٱلۡخَلۡقُ وَٱلۡأَمۡرُۗ...﴾

{...ብርግጽ ፍጥረትን ትእዛዝን ናቱ ጥራይ እዩ...} [ኣል ኣዕራፍ:54] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿...ذَٰلِكُمُ ٱللَّهُ رَبُّكُمۡ لَهُ ٱلۡمُلۡكُۚ وَٱلَّذِينَ تَدۡعُونَ مِن دُونِهِۦ مَا يَمۡلِكُونَ مِن قِطۡمِيرٍ﴾

{እቲ ኣላህ፡ ጎይታኹም እዩ፡ ንግስነት ድማ ናቱ እዩ። እቶም ብዘይካኡ እተምልኽዎም ግና፡ ቀጢን ቅራፍ ናይ ፍረ-ተምሪ እኳ ኣይውንኑን።} [ፋጢር፡13]

ሓደኺ ካብ ፍጡራት ንሩቡብያ(ዋንነት) ኣላህ ሱብሓነሁ ከምዝኽሓደ ኣይተፈልጠን፣ ንሓቂ ዝተጻረረን ነቲ ዝብሎ ዘይኣምነሉን እንተኾይኑ እምበር፣ ከም'ቲ ብፈርዖን ዘጋጠመ ንህዝቡ ክብሎም ከሎ፡

﴿فَقَالَ أَنَا۠ رَبُّكُمُ ٱلۡأَعۡلَىٰ ٢٤﴾

{"ኣነ እቲ ልዕል ጎይታኹም እየ" ድማ በለ}
[ኣ'ናዚዓት፡ 24]፣ ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿...يَٰٓأَيُّهَا ٱلۡمَلَأُ مَا عَلِمۡتُ لَكُم مِّنۡ إِلَٰهٍ غَيۡرِي...﴾

{...ኦ መኪንንቲን መራሕትን፡ ንዓኻትኩም ብዘይካይ ካልእ ኣምላኽ ኣይፈልጠልኩምን ኢየ...} [ኣልቐሰስ፡38]፣ ግናኸ እዚ ካብ ዓቂዳ ኣይኮነን። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَجَحَدُواْ بِهَا وَٱسۡتَيۡقَنَتۡهَآ أَنفُسُهُمۡ ظُلۡمٗا وَعُلُوّٗا...﴾

{ብኣኣ(ትኣምራታት) ድማ ከሓዱ: ነፍሶም እናረጋገጸታ ከላ: ብበደልን ትዕቢትን...} [ኣ'ነምል:14] ከምኡ'ውን ሙሳ፡ ከም'ቲ ኣላህ ብዛዕብኡ ዝዘንተዎ፡ ንፍርዖን ከም'ዚ በልዎ፥

﴿...لَقَدۡ عَلِمۡتَ مَآ أَنزَلَ هَٰٓؤُلَآءِ إِلَّا رَبُّ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلۡأَرۡضِ بَصَآئِرَ وَإِنِّي لَأَظُنُّكَ يَٰفِرۡعَوۡنُ مَثۡبُورٗا﴾

{...ብርግጽ ንስኻ፡ ነዚኣቶም ከም መብርህታት ጌሩ ዘውረዶም ጐይታ ሰማያትን ምድርን ጥራይ ም኿ኑ ፈሊጥካ ኢኻ። ኣነ ድማ ኣንታ ፈርዖን፡ ብርግጽ ጥፉእ ከምዝኾንካ ይፈልጥ ኢየ።} ኣል ኢስራእ፡102፣ ስለ'ዚ ኸኣ እቶም ሙሽሪኪን ብዋንነት ናይ ረቢ የረጋግጹ ነይሮም፣ ኣብ ኣምልኾት ሽርኪ እናገበሩ። ከም'ቲ ረቢ ኣብ ቁርኣን ዝበሎ፥

﴿قُل لِّمَنِ ٱلۡأَرۡضُ وَمَن فِيهَآ إِن كُنتُمۡ تَعۡلَمُونَ ٨٤ سَيَقُولُونَ لِلَّهِۚ قُلۡ أَفَلَا تَذَكَّرُونَ٨٥ قُلۡ مَن رَّبُّ ٱلسَّمَٰوَٰتِ ٱلسَّبۡعِ وَرَبُّ ٱلۡعَرۡشِ ٱلۡعَظِيمِ ٨٦ سَيَقُولُونَ لِلَّهِۚ قُلۡ أَفَلَا تَتَّقُونَ ٨٧ قُلۡ مَنۢ بِيَدِهِۦ مَلَكُوتُ كُلِّ شَيۡءٖ وَهُوَ يُجِيرُ وَلَا يُجَارُ عَلَيۡهِ إِن كُنتُمۡ تَعۡلَمُونَ ٨٨ سَيَقُولُونَ لِلَّهِۚ قُلۡ فَأَنَّىٰ تُسۡحَرُونَ ٨٩﴾

(ንዓታቶም) "እዛ ምድርን ኣብኣ ዘለዉን ናይ መን እዮም፡ ትፈልጡ እንተኾንኩም" በሎም። (84) "ናይ ኣላህ እዩ" ክብሉ እዮም። "እሞ ኣይተስተንትኑንዶ፡" በሎም። (85) "ፈጣሪ ናይ'ተን ሸውዓተ ሰማያትን ፈጣሪ ናይ'ቲ ዓቢይ ዐርሽን (ዝፋን) መን እዩ፡" በሎም። (86) "ናይ ኣላህ እዩ" ክብሉ እዮም። "እሞ ኣይትፈርህዎንዶ፡" በሎም። (87) "ንግስነት ኩሉ ነገር ኣብ ኢዱ ዝኾነ፡ ንሱ ንዝደለዮ የዕቁብ ኣብ ልዕሊኡ ግን ዝዕቆብ ዘይብሉ መን እዩ፡ ትፈልጡ እንተኾንኩም" በሎም። (88) "ናይ ኣላህ እዩ" ክብሉ እዮም። "እሞ ከመይ ጌርኩም ትስሓሩ (ካብ ሓቂ ትዕዉሩ)፡" በሎም።(89) [ኣልሙእሚኑን፡84–89]

ከምኡ'ውን ልዑል ኣላህ ኢሉ:

﴿وَلَئِن سَأَلْتَهُم مَّنْ خَلَقَ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضَ لَيَقُولُنَّ خَلَقَهُنَّ ٱلْعَزِيزُ ٱلْعَلِيمُ ۝٩﴾

{ንዓኣቶም ድማ ንሰማያትን ምድርን መን ፈጢርዎም ኢልካ እንተ ሓቲትካዮም፡ ብርግጽ እቲ ሓያል፡ ኩሉ-ፈላጥ ዝኾነ ፈጢርዎም ክብሉ እዮም።} [ኣ'ዙኽሩፍ፡9]

እቲ ካብ ከሉ ጉድለት ንጹህ ዝኾነ ይብል:

﴿وَلَئِن سَأَلْتَهُم مَّنْ خَلَقَهُمْ لَيَقُولُنَّ ٱللَّهُۖ فَأَنَّىٰ يُؤْفَكُونَ ۝٨٧﴾

{ብሓቂ መን ከም ዝፈጠሮም እንተ ትሓቶም ብርግጽ ኣላህ ክብሉ እዮም፣ ከመይ ጌሮም ድኣ ናብ ካልእ ኣንፈትኩም ትገብሩ} [ኣ'ዙኽሩፍ:87]

ትእዛዝ ኣላህ ሱብሓነሁ ንፍጥረታዊ ትእዛዝን ንሃይማኖታዊ ሕጊ ትእዛዝን ዘጠቓለለ እዩ። ከም'ቲ ጥበቡ

ዝጠልቦ፡ ኣብ ኣድማስ ዝደለዮ ዝውስንን ኣመሓዳርን ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ንሱ፡ ከም'ቲ ጥበቡ ዝጠልቦ፡ ብሕጊ ኣምልኾታትን ብውሳኔታት ማሕበራዊ ኣነባብራን ገዛእን ፈራድን እዩ። ስለ'ዚ ምስ ልዑል ኣላህ ኣብ ጉዳይ ኣምልኾት ከም ሕጊ ሰራዒ፡ ወይ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ከም ፈራዲ ዝወሰደ፡ ብርግጽ ምስኡ ኣሻሪኹ እዩ፡ ንእምነት ድማ ኣየረጋገጸን።

ሳልሳይ ካብ'ቲ ብኣላህ ምእማን ዘጠቓልሎ፡ ብኣምልኾቱ ምእማን እዩ። እዚ ማለት ድማ ንሱ በይኑ ሓቀኛ ኣምላኽ ምኳኑን መሻርኽቲ ዘይብሉ ምኳኑን ምእማን እዩ። ትርጉም ናይ (ኢላህ) ድማ (ኣል-መእሉህ) እዩ፡ እዚ ኸኣ ብፍቕርን ብኽብርን (እቲ ዝምለኽ) ማለት እዩ።

ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَإِلَٰهُكُمۡ إِلَٰهٞ وَٰحِدٞۖ لَّآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلرَّحۡمَٰنُ ٱلرَّحِيمُ ١٦٣﴾

{ጎይታኹም ሓደ ጎይታ እዩ፤ ብጀክኡ ብሓቂ ኣምልኾ ዝግበኦ ጎይታ የለን፤ ንሱ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራህን እዩ።} [ኣልበቐራ:163] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿شَهِدَ ٱللَّهُ أَنَّهُۥ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ وَٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ وَأُوْلُواْ ٱلۡعِلۡمِ قَآئِمَۢا بِٱلۡقِسۡطِۚ لَآ إِلَٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلۡعَزِيزُ ٱلۡحَكِيمُ ١٨﴾

{ኣላህ፡ ብፍትሒ ቀዋሚ ኮይኑ፡ ብዘይካኡ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግቦኦ ኣምላኽ ከምዘየለ መስኪሩ። መላእኽትን ሰብ ፍልጠትን እውን። ብዘይካኡ ብሓቂ መግዛእቲ ዝግቦኦ

ኣምላኽ የለን። ንሱ ሁሉን ስዓርን ጥበበኛን እዩ።} [ኣለ ዒምራን፡18]፡ ዝኾነ ምስ ኣላህ ኣሕቢሩ ካልእ ኣምላኽ ዘምለኽ፡ ኣምላኽነቱ ሓሶት እዩ። ልዑል ኣላህ በለ:

﴿ذَٰلِكَ بِأَنَّ ٱللَّهَ هُوَ ٱلۡحَقُّ وَأَنَّ مَا يَدۡعُونَ مِن دُونِهِۦ هُوَ ٱلۡبَٰطِلُ وَأَنَّ ٱللَّهَ هُوَ ٱلۡعَلِيُّ ٱلۡكَبِيرُ ٦٢﴾

{እዚ ምኽንያቱ፡ ኣላህ ንሱ እቲ ብሓቂ ዝምለኽ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ብጀካኡ ዘምልኽዎ ኸኣ ንሱ ከንቱ ስለ ዝኾነ፡ ኣላህ ድማ ንሱ ልዑልን ዓቢን እዩ።} [ኣልሓጅ፡62]። ኣማልኽቲ ተባሂለን ምጽዋዐን ናይ ብሓቂ ኣምላኽነት ኣይህበንን ኢዩ፣ ኣላህ ተዓላ ብዛዕባ (ኣ'ላት፡ ወልዑዛ፡ ወመናት) ከም'ዚ በለ፡-

﴿إِنۡ هِيَ إِلَّآ أَسۡمَآءٞ سَمَّيۡتُمُوهَآ أَنتُمۡ وَءَابَآؤُكُم مَّآ أَنزَلَ ٱللَّهُ بِهَا مِن سُلۡطَٰنٍۚ...﴾

{ንሳቶምን ንስኻትኩምን ኣቦታትኩምን ዝሰመይኩሞም ኣስማት እምበር ካልእ ኣይኮኑን፡ ኣላህ ብዛዕባኣም ዝኾነ መርትዖ ኣየውረደን...} [ኣ'ነጅም፡23]

ከምኡ'ውን ነብይ ሁድ ዓለይሂ ሰላም ንህዝቦም ከም'ዚ በልዎም:

﴿...أَتُجَٰدِلُونَنِي فِيٓ أَسۡمَآءٖ سَمَّيۡتُمُوهَآ أَنتُمۡ وَءَابَآؤُكُم مَّا نَزَّلَ ٱللَّهُ بِهَا مِن سُلۡطَٰنٖۚ...﴾

{...ብዛዕባ እተን ንስኻትኩምን ኣቦታትኩምን ዝሰመይኩሞም፡ ኣላህ ድማ ብዛዕባኣን ዝኾነ መርትዖ ዘየውረደለን ኣስማት ዲኹም ትካራኽሩኒ፡...}

[ኣል ኣዕራፍ፡71]

ከምኡ'ውን ነብይ ዩሱፍ ዓለይሂ ሰላም ነቶም ክልተ ናይ ቤት ማእሰርቲ ብጾቱ ከም'ዚ በሎም:

﴿يَٰصَٰحِبَيِ ٱلسِّجۡنِ ءَأَرۡبَابٞ مُّتَفَرِّقُونَ خَيۡرٌ أَمِ ٱللَّهُ ٱلۡوَٰحِدُ ٱلۡقَهَّارُ ٣٩ مَا تَعۡبُدُونَ مِن دُونِهِۦٓ إِلَّآ أَسۡمَآءٗ سَمَّيۡتُمُوهَآ أَنتُمۡ وَءَابَآؤُكُم مَّآ أَنزَلَ ٱللَّهُ بِهَا مِن سُلۡطَٰنٍۚ...﴾

{ኣቱም ናይ ቤት ማእሰርቲ ብጾትይ፣ ዝተፈላለዩ ኣማልኽቲ ድዮም ዝሕሹ ወይስ እቲ ሓደ ብኹሉ ዝሰዕር ኣላህ? እቲ ብዘይካኡ እትግዝእዎስ፡ ንስኻትኩምን ኣቦታትኩምን ዝሰመኹሞም፡ ኣላህ ብዛዕባኡም ዝኾነ መርትዖ ዘየውረደሎም ኣስማት ጥራሕ እዮም።...}

ዩሱፍ፡39-40

ስለ'ዚ ድማ እቶም ሉኡኻት -ዓለይሂሙ ኣልሶላቱ ወሰላም- ንህዝቦም ከም'ዚ ይብልዎም ነበሩ፡

﴿...ٱعۡبُدُواْ ٱللَّهَ مَا لَكُم مِّنۡ إِلَٰهٍ غَيۡرُهُۥ...﴾

{...ንኣላህ ኣምልኹ፣ ብዘይካኡ ብሓቂ ኣምልኾ ዝግበኦ ኣምላኽ የብልኩምን...} [ኣል ኣዕራፍ፡59] ግን እቶም ሙሽሪኩን ነዚ ኣበይዎ፣ ብዘይካ ኣላህ'ውን ምስኡ ሓቢሮም ዝግዝእዎም ኣማልኽቲ ሓዙ፣ ብኣኣም ድማ ዓወትን ሓገዝን ይሓቱ።

እቶም ሙሽሪኪን ነዞም ኣማልኽቲ ምምላኾም፡ ኣላህ ብኽልተ ብኣእምሮ ዘይሳሓት መርትዖታት ኣፍሪስዎ'ዩ፡-

ቀዳማይ፡ ኣብ'ዞም ከም ኣማልኽቲ ዝወሰድዎም ካብ ባህርያት ኣምላኽነት ዋላ ሓደ የብሎምን። ንሳቶም ፍጡራት እዮም እምበር ኣይፈጥሩን፡ ንዘምልኽዎም ጥቕሚ

ኣየምጸኡን፡ ጉድኣት ውን ካብኦም ኣይከላኸሉን፡ ህይወትን ሞትን ኣይውንኡሎምን፡ ካብ ሰማያት ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይውንኡን፡ ኣብኡ ውን መሻርኽቲ ኣይኮኑን።

ኣላሁ ታዓላ ይብል፥

﴿وَٱتَّخَذُواْ مِن دُونِهِۦٓ ءَالِهَةً لَّا يَخۡلُقُونَ شَيۡـٔٗا وَهُمۡ يُخۡلَقُونَ وَلَا يَمۡلِكُونَ لِأَنفُسِهِمۡ ضَرّٗا وَلَا نَفۡعٗا وَلَا يَمۡلِكُونَ مَوۡتٗا وَلَا حَيَوٰةٗ وَلَا نُشُورٗا ٣﴾

{ብዘይካኡ ኣማልኽቲ ሒዞም፡ ሓንቲ ነገር'ውን ኣይፈጥሩን ንሳቶም ባዕሎም ድማ ይፍጠሩ፡ ንነፍሶም ድማ ጉድኣትን ጥቕምን ኣይውንኡን፡ ሞትን ህይወትን ትንሳኤን'ውን ኣይውንኡን} [ኣል ፋርቃን፡3]።

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿قُلِ ٱدۡعُواْ ٱلَّذِينَ زَعَمۡتُم مِّن دُونِ ٱللَّهِ لَا يَمۡلِكُونَ مِثۡقَالَ ذَرَّةٖ فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَلَا فِي ٱلۡأَرۡضِ وَمَا لَهُمۡ فِيهِمَا مِن شِرۡكٖ وَمَا لَهُۥ مِنۡهُم مِّن ظَهِيرٖ ٢٢ وَلَا تَنفَعُ ٱلشَّفَٰعَةُ عِندَهُۥٓ إِلَّا لِمَنۡ أَذِنَ لَهُۥ...﴾

{በሎም፡ ነቶም ብዘይካ ኣላህ (ኣማልኽቲ እዮም ኢልኩም) እትምጎትሎም ጸውዕዎም)። ኣብ ሰማያትን ምድርን ናይ ክብደት ፍረ ኣድሪ ትኸውን እኳ ኣይውንኡን። ኣብ ክልቲኦም ድማ ምንም ተኻፋልነት የብሎምን። ንዕኡ (ንኣላህ) ድማ ካብኣቶም ሓጋዚ የብሉን። ኣብኡ ዘሎ ኣመላድነት ድማ ንሱ ንዝፈቕደሉ እንተዘይኮይኑ ኣይጠቕምን...} [ሰባእ፡22-23]

وقال تعالى: ﴿أَيُشْرِكُونَ مَا لَا يَخْلُقُ شَيْـًٔا وَهُمْ يُخْلَقُونَ ﴿١٩١﴾ وَلَا يَسْتَطِيعُونَ لَهُمْ نَصْرًا وَلَآ أَنفُسَهُمْ يَنصُرُونَ ﴿١٩٢﴾﴾

ልዑል ዝኾነ ኣላህ ድማ በለ፡ {ንሓደ ነገር ዘይፈጥር ዶ መሸርኽቲ ይገብሩ፡ የግዳስ ንሳቶም ባዕላቶም ዝፍጠሩ እዮም(191) ንዓኣቶም ክረድእዎም ውን ኣይክእሉን፡ ንነፍሶም'ውን ኣይረድኡን እዮም 192}

[ኣል ኣዕራፍ፡191-192]

ኩነታት ናይ'ዞም ኣማልኽቲ እዚ ካብ ኮነ ድማ፡ ከም ኣማልኽቲ ምውሳዶም ካብ'ቲ ዝኾፍአ ዕሽነትን፡ ካብ'ቲ ዝዓበየ ጌጋን ሓሰትን እዩ።

ካልኣይ ድማ፡ እዞም ሙሽሪኪን እዚኦም፡ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ንሱ በይኑ ጐይታን ፈጣሪን ምኺኑ፡ እቲ ናይ ኩሉ ነገር ግዝኣት ኣብ ኢዱ ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ንሱ ዝከላኸል እምበር ኣብ ልዕሊኡ ዝከላኸል ከም ዘየልቦን ይኣምኑን ይቕበሉን ኔሮም፣ እዚ ድማ ከም'ቲ ብሩቡብያህ ሓድነቱ ዝኣመንሉ፡ ብኡሉህያህ ውን ንበይኑ ከምልኽዎ የገድዶም ኔሩ። ከምኡ 'ውን ልዑልኣላህ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡-

﴿يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّاسُ ٱعْبُدُواْ رَبَّكُمُ ٱلَّذِى خَلَقَكُمْ وَٱلَّذِينَ مِن قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ ﴿٢١﴾ ٱلَّذِى جَعَلَ لَكُمُ ٱلْأَرْضَ فِرَٰشًا وَٱلسَّمَآءَ بِنَآءً وَأَنزَلَ مِنَ ٱلسَّمَآءِ مَآءً فَأَخْرَجَ بِهِۦ مِنَ ٱلثَّمَرَٰتِ رِزْقًا لَّكُمْ ۖ فَلَا تَجْعَلُواْ لِلَّهِ أَندَادًا وَأَنتُمْ تَعْلَمُونَ ﴿٢٢﴾﴾

{ኦ ኣቱም ሰባት ንዝፈጠረኩም፣ብቅድሜኹም ዝነበሩ ውን(ዝፈጠረ) ጎይታኹም ተገዝኡ፤ምእንታን ፍርሒ ከተሕድሩ(21) እቲ ንዓኹም መሬት ምንጻፍ ዝገበረልኩም፡

ሰማይ ውን ብጹኦ ዝተሃንጸ ህንጻ ዝገበሮ፡ ካብ ሰማይ ማይ ዘውረደ ካብኡ ንዓኹም ናይ ፍረታት ሸሻይ ዘውጸኣልኩም እዩ'ሞ፡ ስለ'ዚ ንሰኻትኩም እናፈለጥኩም ንኣላህ መሻርኽቲ ኣይትግበሩ። (22)} [ኣልበቐራ፡21-22]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَلَئِن سَأَلْتَهُم مَّنْ خَلَقَهُمْ لَيَقُولُنَّ ٱللَّهُۖ فَأَنَّىٰ يُؤْفَكُونَ ٨٧﴾

{ብሓቂ ንዓኦም መን ከምዝፈጠሮም እንተ ትሓቶም፡ ኣላህ እዮም ዝብሉ፣ እሞ ከመይ ድኣ ኣንፈቶም ናብ ካልእ ዝገብሩ} [ኣ'ዙኽሩፍ:87]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿قُلْ مَن يَرْزُقُكُم مِّنَ ٱلسَّمَآءِ وَٱلْأَرْضِ أَمَّن يَمْلِكُ ٱلسَّمْعَ وَٱلْأَبْصَٰرَ وَمَن يُخْرِجُ ٱلْحَىَّ مِنَ ٱلْمَيِّتِ وَيُخْرِجُ ٱلْمَيِّتَ مِنَ ٱلْحَىِّ وَمَن يُدَبِّرُ ٱلْأَمْرَۚ فَسَيَقُولُونَ ٱللَّهُۚ فَقُلْ أَفَلَا تَتَّقُونَ ٣١ فَذَٰلِكُمُ ٱللَّهُ رَبُّكُمُ ٱلْحَقُّۖ فَمَاذَا بَعْدَ ٱلْحَقِّ إِلَّا ٱلضَّلَٰلُۖ فَأَنَّىٰ تُصْرَفُونَ ٣٢﴾

{በል፣ "ካብ ሰማይን ምድርን ሸሻይ ዝህበኩም መን እዩ? ወይስ ምስማዕን ምርኣይን ዝውንን መን እዩ? ካብ ምዉት ህያው ዘውጽእን፡ ካብ ህይወታዊ ድማ ምዉት ዘውጽእን፡ ነገራት ዘመሓድርን'ከ መን እዩ?" ንሳቶም ድማ "ኣላህ" ክብሉ እዮም። "እሞ ኣይትፈርሑዎን ዲኹም?" በሎም። (31) እቲ ሓቀኛ ጎይታኹም ኣላህ ንሱ እዩ። ድሕሪ ሓቂ'ኸ ጥፍኣት እንበር ካልእ እንታይ ኣሎ? ከመይ ኢልኩም'ከ (ካብ ሓቂ) ናብ ካልእ ገጽኩም ትገብሩ? (32)} [ዩኑስ:31-32]።

ራብዓይ ካብ'ቲ እምነት ብኣላህ ዘጠቓልሎ፡- በኣስማቱን መግለጺታቱን ምእማን እዩ።

ማለት፡ ነቲ ኣላህ ንነብሱ ኣብ መጽሓፉ፡ ወይ ብልሳን መልእኽተኛኡ ሙሓመድ [ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም] ዘረጋገጾም ኣስማትን መግለጺታትን፡ በቲ ንዕኡ ዝበቕዕ መገዲ፡ ትርጉሙ ብዘይ ምጥምዛዝ(ትርጉሙ ምቕያር)፡ ዝግባእ ትርጉሙ ብዘይ ምኽላእ፡ ብኸመይነቱ ብዘይ ምግላጽ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኻሊእ ብዘይ ምምስሳል ምርግጋጽ እዩ። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَلِلَّهِ ٱلۡأَسۡمَآءُ ٱلۡحُسۡنَىٰ فَٱدۡعُوهُ بِهَاۖ وَذَرُواْ ٱلَّذِينَ يُلۡحِدُونَ فِيٓ أَسۡمَٰٓئِهِۦۚ سَيُجۡزَوۡنَ مَا كَانُواْ يَعۡمَلُونَ ١٨٠﴾

{ንኣላህ ጽቡቓት ኣስማት ኣለዉዎ፡ በኣኣቶም ድማ ጸውዕዎ። ነቶም ኣብ ኣስማቱ ካብ ሓቂ ዝወጹ ግደፍዎም፤ በቲ ዝሰርሑዎ ዝነበሩ ድማ መቅጻዕቶም ክረኽቡ እዮም።} [ኣል ኣዕራፍ፡180] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿...وَلَهُ ٱلۡمَثَلُ ٱلۡأَعۡلَىٰ فِي ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلۡأَرۡضِۚ وَهُوَ ٱلۡعَزِيزُ ٱلۡحَكِيمُ﴾

{...ንዑኡ ድማ ኣብ ሰማያትን ምድርን ዝለዓለ ባህሪ ኣለዎ፡ ንሱ ድማ ዕዙዝ ሓያልን ጥበበኛን እዩ።} [ኣ'ሩም፡27] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿...لَيۡسَ كَمِثۡلِهِۦ شَيۡءٞۖ وَهُوَ ٱلسَّمِيعُ ٱلۡبَصِيرُ﴾

{...ዋላ ሓደ ንዑኡ ዝመስል የለን፡ ንሱ ድማ ንኩሉ ሰማዒ ንኩሉ ረኣዪ እዩ}። [ኣሸ'ራ፡11]።

ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ክልተ ወገናት ጠፈኦም እዮም፥

እታ ሓንቲ ጉጅለ፡ (ኣል-ሙዓጢላ) ኮይና፡ ንሳቶም ነቲ ኣስማትን መግለጺታትን ኩሉ ወይ ንገሊኡ ዝነጸጉ እዮም፣ እዚ ድማ ነዚ ንኣላህ ምርግጋጹ ንዕኡ ምስ ፍጡራቱ ምምስሳል የስዕብ እዩ ዝብል ናይ ሓሶት ግምት ብምሓዝ እዩ። እዚ ግምቶም ድማ ብብዙሕ ምኽንያታት ሓሶት ኮይኑ ይርከብ፡ ገለ ካብኡ:

ቀዳማይ፡ ከም ኣብ ቃል ኣላህ ሱብሓነሁ ዝርከብ ምቅራን ዝኣመሰሉ ምግርጫዉ ሳዕቤናት የስዕብ ፣ እዚ ድማ፡ ኣላህ ንነብሱ ኣስማትን መግለጺታትን ስለ ዘረጋገጸን፡ ንዕኡ ዝመስል ብፍጹም ከምዘየለ'ውን ስለ ዝነጸገን እዩ። ምርግጋጻ ምምሳል ዘስዕብ እንተዝኸውን ነይሩ፤ ኣብ ቃላት ኣላህ ምግርጫውን ነንሕድሕዱ ምሕሰሳውን መስዓበ ነይሩ።

2ይ፡ ክልተ ነገራት ብሓደ ስም ወይ ባህሪ ዝሰማምዑሉ፡ ኣብ ኩሉ ነገራት ተመሳሰልቲ እዮም ማለት ኣይኮነን፣ ንኣብነት ክልተ ሰባት ነፍሲ ወከፎም ሰብ፡ ሰማዒ፡ ረኣዪን፡ ተዛራባይን ኣብ ም኿ን ይሰማምዑ፣ ካብዚ ዝተላዕለ ግን፡ ኣብ ሰብኣዊ ባህርያት፡ ምስማዕን፡ ምርኣይን፡ ምዝራብን ክመሳሰሉ ግድን ኣይኮነን።

ንእንስሳታት ውን ኣእዳውን፡ ኣእጋርን፡ ኣዒንትን ኣለዎም። እዚ ምምስሳሎም ግን፡ ናይ ነናቶም ኣእዳውን፡ ኣእጋርን፡ ኣዒንትን ተመሳሳሊ ክኸውን ኣይገደዶን።

ኣብቶም ፍጡራት፡ በቲ ዝሰማምዕሉ ኣስማት ይኹን ባህሪያት ፍልልይ ካብ ተራእየ፤ እቲ ኣብ መንጎ ፈጣርን ፍጡርን ዘሎ ፍልልይ ድማ ዝበለጸን ንጹርን ዝዓበየን እዩ።

እታ ካልኣይቲ ጉጅለ: (ሙሸቢሃ) እዚኣቶም ነቶም ኣስማትን ባህርያትን ዘጽደቑ፡ ምስኡ ከኣ ንኣላህ ምስ ፍጥረታቱ ዘመሳስሉ እዮም። እዚ ድማ ትሕዝቶ ናይቶም ጥቕስታት ዘመልክቶ እዩ ዝብል ግምት ኣለዎም፤ ምኽንያቱ ኣላህ ንባሮቱ በቲ ዝርድእዎ ነገር እዩ ዝዛረቦም። እዚ ግምት እዚ ግና ጌጋ እዩ፤ እዚ ድማ ብብዙሕ ምኽንያታት፡ ካብኣቶም:

ቀዳማይ፡ ኣላህ ንፍጡራቱ ምምሳል ብዓቕልን ብሸሪዓን ዝተኾነ ነገር ኮይኑ፡ ናይ ቕርኣንን ሱናን ጭብጥታት ድማ ጌጋ ነገር ክኸውን ኣይክእልን።

ካልኣይ፡ ኣላህ ንባሮቱ በቲ ብመሰረታዊ ትርጉሙ ዝርድእዎ ነገር ተዛሪብዎም እዩ። እቲ ሓቅን ትኽክለኛ መንነትን ናይ'ቲ ትርጉም ግን ብዛዕባ ሀላውኡን ባህርያቱን ዝምልከት ካብ'ቲ ልዑል ኣላህ ፍልጠቱ ንበይኑ ዝሓዘ እዩ።

ኣላህ ንነፍሱ ሰማዒ ምኳኑ ምስ ኣረጋገጸ፤ ምስማዕ ብመሰረታዊ ትርጉሙ (ንሱ ድማ ድምጽታት ምስትውዓል እዩ) ፍሉጥ እዩ። ግን ሓቀኛ ባህሪኡ ብዝምልከት ምስማዕ ልዑል ኣላህ ግን ፍሉጥ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ሓቀኛ ባህሪ ምስማዕ ኣብ ፍጡራት እኳ ስለዝፈላለ እዩ፤ ስለዚ እቲ ኣብ መንጎ ፈጣርን ፍጡርን ዘሎ ፍልልይ ዝያዳ ግሉጽን ዝዓበየን እዩ።

ኣላህ ተዓላ ብዛዕባ ነፍሱ ኣብ ልዕሊ ዓርሹ(ዝፋን) ሓፍ(ኣብ ልዕሊኡ ምኹን)ከም ዝበለ ምስ ሓበረ፤ እቲ ሓፍ ምባል ከም መሰረታዊ ትርጉሙ ፍሉጥ እዩ፣ ግና ሓቀኛ ባህሪ ናይ'ቲ ኣላህ ኣብ ልዕሊ ዓርሹ ሓፍ ዝበለሉ ኣገባብ ንዓና ፍሉጥ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ሓቀኛ ባህሪ ናይ ሓፍ ምባል ኣብ ናይ ፍጡር ዝተፈላለየ ስለዝኾነ። ኣብ ጽኑዕ መንበር ሓፍ ምባል፡ ከም ኣብ ኪረሳ ናይ ሓደ ዘሸግርን ዘንፈርፍርን ዝኾነ ገመል ሓፍ ምባል ኣይኮነን። እዚ ኣብ ጉዳይ ፍጡር ዝተፈላለየ ካብ ኮነ፡ እቲ ኣብ መንነ ፈጣርን ፍጡርን ዘሎ ፍልልይ ደኣ እሞ ዝያዳ ግሉጽን ዝዓበየን እዩ።

ከም'ዚ ዝገለጽናዮ ብልዑል ኣላህ ምእማን ንኣመንቲ፡ ብዙሓት ዓበይቲ ፍረታት የፍርየሎም፡ ካብኣ'ቶም ድማ፡-

ቀዳማይ፡ ንተውሒድ ልዑል ኣላህ ምርግጋጽ፣ እዚ ድማ ተስፋን ፍርሕን ብዘይካኡ ኣብ ካልእ ከይተኣሳሰር፣ ብዘይካኡ ንኻልእ'ውን ከየምልኽ ምግባር ኢዩ።

ካልኣይቲ: ብመሰረት ጽቡቓት ኣስማቱን ላዕለዎት ባህሪያቱን ንኣላህ ምሉእ ብምሉእ ምፍቃርን ምኽባርን።

ሳልሳይ፡ ሲባዳኡ(ኣምልኾቱ) ምርግጋጽ(ሙሉእ ምግባር)፡ ዝኣዘዘ ብምትግባርን ዝኸልከሎ ብምርሓቅን።

ብመልኣኽቲ ምእማን

መላእኽቲ: ኣብ ስውር ዓለም ዝነብሩ ፍጡራት ኮይኖም፣ ንልዑል ኣላህ ዘምልኹ እዮም። ካብ ባህርያት ጐይትነትን ኣምላኽነትን ድማ ዋላ ሓንቲ ነገር የብሎምን። ልዑል ኣላህ

ካብ ብርሃን ፈጢርዎም፣ ንትእዛዙ ምሉእ ተኣዛዝነትን ንኽተግብርዎ ዝኸውን ሓይሊን ድማ ለጊሱሎም። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ በለ፡

﴿...وَمَنۡ عِندَهُۥ لَا يَسۡتَكۡبِرُونَ عَنۡ عِبَادَتِهِۦ وَلَا يَسۡتَحۡسِرُونَ ١٩ يُسَبِّحُونَ ٱلَّيۡلَ وَٱلنَّهَارَ لَا يَفۡتُرُونَ ٢٠﴾

{እቶም ኣብኡ ዘለዉ ድማ ካብ ምምላኹ ኣይዕበዩን፡ ኣይደኽሙን'ውን። ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ይውድስዎ።} [ኣልኣንቢያእ:19-20]።

ንሳቶም ኣዝዮም ብዙሓት ኮይኖም፡ ቁጽሮም ብዘይካ ልዑል ኣላህ ዝፈልጦ የለን። ኣብ ሰሒሐይን ካብ'ቲ ብዛዕባ ሚዕራጅ ካብ ኣነስ ረዲየላሁ ዓንሁ ዝበጸሓና ሓዲስ ከምዝተረጋገጸ፡ ንነቢ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ሰማይ ዝርከብ ቤት ኣል-ማዕሙር ተገሊጹሉ። ኣብኡ ድማ መዓልታዊ ሰብዓ ሺሕ መላእኽቲ ይሰግዱ፡ ካብኡ ምስ ወጹ ድማ ዳግም ናብኡ ኣይይምለሱን።

እምነት ብመልኣኽቲ ድማ ኣርባዕተ ነገራት ይሓቁፍ፡

ቀዳማይ፡እምነት ብህላዉነቶም

ካልኣይ፡ ነቶም ካብኣቶም ስሞም ዝፈለጥናዮም ብስሞም (ከም ጅብሪል) ክንኣምን፣ ነቶም ስሞም ዘይንፈልጦም ድማ ብሓፈሻ ክንኣምን።

ሳልሳይ፡ በቶም ካብ ባህርያቶም ዝፈለጥናዮም ምእማን እዩ። ንኣብነት ባህሪ ናይ (ጂብሪል)፡ ነብዪ[ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም] ከምዝገለጽዎ፡ ንዕኡ በቲ ዝተፈጥረሉ ባህርያቱ

ከምዝረኣይዎ እዩ። ንሱ ድማ ነቲ ኣድማስ ዝሸፈነ ሽዱሽተ ሚእቲ ክንፊ ኣለዎ።

እቲ መልኣኽ'ውን ብትእዛዝ ኣላህ ናብ ቅርጺ ሰብኣይ ክልወጥ ይኽእል'ዩ፣ ከም'ቲ ኣላሁ (ታዓላ) ንጅብሪል ናብ መርየም ክልእኸ እንከሎ ዘጋጠመ እዩ፡ ንዓኣ ብመልክዕ ምሉእ ሰብ ተመሲሉ ተገሊጹላ። ከምኡ'ውን ናብ ነብዪ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ምስ ሰዓብቶም ኮፍ ኢሎም እንከለዉ ክመጽእ ከሎ፡ ብመልክዕ ናይ ሓደ ክዳኑ ኣዝዩ ጻዕዳ፡ ጸጉሩ ድማ ኣዝዩ ጸሊም ዝኾነ፡ ምልክት መገሻ ዘይረኣየሉ፡ ካብ ሰዓብቶም ውን ሓደ'ኳ ዘይፈልጦ ሰብኣይ መጺእዎም። ናብ ነብዪ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ቀሪቡ ድማ ኮፍ በለ፡ ኣብራኹ ናብ ኣብራኾም ኣደገፉ፡ ክልቲኡ ኣእዳዉ ድማ ኣብ ሰለፉ ኣንቢሩ። ንነብዪ ሰዓወ ድማ ብዛዕባ እስልምና፡ ኢማን፡ ኢሕሳን፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እታ ሰዓትን ምልክታታን ሓተቶም። ነብዪ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ድማ መለሱሉ፡ ንሱ ድማ ተሲኡ ከደ። ድሕሪኡ ነብዪ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ በሉ:

«هَذَا جِبْرِيلُ؛ أَتَاكُمْ يُعَلِّمُكُمْ دِينَكُمْ».

«እዚ ጅብሪል እዩ፤ መጺኡኩም ዲንኩም(ሃይማኖትኩም) ክምህረኩም»[1].

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ: መጽሓፍ ኢማን፣ ባብ መግለጺ ኢማን፡ ኢስላምን ኢሕሳንን ከምኡ'ውን ቀደር ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብምጽዳቕ ምእማን ግዴታ ምኺኡ፣ ቁጽሪ (8)።

ከምኡውን እቶም ልዑል ኣላህ ናብ ኢብራሂምን ሉጥን ዝለኣኹም መላእኽቲ፡ ብቅርጺ ሰብኡት ነበሩ።

ራብዓይ ካብ'ቲ ብመልኣኽቲ ምእማን ዘጠቕልል፡ በቲ ብትእዛዝ ኣላህ ታዓላ ዝፍጽምዎ ካብ ስራሓቶም ዝፈለጥናዮ ምእማን እዩ፤ ከም ለይትን መዓልትን ብዘይ ምስልቻውን ድኻምን ንዑኡ ምውዳሶምን ምምላኾምን እዩ።

ንገሊኦም ድማ ፍሉይ ዝኾነ ስራሕ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

ንኣብነት: ኣብ ዋሕይ (ራእዩ) ልዑል ኣላህ እሙን ዝኾነ ጅብሪል፣ ኣላህ ብእኡ ናብ ነብያትን ልኡኻትን ይልእኮ።

ኣብነት ድማ ሚካኢል፡ ብዝናብን ኣትክልትን ዝተወከለ።

ከምኡ'ውን ኣብነት፡ ኢስራፊል፡ እቲ ኣብ እዋን ምቋም ሰዓትን ትንሳኤ ፍጡራትን ኣብ ቀርኒ ብምንፋሕ ዝተወከለ።

ንኣብነት፡ መልኣኽ ናይ ሞት፡ እቲ ኣብ ግዜ ሞት ህይወት ብምውሳድ ዝተወከለ'ዩ።

ከምኡ'ውን ከም፡ ማሊክ ድማ፡- ንሱ ብሓዊ እሳት ዝተወከለ ኮይኑ፡ ሓላዊ ናይ እሳት እዩ።

ከምኡ'ውን እቶም ኣብ ማህደን ብዛዕባ ዕሸላት ዝተወከሉ መላእኽቲ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ማህደን ኣዲኡ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ምስ ኣማልኡ፡ ልዑል ኣላህ ሓደ መልኣኽ ናብኡ ይልእኽ እሞ፡ ርዝቁን፡ ዕድሚኡን፡ ተግባሩን፡ ሕሱም ወይስ ሩሑስ ምኳኑን ክጽሕፍ ይእዝዞ።

ከምቶም ተግባራት ደቂ ሰባት ዓቂቦም ዝጽሕፉ መልኣኽታት፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ክልተ መልኣኽታት ኣለዉዎ፡ እቲ ሓደ ብየማን፡ እቲ ካልኣይ ድማ ብጸጋም።

ከም ኣብነት፡ ሓደ ምውት ኣብ ቀብሩ ምስ ተቀመጠ፡ ክልተ መላእኽቲ ይመጽዎ እሞ፡ ብዛዕባ ጎይትኡን፡ ሃይማኖቱን፡ ነቢዩን ይሓትዎ።

ብመላእኽቲ ምእማን ብዙሓት ዓበይቲ ጥቕምታት ኣለዎ፡ ካብኡ ከኣ፡-

ቀዳማይ:- ብዕቤትን ሓይልን ስልጣንን ኣላህ ንጹህን ልዑልን ዝኾነ ምፍላጥ ኮይኑ፡ ዕቤት ናይ ፍጡር ንዕቤት ናይ ፈጣሪ ስለ ዘመልክት እዩ።

ካልኣይቲ፡ ኣላህ፡ በቲ ንደቂ ኣዳም ዝገብረሎም ሓልዮት ምምስጋን፣ ከመይሲ ካብዞም መልኣኽቲ፡ ዝሕልውዎም፡ ተግባራቶም ዝጽሕፉ፡ ከምኡ'ውን ካልእ ጥቕምታቶም ዝከታተሉ ወኪሉሎም እዩ።

ሳልሳይ፡ ንመልኣኽቲ በቲ ዝፍጽምዎ ናይ ኣላህ ሚባዳ(ኣምልኾት) ምፍቃር።

ካብቶም ካብ ቅኑዕ መንገዲ ዝሰሓቱ(ዝሃውተቱ) ገለ ሰባት መላእኽቲ ኣካላት ምኳኖም ክሒዶም እዮም። ንሳቶም ኣብ ፍጡራት ዝተሰወረ ናይ ጽቡቕ ሓይልታት መግለጺ እዮም`ውን ኢሎም። እዚ ድማ ንመጽሓፍ ልዑል ኣላህን፡ ሱና ናይ መልእኽተኛኡ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም)ን፡ ሓባራዊ ስምምዕ ሙስሊሚንን ምሕሳው እዩ።

ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿ٱلۡحَمۡدُ لِلَّهِ فَاطِرِ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلۡأَرۡضِ جَاعِلِ ٱلۡمَلَٰٓئِكَةِ رُسُلًا أُوْلِيٓ أَجۡنِحَةٖ مَّثۡنَىٰ وَثُلَٰثَ وَرُبَٰعَۚ...﴾

{ምስጋና ን ኣላህ ነቲ ሰማያትን ምድሪን፤ክልተ፡ሰለስተ፡ ኣርባዕተ፡ ኣኽናፍ ዝውንኑ መላእኽቲ ዝለኣኸን ዝፈጠረን ይኹን...} [ፋጢር፡1]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَلَوۡ تَرَىٰٓ إِذۡ يَتَوَفَّى ٱلَّذِينَ كَفَرُواْ ٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ يَضۡرِبُونَ وُجُوهَهُمۡ وَأَدۡبَٰرَهُمۡ...﴾

{መላእኽቲ ነቶም ዝኸሓዱ፡ ገጾምን ዝባኖምን እናወቕዑ ነፍሶም ክወስዱ ከለዉ እንተትርኢ ኔርካ...} [ኣልኣንፋል፡50]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿...وَلَوۡ تَرَىٰٓ إِذِ ٱلظَّٰلِمُونَ فِي غَمَرَٰتِ ٱلۡمَوۡتِ وَٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ بَاسِطُوٓاْ أَيۡدِيهِمۡ أَخۡرِجُوٓاْ أَنفُسَكُمُۖ...﴾

{...ንበደለኛታት ኣብ ስቓይ ሞት ከለዉ፡ መላእኽቲ ድማ ኣእዳዎም ዘርጊሖም፡ ‘ነፍሳትኩም ኣውጽኡ’ ክብልዎም ከለዉ እንተትርኢ ኔርካ...} [ሱረቱል ኣንዓም፡93]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿...حَتَّىٰٓ إِذَا فُزِّعَ عَن قُلُوبِهِمۡ قَالُواْ مَاذَا قَالَ رَبُّكُمۡۖ قَالُواْ ٱلۡحَقَّۖ وَهُوَ ٱلۡعَلِيُّ ٱلۡكَبِيرُ﴾

{...ካብ ልቦም ፍርሂ ኣብ ዝተወገደሉ እዋን፡ ይብሉ “ጎይታኹም እንታይ በለ፡”።ንሳቶም ከኣ “ሓቂ ኢሉ” ይብሉ። ንሱ (ኣላህ) ድማ እቲ ልዑልን ዓብይን እዩ።} [ሰባእ፡ 23]

ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሰብ ጀና(ገነት) ይብል:

﴿...وَٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ يَدۡخُلُونَ عَلَيۡهِم مِّن كُلِّ بَابٖ ٢٣ سَلَٰمٌ عَلَيۡكُم بِمَا صَبَرۡتُمۡۚ فَنِعۡمَ عُقۡبَى ٱلدَّارِ ٢٤﴾

{...መላኢካታት ድማ ብኹሉ ማዕጾ ናብኣቶም ይኣትዉ እሞ፡ "ብምኽንያት እቲ ዝተዓገስኩሞ ሰላም ኣብ ልዕሊኹም ይኹን። መወዳእታ ናይ'ታ መወዳእታ (ጀና) ክንደይ ዝጸበቐት እያ!" ይብልዎም።} [ኣ'ራዕድ፡23-24].

ከምኡ'ውን ኣብ ሰሒሕ ቡኻሪ ዝተሰነደ ካብ ኣቡ ሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ ዝበጸሓና ሓዲስ ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም ይብሉ፡

«إِذَا أَحَبَّ اللَّهُ الْعَبْدَ نَادَى جِبْرِيلَ: إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ فُلَانًا فَأَحْبِبْهُ، فَيُحِبُّهُ جِبْرِيلُ، فَيُنَادِي جِبْرِيلُ فِي أَهْلِ السَّمَاءِ: إِنَّ اللَّهَ يُحِبُّ فُلَانًا فَأَحِبُّوهُ، فَيُحِبُّهُ أَهْلُ السَّمَاءِ، ثُمَّ يُوضَعُ لَهُ الْقَبُولُ فِي الْأَرْضِ».

«ኣላህ ንሓደ ባርያ ምስ ዝፈተዎ: ንጅብሪል ይጽውዖ'ሞ: 'ኣላህ ንእገሌ ፈትዩዎ ኣሎ'ሞ ፍተዎ' ይብሎ። ጅብሪል ድማ ይፈትዎ። ድሕሪኡ ጅብሪል ነቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ ይጽውዖም'ሞ: 'ኣላህ ንእገሌ ፈትዩዎ ኣሎ'ሞ ንስኻትኩም'ውን ፍተዉዎ' ይብሎም። እቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ ድማ ይፈትዉዎ፣ ድሕሪኡ ኣብ ምድሪ ተቐባልነት ይግበረሉ»[1].

ከምኡ'ውን ካብ ኣቡ ሁረይራ ረዲየላሁ ዓንሁ: ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም ይብሉ፡

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ: ኪታብ በድእ ኣል-ኸልቅ (መጽሓፍ መጀመርታ ፍጥረት)፡ ባብ ዚክር ኣል-መላኢካ (ምዕራፍ ዝኽሪ መላእኽቲ)፡ ቁጽሪ (3037)። ሙስሊምን: ኪታብ ኣል-ቢር ወስ-ሲላ ወል-ኣዳብ (መጽሓፍ በጎነት፡ ዝምድናን ስነ-ምግባርን)፡ ባብ ኢዛ ኣሓበ-ላሁ ዐብደን ሓበበሁ ኢላ ሲባዲህ (ኣላህ ንሓደ ባርያ ምስ ኣፍቀሮ፡ ኣብ ባሮቱ ፍቁር ይገብሮ)፡ ቁጽሪ (2637)።

«إِذَا كَانَ يَوْمُ الْجُمُعَةِ كَانَ عَلَى كُلِّ بَابٍ مِنْ أَبْوَابِ الْمَسْجِدِ الْمَلَائِكَةُ يَكْتُبُونَ الْأَوَّلَ فَالْأَوَّلَ، فَإِذَا جَلَسَ الْإِمَامُ طَوَوْا الصُّحُفَ وَجَاءُوا يَسْتَمِعُونَ الذِّكْرَ».

«ጁምዓ መዓልቲ ምስ ኮነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደገ ናይ መስጊድ መላኢካታት ይኾኑ፡ ቀዳማይ ንዝመጸ ቀዲሉ ነቲ ዝስዕቦ እናጸሓፉ። ኢማም ምስ ኮፍ ምስ በለ፡ ነቲ መዝገብ ይዓጽውዎ፡ ነቲ ምኽሪ ንምስማዕ ድማ ይመጹ»[1].

እዞም መርትዖታት እዚኦም፡ መላእኽቲ፡ ከም'ቲ እቶም ጡፍኣት ዝብልዎ መንፈሳዊ ሓይልታት ዘይኮኑስ፡ ኣካላት ምኺኖም ብንጹር የረድኡ። ሙስሊሙን ድማ በዚ መሰረት ተሰማሚዖምሉ።

እምነት ብመጻሕፍቲ

መጻሕፍቲ: ናይ (መጽሓፍ) ብዙሕ ቍጽሪ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ (ጽሑፍ) እዩ።

ኣብ'ዚ ዝተደልየ ትርጉም ድማ፡ እተን ልዑል ኣላህ ንፍጡራት ከም ምሕረትን ንዐኦም ድማ ከም መምርሒን ገይሩ፡ በኣኣተን ኣቢሎም ኣብ ኣዱንያን ኣኼራን ናብ ሓጎሶም ምእንቲ ክበጽሑ፡ ኣብ ልዕሊ ልኡኻቱ ዘውረደን መጻሕፍቲ እየን።

እምነት ብመጻሕፍቲ ድማ ኣርባዕተ ነገራት ይሓቁፍ፡

ቀዳማይ፡ ምውራድ መጻሕፍቲ ካብ ኣላህ ሓቂ ከምዝኾነ ምእማን።

---

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ: ኪታብ ኣል-ጁሙዓ፣ ባብ ኣል-ኢስቲማዕ ኢላ ኣል-ኹጥባ፣ ቑጽሪ (887)፣ ሙስሊም'ውን: ኪታብ ኣል-ጁሙዓ፣ ባብ ፈድል ኣት-ተህጂር የውም ኣል-ጁሙዓ፣ ቑጽሪ (850)።

ካልኣይ፡ ካብኣተን ስመን ዝፈለጥናየን ብፍላይ ብስመን ምእማን፡ ከም እቲ ኣብ ልዕሊ መሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ዝወረደ ቁርኣንን፡ እታ ኣብ ልዕሊ ሙሳ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ዝወረደት ተውራትን። ኣብ ልዕሊ ዒሳ [ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም] ዝወረደ ኢንጂልን ከምኡ'ውን ነቲ ንዳውድ [ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም] ዝተዋህቦ ዘቡር፡ ነቲ ስሙ ዘይንፈልጦ እንተኾነ ድማ ብሓፈሻ ንኣምነሉ።

ሳልሳይ፡ ነቲ ጽሑይ ዝኾነ ዜናታተን ሓቅነቱ ምርግጋጽ፣ ከም ዜናታት ቁርኣንን፡ ካብቶም ዝሓለፉ መጻሕፍቲ እቲ ዘይተለወጠን ዘይተበርዓነን ዜናታትን።

ራብዓይ፡ በቲ ካብኣተን ዘይተተክአ ሕግታት ምስራሕ፡ ጥበቡ(ምኽንያቱ) እንተተረድኣና ይኹን እንተዘይተረድኣና ብእኡ ምዕጋብን ምቕባልን፡ ኩለን እተን ዝሓለፋ መጻሕፍቲ ድማ ብቁርኣን ኣልዓዚም ከምዝተተክኣ ምእማን። ኣላሁ ታዓላ ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَأَنزَلۡنَآ إِلَيۡكَ ٱلۡكِتَٰبَ بِٱلۡحَقِّ مُصَدِّقٗا لِّمَا بَيۡنَ يَدَيۡهِ مِنَ ٱلۡكِتَٰبِ وَمُهَيۡمِنًا عَلَيۡهِۖ...﴾

{ናብኻ ነቲ መጽሓፍ (ቁርኣን)፡ ነቲ ቅድሚኡ ዝነበረ መጽሓፍ ዘረጋግጽን ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ሓላውን ምስክርን ኮይኑ ብሓቂ ኣውሪድናዮ...} [ኣል ማኢዳህ፡48] እዚ ማለት፡ ኣብኡ ገዛኢ ምኺኑ።

በዚ መሰረት፡ ብዝኾነ ይኹን ሕጊ ካብ ሕግታት ናይቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ መጽሓፍቲ ምስራሕ ኣይፍቀድን፣ ብጀካ እቲ ካብኡ ትኽክል ዝኾነን ቁርኣን ዘረጋገጸን።

ብመጻሕፍቲ ምእማን ድማ ዓበይቲ ጥቕምታት የፍሪ፡ካብኡ ድማ:

ቀዳማይ፡ እቲ ኣላህ ንባሮቱ ዝገብረሎም ሓልዮት ምፍላጥ እዩ፤ ከመይሲ ንኹሉ ህዝቢ ዝመርሖም መጽሓፍ ኣውሪዱሎም እዩ።

ካልኣይቲ፡ ኣብቲ ሕጊ ኣላህ ዘሎ ጥበብ ምፍላጥ፤ ምኽንያቱ ንነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ነቲ ኩነታቶም ዝሰማማዕ ስለ ዝሰርዓሎም እዩ። ከምኡ'ውን ኣላሁ ታዓላ ይብል፥

﴿...لِكُلّٖ جَعَلۡنَا مِنكُمۡ شِرۡعَةٗ وَمِنۡهَاجٗاۚ...﴾

{...ንነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ካባኻትኩም ፍሉይ ሕግን ንዱር መንገዲን ሰሪዕና...} [ኣል ማኢዳህ፡48]

ሳልሰይቲ፡ በዚ ንዘሎ ጸጋ ኣላህ ምምስጋን።

እምነት ብልኡኻት

ሩሱል፡ ናይ (ረሱል) ሓባራዊ ስም ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ (ሙርሰል)፡ ማለት፡ ሓደ ነገር ንምብጻሕ ዝተላእኸ ማለት እዩ።

ትርጉሙ ከኣ፡ ካብ ደቂ ሰባት ኮይኑ፡ ሸሪዓ ዝተዋህቦን ከብጽሑ'ውን ዝተኣዘዘን እዩ።

ቀዳማይ ናይ ልኡኻት ነብዪ ኑሕ ዓለይሂ'ሰላም ኢዩ፡ መወዳእትኦም ድማ ነብዪ ሙሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ኢዩ።

ኣላሁ ታዓላ ከም'ዚ ይብል፥

﴿ إِنَّآ أَوۡحَيۡنَآ إِلَيۡكَ كَمَآ أَوۡحَيۡنَآ إِلَىٰ نُوحٖ وَٱلنَّبِيِّـۧنَ مِنۢ بَعۡدِهِۦ...﴾

{ንሕና ናባኻ፡ ከም'ቲ ናብ ኑሕን ናብቶም ድሕሪኡ ዝነበሩ ነብያትን ዘውረድናዮ፡ (ዋሕይ) ኣውሪድና ኢና...}።

[ኣልኒሳእ፡163]

ከምኡውን ኣብ ሰሒሕ ቡኻሪ፡ ካብ ኣነስ ኢብኑ ማሊክ -ኣላህ ይፍተወሎም- ኣብቲ ናይ ሸፋዓ ሓዲስ ከምዝተወርየ፡ ነብይና (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም)፡

«ذُكِرَ أَنَّ النَّاسَ يَأْتُونَ إِلَى آدَمَ؛ لِيَشْفَعَ لَهُمْ، فَيَعْتَذِرُ إِلَيْهِمْ وَيَقُولُ: ائْتُوا نُوحًا أَوَّلَ رَسُولٍ بَعَثَهُ اللَّهُ» وذكر تمام الحديث.

«ሰባት ምእንትኡም ከማልደሎም ናብ ኣዳም ከምዝመጹ ተጠቒሱ ኣሎ፤ ንሱ ድማ ምኽንያት ሂቡ ከም'ዚ ይብል፡ "ናብ ኑሕ፡ እቲ ቀዳማይ ረቢ ዝለኣኾ ልኡኽ፡ ኪዱ።"» መመላእታ ናይ'ቲ ሓዲስ'ውን ተገሊጹ ኣሎ[1]።

ኣላህ ታዓላ ድማ ብዛዕባ መሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'

ዚ ይብል፡

﴿مَّا كَانَ مُحَمَّدٌ أَبَآ أَحَدٍ مِّن رِّجَالِكُمْ وَلَٰكِن رَّسُولَ ٱللَّهِ وَخَاتَمَ ٱلنَّبِيِّـۧنَ...﴾

{ሙሓመድ ኣቦ ናይ ሓዲኹም ኣይኮነን ግን ልኡኽ ናይ ኣላህን ናይ ነብይታት መወዳእታን'ዩ...}። [ኣልኣሕዛብ]።

ኣብ ዝኾነ ህዝቢ(ሕብረተሰብ)፡ ልዑል ኣላህ ናብ ህዝቡ ብፍሉይ ሕጊ ዝልእኾ ልኡኽ፡ ወይ ድማ ነቲ ናይ ቅድሚኡ

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ: ኪታብ ኣተውሒድ፣ ባብ ቃል ኣላህ ተዓላ: (لِمَا خَلَقْتُ بِيَدَيَّ)፣ ቁጽሪ (7410)፡ ሙስሊምን'ውን: ኪታብ ኣል-ኢማን፣ ባብ ዝተሓተ ደረጃ ሰብ ጀና፣ ቁጽሪ (193)።

ዝነበረ ሕጊ ንኽሐድሶ ዋሕዪ ዝወርዶ ነብዪ ኣይተሳእነን። ልዑል ኣላህ ድማ ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَلَقَدۡ بَعَثۡنَا فِي كُلِّ أُمَّةٖ رَّسُولًا أَنِ ٱعۡبُدُواْ ٱللَّهَ وَٱجۡتَنِبُواْ ٱلطَّٰغُوتَۖ...﴾

{ናብ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዝለኣኽናዮ ልኡኽ፡ካብ ጣኦት ርሒቐም ንኣላህ በይኑ ንኽምልኹዎ ኢዩ...} [ኣልናሕል፡36]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿...وَإِن مِّنۡ أُمَّةٍ إِلَّا خَلَا فِيهَا نَذِيرٞ﴾

{...ሓደ ሕብረተሰብ እኳ ተኾነ፡ኣጠንቃቒ ዘይሓለፎ የለን} [ፋጢር፡24]

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿إِنَّآ أَنزَلۡنَا ٱلتَّوۡرَىٰةَ فِيهَا هُدٗى وَنُورٞۚ يَحۡكُمُ بِهَا ٱلنَّبِيُّونَ ٱلَّذِينَ أَسۡلَمُواْ لِلَّذِينَ هَادُواْ...﴾

{ንሕና ብርግጽ ተውራት ኣውሪድና ኢና፡ ኣብ ውሽጣ መምርሕን ብርሃንን ኣሎ። እቶም ንኣላህ እምነቶም ዘወፈዩ ነብያት ነቶም ኣይሁድ ብኣኣ ይፈርዱ ነበሩ...}

[ኣል ማኢዳህ:44]

እቶም ሉኡኻት ፍጡራት ዝኾኑ ደቂ ሰባት ኮይኖም፡ ናይ ጎይታ መዓርግ ዘይብሎም ወይ ነቲ ንረቢ ጥራይ ዝግባእ ኣምልኾት ዘይምልከቶም እዮም። ልዑል ኣላህ ድማ ብዛዕባ ነብዩ ሙሓመድ፡ እቲ ዝላዓለ ክብሪ ዘለዎ ካብ ኩሎም ሉኡኻት ዝኾነ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ዝዓበየ መዓርግ ዘለዎን፡ ከም'ዚ ይብል፡

﴿قُل لَّآ أَمۡلِكُ لِنَفۡسِي نَفۡعٗا وَلَا ضَرًّا إِلَّا مَا شَآءَ ٱللَّهُۚ وَلَوۡ كُنتُ أَعۡلَمُ ٱلۡغَيۡبَ لَٱسۡتَكۡثَرۡتُ مِنَ ٱلۡخَيۡرِ وَمَا مَسَّنِيَ ٱلسُّوٓءُۚ إِنۡ أَنَا۠ إِلَّا نَذِيرٞ وَبَشِيرٞ لِّقَوۡمٖ يُؤۡمِنُونَ ١٨٨﴾

{በል፦ ንነብሰይ፡ ብዘይካ እቲ ኣላህ ዝደለዮ፡ ጥቕሚ ኮነ ጉድኣት ኣይውንንን።ናይ መጻኢ ዝፈልጥ እንተትኸውን ነይረ ኸኣ፡ ካብ ኸይር መብዛሕኩ ነይረ፡ ክፉእ ነገር ውን ኣይምተንከፈንን። ኣነ ንዝኣምኑ ህዝቢታት ኣጠንቃቕን ኣበሳርን እንበር ካልእ ኣይኮንኩን።} [ኣል ኣዕራፍ፡188] ።

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፦

﴿قُلۡ إِنِّي لَآ أَمۡلِكُ لَكُمۡ ضَرّٗا وَلَا رَشَدٗا ٢١ قُلۡ إِنِّي لَن يُجِيرَنِي مِنَ ٱللَّهِ أَحَدٞ وَلَنۡ أَجِدَ مِن دُونِهِۦ مُلۡتَحَدًا ٢٢﴾

{በል)፡ ንዓኻትኩም ዝኾነ ጉድኣት ወለ ቕኑዕ መንገዲ ምምራሕ ኣይውንነልኩምን እየ። 21 (በል)፡ ካብ ኣላህ (ካብ መቕጻዕቱ) ሓደ'ኳ ከዕቁበኒ ኣይክእልን፣ ብጀካኡ'ውን መዕቆቢ ኣይክረክብን እየ 22} [ኣልጂን:21-22]።

ሰብኣዊ ባህርያት ድማ ይወርዶም እዩ፡ ከም ሕማም፡ ሞት፡ ናይ መግቢን መስተን ድሌትን ካልእን፣ ኣላህ ተዓላ'ውን ብዛዕባ ነብዪ ኢብራሂም ዓለይሂ ኣ'ሰላም ንጎይትኡ ኣብ ዝገለጸሉ እዋን ከም'ዚ ይብል፦

﴿وَٱلَّذِي هُوَ يُطۡعِمُنِي وَيَسۡقِينِ ٧٩ وَإِذَا مَرِضۡتُ فَهُوَ يَشۡفِينِ ٨٠ وَٱلَّذِي يُمِيتُنِي ثُمَّ يُحۡيِينِ ٨١﴾

{እቲ ንሱ ዝምግበንን፡ ዘስትየንን፡ ምስ ሓመምኩ ድማ ንሱ የሕውየኒ፡ እቲ ኣሚቱ ድሕሪኡ ድማ ህይወት ዝህበንን}

[ኣ'ሹዓራእ:79-81]

ከምኡ'ውን ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ይብሉ፥

«إِنَّمَا أَنَا بَشَرٌ مِثْلُكُمْ، أَنْسَى كَمَا تَنْسَوْنَ، فَإِذَا نَسِيتُ فَذَكِّرُونِي».

«ኣነ ልክዕ ከማኹም ሰብ እየ፣ ከም'ቲ ትርስዕዎ እርስዕ'የ፣ ስለ'ዚ እንተ ረሲዐ ኣዘክሩኒ»[1]።

ኣላህ ድማ ንዑኡ ባሮት ብምኺኖም፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃኡምን ኣብ'ቲ ዝውደሱሉ ኣጋጣሚን ገሊጽዎም እዩ። ኣላህ ታዓላ ብዛዕባ ኑሕ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብል:

﴿...إِنَّهُۥ كَانَ عَبۡدٗا شَكُورٗا﴾

{...ንሱ ብሓቂ ኣመስጋኒ ባርያ ነበረ} [ኣል ኢስራእ:3] ከምኡ'ውን ብዛዕባ ነቢይ መሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም:

﴿تَبَارَكَ ٱلَّذِي نَزَّلَ ٱلۡفُرۡقَانَ عَلَىٰ عَبۡدِهِۦ لِيَكُونَ لِلۡعَٰلَمِينَ نَذِيرًا ۝١﴾

{እቲ ንዓለማት መጠንቀቒ ንክኸውን ኣብ ልዕሊ ባርይኡ ፉርቃን ዘውረደ (ኣላህ) ክብሩ ልዑል ይኹን} [ኣል ፉርቃን:1]

ከምኡ'ውን ብዛዕባ ነብዪ ኢብራሂምን፡ ነብዪ ኢስሓቅን፡ ነብዪ ያዕቆብን -ዓለይሂሙ'ሰላም- ከም'ዚ ይብል፥

[1] ኣልቡኻሪ ዝሰነድዎ: ኣብዋብ ኣል-ቂብላ፣ ባብ: ናብ ቂብላ ምዝዋር ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ፣ ቁጽሪ (392)፣ ወሙስሊም: ኪታብ መስጊዳትን ናይ ሶላት ቦታታትን፣ ባብ: ኣብ ሶላት ምዝንጋዕን ንዕኡ ዝግበር ሱጁድን፣ ቁጽሪ (572)።

﴿وَٱذۡكُرۡ عِبَٰدَنَآ إِبۡرَٰهِيمَ وَإِسۡحَٰقَ وَيَعۡقُوبَ أُوْلِي ٱلۡأَيۡدِي وَٱلۡأَبۡصَٰرِ ٤٥ إِنَّآ أَخۡلَصۡنَٰهُم بِخَالِصَةٖ ذِكۡرَى ٱلدَّارِ ٤٦ وَإِنَّهُمۡ عِندَنَا لَمِنَ ٱلۡمُصۡطَفَيۡنَ ٱلۡأَخۡيَارِ ٤٧﴾

{ንባሮትና ኢብራሂምን ኢስሓቅን ያዕቁብን እቶም ባዓል ጽንዓትን(ሓይልን) ልቦናን ዝነበሩ ዘክር (45) ንሕና ብርግጽ ብፍልይ ዝበለ ጸጋ ኣጽሪናዮም፡ ንሱ ድማ ንመወዳእታ ዓለም ምዝካር እዩ። (46) ንሳቶም ድማ ኣባና ካብቶም ሕሩያትን ቡሉጻትን እዮም።47} [ሳድ:45-47]

ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዒሳ ወዳ ንመርየም ከም'ዚ ይብል:

﴿إِنۡ هُوَ إِلَّا عَبۡدٌ أَنۡعَمۡنَا عَلَيۡهِ وَجَعَلۡنَٰهُ مَثَلٗا لِّبَنِيٓ إِسۡرَٰٓءِيلَ ٥٩﴾

{(ዒሳ)፡ ንሱ ጸጋና ዝለገስናሉ፡ ንደቂ እስራኤል ድማ ምሳሌ ዝገበርናዮ ባርያ እምበር፡ ካልእ ኣይኮነን}።

[ኣ'ዙኽሩፍ፡59]

እምነት ብልኡኻት ድማ ኣርባዕተ ነገራት የጠቓልል፡-

ቀዳማይ: መልእኽቶም ካብ'ቲ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ሓቂ ምኺኑ ምእማን፣ ስለ'ዚ ብናይ ሓደ መልእኽቲ ዝኸሓደ ሰብ ብኹሎም ከም ዝኸሓደ እዩ፣ ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿كَذَّبَتۡ قَوۡمُ نُوحٍ ٱلۡمُرۡسَلِينَ ١٠٥﴾

{ህዝቢ ኑሕ ንልኡኻት ክሒዶሞም} [ኣልሹዓራእ:105] ኣላህ ንኹሎም ልኡኻት ከም ዘሓሰዉ ጌሩዎም፡ ኣብ'ቲ ንዕኡ ዘሓሰዉሉ እዋን ብጀክኡ ካሊእ ልኡኽ እኳ እንተዘይነበረ፣ በዚ መሰረት እምበኣር፡ እቶም ንሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ዝኸሓድዎን ዘይተኸተልዎን ክርስትያን፡ ንሳቶም ንመሲሕ ወዲ መርየም`ውን ከም ዝኸሓዱ ኮይኖም፡

ሰዓብቱ'ውን ኣይኮኑን። ብፍላይ ንሱ ብዛዕባ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ብስራት ሂብዎም እንከሎ፡ ናይ'ዚ ብስራት'ዚ ትርጉም ድማ፡ ኣላህ ብኡኡ ገይሩ ካብ ጥፍኣት ዘድሕነሎምን ናብ ቕኑዕ መንገዲ ዝመርሓሎምን ናብኣቶም ዝተላእኸ ልኡኽ ምኺኑ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

ካልኣይ፡ ካብ'ቶም ስሞም ዝፈለጥናዮም ከም በዓል ሙሓመድ፡ ኢብራሂም፡ ሙሳ፡ ዒሳን ኑሕን - ዓለይሁም'ሰላም ይኹን- ብፍሉይ በብስሞም ምእማን። እዞም ሓሙሽተ ካብ'ቶም ሉኡኻት ሰብ ጽኑዓት መትከል ዝበሃሉ ኮይኖም፡ ልዑል ኣላህ ድማ ኣብ ክልተ ቦታታት ናይ ቁርኣን ኣብ'ቲ ቃሉ ጠቒስዎም ኣሎ፡-

﴿وَإِذۡ أَخَذۡنَا مِنَ ٱلنَّبِيِّـۧنَ مِيثَٰقَهُمۡ وَمِنكَ وَمِن نُّوحٖ وَإِبۡرَٰهِيمَ وَمُوسَىٰ وَعِيسَى ٱبۡنِ مَرۡيَمَۖ وَأَخَذۡنَا مِنۡهُم مِّيثَٰقًا غَلِيظٗا ٧﴾

{ንሕና ካብ ነቢያት ቃል(መብጽዓ) ፡ ካባኻን ካብ ኑሕን፡ ኢብራሂምን፡ ሙሳን ዒሳ ወዲ መርየምን ኣብ ዝወሰድናሉ ግዜ፡ ካብኣቶም ጽኑዕ ቃል ወሲድና ኢና} [ኣልኣሕዛብ፡7] ከምኡ'ውን ኢሉ፡-

﴿شَرَعَ لَكُم مِّنَ ٱلدِّينِ مَا وَصَّىٰ بِهِۦ نُوحٗا وَٱلَّذِيٓ أَوۡحَيۡنَآ إِلَيۡكَ وَمَا وَصَّيۡنَا بِهِۦٓ إِبۡرَٰهِيمَ وَمُوسَىٰ وَعِيسَىٰٓۖ أَنۡ أَقِيمُواْ ٱلدِّينَ وَلَا تَتَفَرَّقُواْ فِيهِۚ كَبُرَ عَلَى ٱلۡمُشۡرِكِينَ مَا تَدۡعُوهُمۡ إِلَيۡهِۚ ٱللَّهُ يَجۡتَبِيٓ إِلَيۡهِ مَن يَشَآءُ وَيَهۡدِيٓ إِلَيۡهِ مَن يُنِيبُ ١٣﴾

{ንዓኹም ካብ ሃይማኖት፡ ነቲ ንኑሕ ዝኣዘዞን፡ ነቲ ናባኻ ዘውረድናዮ(ዋሕይ)፡ ከምኡ'ውን ነቲ ንኢብራሂምን ሙሳን ዒሳን፡ 'ሃይማኖት ብግቡእ ሓዝውዎ ኣብኡ ድማ

ኣይትፈላለዩ' ብምባል ዝኣዘዝናዮም ሓጊግልኩም እዩ። እቲ ናብኡ(ተውሒድ) ትጽውዕዎም ዘለኹም ኣብ ልዕሊ ሙሽሪኪን ከቢዱ እዩ። ኣላህ ንዝደለዮ ይመርጽ፡ ናብኡ ንዝተመለሰ ድማ ናብ (ምንሳሕ) ይመርሖ።} [ኣ'ሹራ፡13]

እቶም ካብኣቶም ስሞም ዘይፈለጥናዮም ድማ ብሓፈሻ ንኣምነሉም። ኣላህ ተዓላ ድማ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿وَلَقَدۡ أَرۡسَلۡنَا رُسُلٗا مِّن قَبۡلِكَ مِنۡهُم مَّن قَصَصۡنَا عَلَيۡكَ وَمِنۡهُم مَّن لَّمۡ نَقۡصُصۡ عَلَيۡكَۗ...﴾

{ብርግጽ ቅድሜኻ ልኡኻት ሊኢኽና፤ ካብኣቶም ዘዘንተናልካ ኣለዉ፡ ካብኣቶም ድማ ዘየዘንተናልካ ኣለዉ...}

[ቓፈር፡78]

ሳልሳይ:- ነቲ ካብኦም ዝተረጋገጸ ዜናኦም ሓቀነቱ ምርግጋጽ(ምእማን)።

ራብዓይ: በቲ ካብኣቶም ናባና ዝተለኣኸ መምርሒ ምስራሕ፣ ንሱ ኸኣ መዛዘሚኦምን ናብ ኩሎም ሰባት ዝተለኣኸን ሙሓመድ -ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም እዩ። ልዑል ዝኾነ ኣላህ ከም'ዚ በለ:

﴿فَلَا وَرَبِّكَ لَا يُؤۡمِنُونَ حَتَّىٰ يُحَكِّمُوكَ فِيمَا شَجَرَ بَيۡنَهُمۡ ثُمَّ لَا يَجِدُواْ فِيٓ أَنفُسِهِمۡ حَرَجٗا مِّمَّا قَضَيۡتَ وَيُسَلِّمُواْ تَسۡلِيمٗا ٦٥﴾

{ኣይፋልን፡ ብጎይታኻ እምሕል፡ ኣብ'ቲ ኣብ መንጎኦም ዝተኻትዑሉ ነገር ንዓኻ ፈራዲ ክሳብ ዝገብሩኻ፡ ድሕሪኡ ድማ ካብ'ቲ ዝፈረድካዮ ውሳነ ኣብ ነፍሳቶም ዝኾነ ዓቅሊ

ጽበትን ጥርጣረን ከይረኽቡ፡ ፍጹም ምእዛዝ'ውን ክሳብ ዝእዘዙ፡ ኣይኣምኑን እዮም።} [ኣ'ኒሳእ፡65]

ብልኡኻት ምእማን ዓበይቲ ፍረታት ኣለዎ፡ ካብኡ ከኣ፡-

ቀዳማይ:- ብዛዕባ ምሕረት ኣላህን ንባሮቱ ዘለዎ ሓልዮትን ምፍላጥ እዩ፤ እዚ ድማ ናብ መገዲ ኣላህ ንኽመርሕዎምን ንኣላህ ብኽመይ ከም ዘምልኽዎ ንኽረድእዎምን ናብኦም ልኡኻት ብምልኣኹ እዩ፤ ምኽንያቱ ሰብኣዊ ኣእምሮ ነዚ ብበይኑ ክፈልጦ ስለዘይክእል እዩ።

ካልኣይ- ኣብ ልዕሊ'ዛ ዓባይ ጸጋ'ዚኣ ንኣላህ ምምስጋን።

ሳልሳይ፡ ንልኡኻት (ሰላምን ሰላትን ኣብ ልዕሊኦም ይኹን) ምፍታውን ምኽባሮምን፣ በቲ ዝግብኦም ምሙጋስን እዩ፤ ምኽንያቱ ንሳቶም ልኡኻት ናይ'ቲ ልዑል ኣላህ እዮም፣ንዑኡ ስለ ዘምልኹን፣ መልእኽቱ ስለ ዘብጽሑን፣ ንባሮቱ ስለ ዝመዓዱን።

እቶም ተጻረርቲ ንልኡኻቶም፡ ልኡኻት ናይ ኣላህ ታዓላ ካብ ደቂ ሰባት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም! ብዝብል ግጉይ ሓሳብ ሓሰውቲ ኢሎሞም። ኣላህ ታዓላ ድማ ነዚ ሓሳቦም ጠቒሱ፡ ከም'ዚ ዚስዕብ ብምባል ኣፍሪስዎ ኣሎ፡

﴿وَمَا مَنَعَ ٱلنَّاسَ أَن يُؤۡمِنُوٓاْ إِذۡ جَآءَهُمُ ٱلۡهُدَىٰٓ إِلَّآ أَن قَالُوٓاْ أَبَعَثَ ٱللَّهُ بَشَرٗا رَّسُولٗا ٩٤ قُل لَّوۡ كَانَ فِي ٱلۡأَرۡضِ مَلَٰٓئِكَةٞ يَمۡشُونَ مُطۡمَئِنِّينَ لَنَزَّلۡنَا عَلَيۡهِم مِّنَ ٱلسَّمَآءِ مَلَكٗا رَّسُولٗا ٩٥﴾

{ቅኑዕ መገዲ ምስ መጸም ንሰባት ካብ ምእማን ዝኸልከሎም ነገር፡ "ኣላህ ሰብ ልኡኽ ገይሩ ልኢኹ ድዩ፡"

ምባሎም ጥራሕ'ዩ። 94 በሎም፡ ኣብ ምድሪ ብርግኣት ዝመላለሱ መላኢካታት እንተዝነብሩ፡ ብርግጽ ካብ ሰማይ መልኣኽ ልኡኽ ገርና መዉረድናሎም ነና።}

[ኣል ኢስራእ:94-95]

ኣላህ ነዚ ግጉይ ሓሳብ'ዚ፡ ልኡኽ ግድን ካብ ደቂ ሰባት ክኸውን ከምዘለዎ ብምግላጽ ኣፍረሶ። ንምንታይሲ፡ ናብ ነበርቲ ምድሪ ዝኾኑ ደቂ ሰባት እዩ ዝለኣኽ። ነበርቲ ምድሪ መልኣኽቲ እንተዝኾኑ ኔሮም ድማ፡ ኣላህ ከምኣም ምእንቲ ክኾኑ ካብ ሰማይ ልኡኽ ዝኾነ መልኣኽ መዉረደሎም ነይሩ። ከምኡ ድማ ኣላህ ታዓላ ብዛዕባ እቶም ንልኡኻት ዘሓሰዉ ከም'ዚ ይብል፥

﴿...إِنۡ أَنتُمۡ إِلَّا بَشَرٞ مِّثۡلُنَا تُرِيدُونَ أَن تَصُدُّونَا عَمَّا كَانَ يَعۡبُدُ ءَابَآؤُنَا فَأۡتُونَا بِسُلۡطَٰنٖ مُّبِينٖ ١٠ قَالَتۡ لَهُمۡ رُسُلُهُمۡ إِن نَّحۡنُ إِلَّا بَشَرٞ مِّثۡلُكُمۡ وَلَٰكِنَّ ٱللَّهَ يَمُنُّ عَلَىٰ مَن يَشَآءُ مِنۡ عِبَادِهِۦۖ وَمَا كَانَ لَنَآ أَن نَّأۡتِيَكُم بِسُلۡطَٰنٍ إِلَّا بِإِذۡنِ ٱللَّهِۚ...﴾

{...ንስኻትኩም ከማና ሰባት ኢኹም እምበር ካልእ ኣይኮንኩምን። ኣቦታትና ይግዝኡዎ ካብ ዝነበሩ ክትዓግቱና ትደልዩ ኣለኹም። እምበኣር ንጹር መረዳእታ ኣምጽኡልና}። ልኡኻቶም ድማ በልዎም፡- {ንሕና ከማኹም ሰባት ኢና እምበር ካልእ ኣይኮናን፣ እንተኾነ ግን ኣላህ ካብ ባሮቱ ንዝደለዮ ጸግኡ ይልግሰሉ። ብፍቓድ ኣላህ እንተኾነ እምበር መረዳእታ ከነምጽኣልኩም ኣይግባኣናን...}።

[ኢብራሂም:10-11]።

ብናይ መወዳእታ መዓልቲ ምእማን

ናይ መወዳእታ መዓልቲ: ሰባት ንሕሳብን ክፍሊትን ዝትንስእሉ መዓልቲ ትንሳኤ እዩ።

ከምኡ ተባሂሉ ዝተሰመየ ድሕሪኡ መዓልቲ ስለዘይህሉ እዩ፤ ኣብኡ ድማ ናይ ጀና ሰባት ኣብ ገዛውቶም፡ ሰብ ሓዊ ገሃነም ከኣ ኣብ መዕረፊኦም ዝኾኑሉ ኢዩ።

እቲ ብናይ መወዳእታ መዓልቲ ምእማን ድማ፡ ሰለስተ ነገራት የጠቓልል፡

ቀዳማይ፡ ብትንሳኤ ምእማን፡ እዚ ድማ ኣብ ቀርኒ እቲ ካልኣይ ምንፋሕ ምስ ተነፍሐ ካብ ሞት ዝትንስእሉ ኢዩ፡ ሰባት ድማ ንጎይታ ዓለማት ጥራይ እግሮም፡ ዕሩቓትን ዘይተከንሸቡን ኮይኖም ዝትንስኡሉ እዩ። ኣላህ ተዓላ በለ፡

﴿...كَمَا بَدَأۡنَآ أَوَّلَ خَلۡقٖ نُّعِيدُهُۥۚ وَعۡدًا عَلَيۡنَآۚ إِنَّا كُنَّا فَٰعِلِينَ﴾

{...ከም'ቲ መጀመርታ ዝፈጠርናዮ ንመልሶ ኢና፡ እዚ ኣባና ዘሎ መብጽዓ እዩ፡ ንሕና ብርግጽ ፈጻምቱ ኢና}

[ኣልኣንቢያእ:104]።

ትንሳኤ ድማ፡ ብቁርኣንን ሱናን ብኢጅማዕ(ስምምዕ) ሙስሊሚንን ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ።

ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿ثُمَّ إِنَّكُم بَعۡدَ ذَٰلِكَ لَمَيِّتُونَ ١٥ ثُمَّ إِنَّكُمۡ يَوۡمَ ٱلۡقِيَٰمَةِ تُبۡعَثُونَ ١٦﴾

{ድሕሪ እዚ ንስኻትኩም ብርግጽ መወትቲ ኢኹም 15 ድሕሪኡ መዓልቲ ቂያማ ድማ ክትትንስኡ ኢኹም 16}

[ኣልሙእሚኑን:15-16]

ከምኡ'ውን ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኢሉ:

«يُحْشَرُ النَّاسُ يَوْمَ الْقِيَامَةِ حُفَاةً عُرَاةً غُرْلًا».

«ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ ሰባት ጥራይ እግሮም፡ ዕሩቓትን ከይተከንሸቡን ክእከቡ ኢዩም»[1]። (ቡኻሪን ሙስሊምን ዘውረይዎ)።

ሙስሊሚን ኣብ ርግጽነቱ ስምምዕ ገይሮምሉ ኣለዉ፣ እዚ ድማ ጥበብ ዝጠልቦ እዩ፤ ምኽንያቱ ልዑል ኣላህ ነዞም ፍጡራት፡ በቲ ብልኡኻቱ ኣቢሉ ዝሰርዓሎም ሕጊ መሰረት ዋግኦም ዝህበሉ መምለሲ መዓልቲ ክገብረሎም ይግባእ። ልዑል ኣላህ ድማ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿أَفَحَسِبْتُمْ أَنَّمَا خَلَقْنَٰكُمْ عَبَثًا وَأَنَّكُمْ إِلَيْنَا لَا تُرْجَعُونَ ﴿١١٥﴾﴾

{ዝፈጠርናኩም ብጽዉታ(ብኽንቱ)ን ናባና ዘይትምለሱ ዶ ይመስለኩም} [ኣልሙእሚኑን:115] ከምኡ'ውን ንነብዩ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ በሎም፥

﴿إِنَّ ٱلَّذِى فَرَضَ عَلَيْكَ ٱلْقُرْءَانَ لَرَآدُّكَ إِلَىٰ مَعَادٍ...﴾

{ብርግጽ እቲ ቁርኣን ኣብ ልዕሌኻ ግዴታ ዝገበረ፡ ናብ መምለሲኻ ክመልሰካ እዩ...}። [ኣልቀሰስ:85]

ካልኣይ፡ እምነት ብሕሳብን ክፍሊትን፡ እዚ ድማ ባርያ ብተግባሩ ዝሕተተሉን፡ በቲ ዝገበሮ`ውን ክፍሊት ዝረኽበሉን እዩ። ነዚ ድማ ቁርኣንን፡ ሱናን፡ ከምኡ`ውን ስምምዕ ሙስሊሚንን የረጋግጽዎ።

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ፣ መጽሓፍ ገነትን መግለጺ ጸጋኣን ሰባን፣ ምዕራፍ ጥፍኣት ዱንያን መግለጺ ሓሸሪ(ትንሳኤ) ኣብ መዓልቲ ቂያማን፣ ቁጽሪ (2859)።

ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿إِنَّ إِلَيۡنَآ إِيَابَهُمۡ ٢٥ ثُمَّ إِنَّ عَلَيۡنَا حِسَابَهُم ٢٦﴾

{ብርግጽ ምስ ሞቱ ምምላሶም ናባና እዩ።25 ብድሕሪኡ'ውን ብርግጽ ሕሳቦም ናባና እዩ።26} [ኣልቃሺያህ፡25-26] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿مَن جَآءَ بِٱلۡحَسَنَةِ فَلَهُۥ عَشۡرُ أَمۡثَالِهَاۖ وَمَن جَآءَ بِٱلسَّيِّئَةِ فَلَا يُجۡزَىٰٓ إِلَّا مِثۡلَهَا وَهُمۡ لَا يُظۡلَمُونَ ١٦٠﴾

{ሰናይ ስራሕ ሒዙ ዝመጸ፡ ዓሰርተ ዕጽፊ ዓስቢ ኣለዎ። ሕሱም ስራሕ ሒዙ ዝመጸ ድማ፡ ከምኣ ጥራሕ እዩ ዝኽፈል፡ ንሳቶም ድማ ኣይብደሉን።} [ኣልኣንዓም፡160] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَنَضَعُ ٱلۡمَوَٰزِينَ ٱلۡقِسۡطَ لِيَوۡمِ ٱلۡقِيَٰمَةِۚ فَلَا تُظۡلَمُ نَفۡسٞ شَيۡـٔٗاۖ وَإِن كَانَ مِثۡقَالَ حَبَّةٖ مِّنۡ خَرۡدَلٍ أَتَيۡنَا بِهَاۗ وَكَفَىٰ بِنَا حَٰسِبِينَ ٤٧﴾

{ንመዓልቲ ቂያማ ድማ ትኽክለኛ ሚዛናት ነቐውም፣ ሓንቲ ነፍሲ እኳ ምንም ኣይትብደልን። ክብደታ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ዝኾነት እንተነበረት'ውን ነምጽኣ ኢና፡ ንሕና ድማ እኹል ተሓሳሰብትን ቆጸርትን ኢና።} [ኣልኣንቢያእ:47]

ካብ ዓብደላህ ቢን ዑመር ኣብ ዝተወረየ ኣላህ ይፍተወሎም ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወዓላ ኣሊሂ ወሰለም ኢሎም :

«إِنَّ اللَّهَ يُدْنِي الْمُؤْمِنَ، فَيَضَعُ عَلَيْهِ كَنَفَهُ - أَيْ سَتْرَهُ - وَيَسْتُرُهُ: فَيَقُولُ: أَتَعْرِفُ ذَنْبَ كَذَا؟ أَتَعْرِفُ ذَنْبَ كَذَا؟ فَيَقُولُ: نَعَمْ أَيْ رَبِّ، حَتَّى إِذَا قَرَّرَهُ بِذُنُوبِهِ، وَرَأَى فِي نَفْسِهِ أَنَّهُ هَلَكَ قَالَ: سَتَرْتُهَا عَلَيْكَ فِي الدُّنْيَا وَأَنَا أَغْفِرُهَا لَكَ الْيَوْمَ، فَيُعْطَى كِتَابَ حَسَنَاتِهِ، وَأَمَّا الْكُفَّارُ وَالْمُنَافِقُونَ فَيُنَادَى بِهِمْ عَلَى رُؤُوسِ الْخَلَائِقِ: هَؤُلَاءِ الَّذِينَ كَذَبُوا عَلَى رَبِّهِمْ، أَلَا لَعْنَةُ اللَّهِ عَلَى الظَّالِمِينَ»

«ብርግጽ ኣላህ ን ሙእሚን የቕርቦ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ከነፉ (ማለት ይሰትሮ) የንብር እሞ ይሰትሮ፡ ድሕሪኡ ከኣ፡ ‘ከም'ዚ ዝበለ ሓጥያት ትፈልጦዶ? ከም'ዚ ዝበለ ሓጥያት ትፈልጦዶ?’ ይብሎ። ንሱ ድማ: ‘እወ ኦ ጎይታይ’ ይብል። ብሓጥያታቱ ምስ ኣእመኖን እቲ ሙእሚን ድማ ኣብ ነፍሱ ከምዝጠፍአ ምስ ረኣየን፡ (ኣላህ) ‘ኣብ ምድረ ዓለም ሸፊነልካ(ሰቲረካ)ነይረ: ሎሚ ከኣ ይቕረ ክብለልካ እየ’ ይብሎ። ሽዑ መዝገብ ጹቡቕ ተግባራቱ ይወሃብ። ንከሓድቲን መናፍቓንን ግን ኣብ ቅድሚ ኩሎም ፍጡራት ከም'ዚ ተባሂሉ ይእወጀሎም: ‘እዚኣቶም እቶም ኣብ ልዕሊ ጎይትኦም ዝሓሰው እዮም። ኣስተውዕሉ! መርገም ኣላህ ኣብ ልዕሊ እቶም በደለኛታት ይኹን።’»[1] (ቡኻሪን ሙስሊምን ዘዉረይዎ)።

ከምኡ'ውን ካብ ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም ዝተረጋገጸ፥

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ፡ መጽሓፍ በደላት፣ ምዕራፍ « ኣላ ለዕነቱላሂ ዓለ'ዛሊሚን»፣ ቁጽሪ (2309)፣ ከምኡ'ውን ሙስሊም፡ መጽሓፍ ተውባ፣ ምዕራፍ ተቐባልነት ተውባ ናይ ቀታሊ፡ ብዙሕ ቀቲሉ እኳ እንተኾነ፣ ቁጽሪ (2768)።

«أَنَّ مَنْ هَمَّ بِحَسَنَةٍ فَعَمِلَهَا؛ كَتَبَهَا اللَّهُ عِنْدَهُ عَشْرَ حَسَنَاتٍ إِلَى سَبْعِ مِئَةِ ضِعْفٍ إِلَى أَضْعَافٍ كَثِيرَةٍ، وَأَنَّ مَنْ هَمَّ بِسَيِّئَةٍ فَعَمِلَهَا؛ كَتَبَهَا اللَّهُ سَيِّئَةً وَاحِدَةً».

«ሓደ ሰብ ሰናይ ስራሕ ክፍጽም ሓሲቡ ምስ ዝፍጽሞ፡ ኣላህ ዓሰርተ ዓስቢ ይጽሕፈሉ፡ ክሳብ ሸውዓተ ሚእቲ ዕጽፊ፡ ክሳብ ብዙሓት ዕጽፍታት፡ ከምኡ'ውን ሓደ ሰብ እከይ ስራሕ ክፍጽም ሓሲቡ ምስ ዝፍጽሞ ድማ፡ ኣላህ ሓንቲ እከይ ስራሕ ገይሩ ይጽሕፉ»[1].

ሙስሊሚን ኣብ ልዕሊ ተግባራት ሕሳብን ክፍሊትን ከምዘሎ ብምሉእ ድምጺ ተሰማሚያም እዮም፡ እዚ ድማ መሰረት ጥበብ እዩ፤ ምኽንያቱ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ መጻሕፍቲ ኣውሪዱ፡ ልኡኻቱ ሊኢኹ፡ ኣብ ልዕሊ ባሮቱ ድማ ነቲ ሒዞሞ ዝመጹ ንኽቕበልዎን ካብኡ ውን ነቲ ግዴታዊ ዝኾነ ንኽትግብርዎን ኣገዲድዎም፡ ነቶም ዝቃወምዎ ምውጋእ ድማ ግዴታ ገይሩ፡ ደሞምን፡ ዘርኦምን፡ ኣንስቶምን፡ ንብረቶምን ድማ ሓላል ገይሩ እዩ። ሕሳብን ክፍሊትን እንተዘይህሉ ኔሩ፡ እዚ ነቲ ጥበበኛ ዝኾነ ረቢ ዘይበቕዖ ከንቱ ነገር ምኾነ። ልዑል ኣላህ ከኣ ናብ'ዚ ነገር'ዚ ከም'ዚ ብምባል ኣመልኪቱ ኣሎ፡-

﴿فَلَنَسۡـَٔلَنَّ ٱلَّذِينَ أُرۡسِلَ إِلَيۡهِمۡ وَلَنَسۡـَٔلَنَّ ٱلۡمُرۡسَلِينَ ٦ فَلَنَقُصَّنَّ عَلَيۡهِم بِعِلۡمٖۖ وَمَا كُنَّا غَآئِبِينَ ٧﴾

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ: ኪታብ ኣል-ኢማን፣ ባብ ሓደ ባርያ ሰናይ ነገር ክገብር እንተሓሲቡ ይጻሓፈሉ፡ ሕማቕ ነገር ክገብር እንተሓሲቡ ድማ ኣይጸሓፍን፣ ቁጽሪ (131)።

{ነቶም ናብኣቶም ዝተላእኩሎም ብርግጽ ክንሓቶም ኢና፣ ንልኡኻት’ውን ብርግጽ ክንሓቶም ኢና። 6
ብፍልጠት ድማ ኣብ ልዕሊኦም ብርግጽ ክንዝርዝረሎም(ከነዘንትወሎም) ኢና። ንሕና ኸኣ ስዉራት ኣይኮንናን። 7} [ኣል ኣዕራፍ:6-7]

ሳልሳይ፡ ብገነትን ገሃነምን፡ ንሳተን ድማ ናይ ፍጡራት ዘልኣለማዊ መንበሪ ከምዝኾና ክንኣምን።

ጀና፡ እታ ኣላህ ነቶም በቲ ኣላህ ክኣምኑሉ ግዴታ ዝገበረሎም ነገር ዝኣመኑ፡ ንኣላህን ንሉኡኹን ዝተማእዘዙ፡ ተግባራቶም ብንጽህና ንኣላህ ጥራሕ ጌሮም ንሉኡኹ ዝተኽተሉ ዝኾኑ ንኣመንትን ፈራህቲ ኣላህን ዘዳለዋ ናይ ሽሽይ ቦታ እያ፣ ኣብ ውሽጣ ድማ ዝተፈላለየ ዓይነት ጸጋታት ኣሎ።

«مَا لَا عَيْنٌ رَأَتْ، وَلَا أُذُنٌ سَمِعَتْ، وَلَا خَطَرَ عَلَى قَلْبِ بَشَرٍ».

«ዓይኒ ፈጺማ ዘይረኣየቶ፡ እዝኒ ፈጺማ ዘይሰምዓቶ፡ ኣብ ልቢ ሓደ ሰብ’ውን ተሓሲቡ ዘይፈልጥ»[1]፣ ኣላሁ ታዓላ ከም'ዚ ይብል፥

﴿إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ أُوْلَٰٓئِكَ هُمۡ خَيۡرُ ٱلۡبَرِيَّةِ ٧ جَزَآؤُهُمۡ عِندَ رَبِّهِمۡ جَنَّٰتُ عَدۡنٖ تَجۡرِي مِن تَحۡتِهَا ٱلۡأَنۡهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدٗاۖ رَّضِيَ ٱللَّهُ عَنۡهُمۡ وَرَضُواْ عَنۡهُۚ ذَٰلِكَ لِمَنۡ خَشِيَ رَبَّهُۥ ٨﴾

[1] ኣልቡኻሪ ዝሰነድዎ፡ ኪታብ ኣ'ተፍሲር፣ ባብ ቃሉ: ﴿فَلَا تَعۡلَمُ نَفۡسٞ مَّآ أُخۡفِيَ لَهُم مِّن قُرَّةِ أَعۡيُنٖ﴾ ረቀም (4501)፡ ን ሙስሊም: ኪታብ ኣልጀና ወሲፈት ነዒሚሃ ወኣህሊሃ፣ ረቅም (2824)።

{ብርግጽ እቶም ዝኣመኑን፡ ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን፡ እቶም ዝበለጹ ፍጡራት እዮም። ዓስቦም እቲ ምስ ጎይታኦም ዘሎ ብትሕቲ ኣግራቡን ክፍልታቱን ወሓዚ ዝውሕዝ ጀናታት(ገነታት) ዓድን ንዘልኣለም ንኽነብሩሉ እዩ። ኣላህ ረድዩሎም እዩ: ንሳቶም'ውን በቲ ኣላህ ዝሃቦም ዓጊቦም ረድዮምሉ እዮም፡ እዚ ከኣ ነቶም ንጎይታኦም ዝፈርሁ ዝነበሩ ጥራይ እዩ።} [ኣል-በይናህ፡7-8] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿فَلَا تَعۡلَمُ نَفۡسٞ مَّآ أُخۡفِيَ لَهُم مِّن قُرَّةِ أَعۡيُنٖ جَزَآءَۢ بِمَا كَانُواْ يَعۡمَلُونَ ١٧﴾

{ሓንቲ ነብሲ እኳ በቲ ዝሰርሑዎ ዝነበሩ ጽቡቕ ግብሪ ሸልማት ዝኸውን ካብ'ቲ ዓይኒ ዘሐጉስ ጸጋ እንታይ ከምዝተሓብአላ ኣይትፈልጥን} [ኣ'ሰጅዳ፡17]

እሳት ድማ፡ እታ ኣላህ ተዓላ ነቶም ብእኡ ዝኽሓዱን ንልኡኻቱ ዝዓመጹን ዝኾኑ በደለኛታት ከሓድቲ ዘዳለዋ ናይ ስቓይ ገዛ እ ኮይና፣ ኣብ ውሽጣ ኣብ ኣእምሮ ዘይስኣል ዓይነት ስቓይን መቕጻዕትን ኣሎ። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَٱتَّقُواْ ٱلنَّارَ ٱلَّتِيٓ أُعِدَّتۡ لِلۡكَٰفِرِينَ ١٣١﴾

{ንከሓድቲ ዝተዳለወት እሳት ፍርሁ} [ኣለ ዒምራን:131] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَقُلِ ٱلۡحَقُّ مِن رَّبِّكُمۡۖ فَمَن شَآءَ فَلۡيُؤۡمِن وَمَن شَآءَ فَلۡيَكۡفُرۡۚ إِنَّآ أَعۡتَدۡنَا لِلظَّٰلِمِينَ نَارًا أَحَاطَ بِهِمۡ سُرَادِقُهَاۚ وَإِن يَسۡتَغِيثُواْ يُغَاثُواْ بِمَآءٖ كَٱلۡمُهۡلِ يَشۡوِي ٱلۡوُجُوهَۚ بِئۡسَ ٱلشَّرَابُ وَسَآءَتۡ مُرۡتَفَقٗا ٢٩﴾

{በል፦ እቲ ሓቂ ካብ ጎይታኹም እዩ። ዝደለየ ይእመን፣ ዝደለየ ድማ ይክሓድ። ንሕና ነቶም በደለኛታት መናድቕ ዝኾበቦም ሓዊ እሳት ኣዳሊናሎም ኣለና። ረድኤት እንተለመኑ ድማ፡ ንገጽ ከም ዝጠብስ ዝመኸኸ ነሓሲ ወይ ከም ዝቃጸል ዘይቲ ማይ ክወሃቦም ኢዩ። እቲ መስተ ክንደይ ዝኸፍአ እዩ! መዕረፊኣ ድማ ክንደይ ዝኸፍአት እያ!} [ኣልካህፍ፡29] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿إِنَّ ٱللَّهَ لَعَنَ ٱلۡكَٰفِرِينَ وَأَعَدَّ لَهُمۡ سَعِيرًا ٦٤ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدٗاۖ لَّا يَجِدُونَ وَلِيّٗا وَلَا نَصِيرٗا ٦٥ يَوۡمَ تُقَلَّبُ وُجُوهُهُمۡ فِي ٱلنَّارِ يَقُولُونَ يَٰلَيۡتَنَآ أَطَعۡنَا ٱللَّهَ وَأَطَعۡنَا ٱلرَّسُولَا۠ ٦٦﴾

{ብሓቂ ኣላህ ንከሓድቲ ረጊምዎም እዩ፣ ንዓኣቶም ድማ ሰዒር(ዝነድድ ሓዊ፡ ኣዝዩ ዉዑይ) ኣዳሊሉሎም ኣሎ (64) ኣብኣ ንዘልኣለም ነበርቲ ኮይኖም። ረዳእን ሓጋዝን ድማ ኣይረኽቡን እዮም (65) በታ ገጾም ኣብ ሓዊ እትግልበጠላ መዓልቲ “ወይልና! ንኣላህን ነቲ ልኡኽን እንተንእዘዝ ነይርና” ክብሉ እዮም (66)} [ኣልኣሕዛብ፡64-66]

ብናይ መወዳእታ መዓልቲ ምእማን ዓበይቲ ፍረታት ኣለዎ፡ ካብኡ ከኣ፥

ቀዳመይቲ፥ ዓስቢ ናይ'ታ መዓልቲ ተስፋ ብምግባር፡ ንኣላህ ንምእዛዝ ድሌትን ተገዳስነትን ምሕዳር።

ካልኣይቲ: ካብ ዓመጽ ምግባርን ብኡ ምሕጓስን ምፍራሕ: እዚ ድማ ንመቕጸዕቲ ናይ'ታ መዓልቲ ብምፍራሕ'ዩ።

ሳልሳይ፡ ንምእመን በቲ ካብ ጸጋ ኣኼራን ዓስባን ዝጽበዮ፡ ካብ'ቲ ምድረ ዓለም(ኣዱንያ) ዝሓልፎ ምጽንናዕ።

ከሓድቲ ነቲ ድሕሪ ሞት ዘሎ ትንሳኤ፡ ዘይከኣል እዩ ብምባል ክሒዶሞ።

እዚ ሞጎት እዚ ፉሩስ(ንጹግ) ኮይኑ፡ብመርትዖ ሸሪዓን፡ ሓዋሳትን፡ ኣእምሮን ድማ የፍርሶ።

ብመሰረት ሸሪዓ፡ ኣለሁ ታዓላ ከም'ዚ ይብል:

﴿زَعَمَ ٱلَّذِينَ كَفَرُوٓاْ أَن لَّن يُبۡعَثُواْۚ قُلۡ بَلَىٰ وَرَبِّي لَتُبۡعَثُنَّ ثُمَّ لَتُنَبَّؤُنَّ بِمَا عَمِلۡتُمۡۚ وَذَٰلِكَ عَلَى ٱللَّهِ يَسِيرٞ ٧﴾

{እቶም ዝኸሓዱ ካብ ሞት ኣይንትንስእን ኢና'በሉ።"ኣይፋልን! ብጎይታይ እባ እምሕል ብርግጽ ካብ ሞት ከም እትትንስኡ፡ ብድሕሪኡ'ውን እቲ ኩሉ ኣብ ኣዱንያ እትገብርዎ ዝነበርኩም ከምእትንገሩ፡ እዚ'ውን ኣላህ ንኽገብሮ ቀሊል ነገር እዩ" በሎም።} [ኣተጋቡን:7] ኩሎም ሰማያውያን መጻሕፍቲ ድማ ኣብኡ ተሰማሚዖም እዮም።

ብኣካል ዝረአ መርትዖ እንተኾነ ድማ፡ ኣላህ ንባሮቱ ኣብ'ዛ ኣዱንያ እዚኣ ሙዒታት ከምዘሕዊ ብርግጽ ኣርእይዎም እዩ። ኣብ ዓንቀጽ ኣልበቐራ ድማ ነዚ ዝምልከት ሓሙሽተ ኣብነታት ይርከብ፡ ንሳቶም ድማ፡

ቀዳማይ ኣብነት: ህዝቢ ናይ ነብዪ ሙሳ ከም'ዚ ክብልዎ ከለዉ፡

﴿...لَن نُّؤۡمِنَ لَكَ حَتَّىٰ نَرَى ٱللَّهَ جَهۡرَةٗ ...﴾

{...ንኣላህ ብግልጺ ክሳብ ዘይረኣናዮ ፈጺምና ኣይንኣምነካን ኢና...} [ኣልበቐራ:55] ኣላህ ተዓላ ድማ ኣሚትዎም፡ ብድሕሪኡ ህይወት ኣልቢስዎም፣ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ኸኣ ኣላሁ ታዓላ ን ደቂ ኢስራኢል ከም'ዚ ይብሎም:

﴿وَإِذۡ قُلۡتُمۡ يَٰمُوسَىٰ لَن نُّؤۡمِنَ لَكَ حَتَّىٰ نَرَى ٱللَّهَ جَهۡرَةٗ فَأَخَذَتۡكُمُ ٱلصَّٰعِقَةُ وَأَنتُمۡ تَنظُرُونَ ٥٥ ثُمَّ بَعَثۡنَٰكُم مِّنۢ بَعۡدِ مَوۡتِكُمۡ لَعَلَّكُمۡ تَشۡكُرُونَ ٥٦﴾

{እቲ: "ኦ ሙሳ! ንኣላህ ብግልጺ ክሳብ እንርእዮ ብፍጹም ኣይንኣምነካን ኢና" ዝበልኩምሉ እዋን፡ ንስኻትኩም እናረኣኹም ከለኹም በርቂ ሒዛትኩም። 55

ድሕሪኡ ካብ ድሕሪ ሞትኩም ምእንታን ክተመስግኑ ኣተንሳእናኩም። 56} [ኣልበቐራ:55-56]

ካልኣይ ኣብነት: ኣብ ዛንታ እቲ ደቂ ኢስራኢል ዝተኻሰሱሉ ዝተቐትለ ሰብ፣ ኣላህ (ተዓላ) ሓንቲ ላም ክሓርዱን ብገለ ካብኣ ድማ ነቲ ዝተቐትለ ክወቅዕዎን ኣዘዞም፤ እዚ ድማ መን ከምዝቐተሎ ምእንቲ ክነግሮም እዩ። ብዛዕባ እዚ ድማ ኣላህ (ተዓላ) ከም'ዚ ይብል:

﴿وَإِذۡ قَتَلۡتُمۡ نَفۡسٗا فَٱدَّٰرَٰٔتُمۡ فِيهَاۖ وَٱللَّهُ مُخۡرِجٞ مَّا كُنتُمۡ تَكۡتُمُونَ ٧٢ فَقُلۡنَا ٱضۡرِبُوهُ بِبَعۡضِهَاۚ كَذَٰلِكَ يُحۡيِ ٱللَّهُ ٱلۡمَوۡتَىٰ وَيُرِيكُمۡ ءَايَٰتِهِۦ لَعَلَّكُمۡ تَعۡقِلُونَ ٧٣﴾

{ሓንቲ ነፍሲ ምስ ቀተልኩም ኣብኣ'ውን ንሓድሕድኩም ተኻቲዕኩምን ተኽሳሲስኩምን፡ ኣላህ ግና ነቲ ትሓብእዎ ዝነበርኩም ገላጽዎ ነበረ። ብገለ ክፋላ ውቕዕዎ ኢልና። ልክዕ ከምኡ ድማ ኣላህ ንምዉታት ህይወት ይገብረሎም፡ ምእንቲ ከተኣስተውዕሉ ኢሉ'ውን ተኣምራቱ የርእየኩም።}

[ኣልበቐራ:72-73]

ሳልሳይ ምሳሌ: ታሪኽ ናይ'ቶም ብኣሸሓት ዝቕጸሩ ክንሶም ሞት ፈሪሑም ካብ ኣባይቶም ዝወጹ ህዝቢ፤ ኣላህ ተዓላ ኣሚትዎም፡ ድሕሪኡ ድማ ህይወት መሊስሎም። ብዛዕባ እዚ ድማ ኣላህ ተዓላ ከም'ዚ ይብል፥

﴿أَلَمۡ تَرَ إِلَى ٱلَّذِينَ خَرَجُواْ مِن دِيَٰرِهِمۡ وَهُمۡ أُلُوفٌ حَذَرَ ٱلۡمَوۡتِ فَقَالَ لَهُمُ ٱللَّهُ مُوتُواْ ثُمَّ أَحۡيَٰهُمۡۚ إِنَّ ٱللَّهَ لَذُو فَضۡلٍ عَلَى ٱلنَّاسِ وَلَٰكِنَّ أَكۡثَرَ ٱلنَّاسِ لَا يَشۡكُرُونَ ٢٤٣﴾

{ናብቶም ሞት ፈሪሑም ብኣሸሓት ከይኖም ካብ ኣባይቶም ዝወጹ ዶ ኣይረኣኻን፣ ኣላህ ድማ ንዐኦም ሙቱ በሎም፡ ብድሕሪኡ ህይወት መሊስሎም። ኣላህ ኣብ ልዕሊ ሰባት ኣዚዩ በዓል ልግሲ እዩ፣ እንተኾነ ግን መብዛሕቲኦም ሰባት ኣየመስግኑን} [ኣልበቀራህ:243].

ራብዓይ ኣብነት፦ ታሪኽ ናይቲ ብሓንቲ ዝሞተት ዓዲ ዝሓለፈ ሰብ ክጥቀስ እንከሎ፡ ኣላህ ህይወት ከምዝገብረላ ዘይኽእል መሲሉዎ ነበረ። በዚ ድማ ኣላህ ንሚእቲ ዓመት ኣሚትዎ፡ ድሕሪኡ ህይወት መሊስሉ። ብዛዕባ'ዚ ድማ ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿أَوۡ كَٱلَّذِي مَرَّ عَلَىٰ قَرۡيَةٖ وَهِيَ خَاوِيَةٌ عَلَىٰ عُرُوشِهَا قَالَ أَنَّىٰ يُحۡيِۦ هَٰذِهِ ٱللَّهُ بَعۡدَ مَوۡتِهَاۖ فَأَمَاتَهُ ٱللَّهُ مِاْئَةَ عَامٖ ثُمَّ بَعَثَهُۥۖ قَالَ كَمۡ لَبِثۡتَۖ قَالَ لَبِثۡتُ يَوۡمًا أَوۡ بَعۡضَ يَوۡمٖۖ قَالَ بَل لَّبِثۡتَ مِاْئَةَ عَامٖ فَٱنظُرۡ إِلَىٰ طَعَامِكَ وَشَرَابِكَ لَمۡ يَتَسَنَّهۡۖ وَٱنظُرۡ إِلَىٰ حِمَارِكَ

وَلِنَجۡعَلَكَ ءَايَةٗ لِّلنَّاسِۖ وَٱنظُرۡ إِلَى ٱلۡعِظَامِ كَيۡفَ نُنشِزُهَا ثُمَّ نَكۡسُوهَا لَحۡمٗاۚ فَلَمَّا تَبَيَّنَ لَهُۥ قَالَ أَعۡلَمُ أَنَّ ٱللَّهَ عَلَىٰ كُلِّ شَيۡءٖ قَدِيرٞ ٢٥٩

{ወይስ ከም'ቲ ብሓንቲ ዓዲ ዝሓለፈ፡ ንሳ ድማ ናሕሳኣ ኣብ ልዕሊኣ ተደፊኡ ዝዓነወት ኮይና ከለ፡ “ኣላህ ነዚኣ ድሕሪ ሞታ ከመይ ጌሩ ህይወት ክህባ እዩ” ዝበለ። ኣላህ ድማ ንሚእቲ ዓመት ኣሞቶ ድሕሪኡ ኣተንሰኦ። “ክንደይ ጸኒሕካ?” በሎ። “ሓደ መዓልቲ ወይ ድማ ገለ ክፋል መዓልቲ ጸኒሐ” በለ። “ኣይፋልካን፡ ሚእቲ ዓመት ጸኒሕካ። ናብ መግብኻን መስተኻን ተመልከት፡ ኣይተበላሸወን። ናብ ኣድግኻ'ውን ተመልከት። ንሰባት ድማ ተኣምር ክንገብረካ ኢና። ናብ'ቲ ኣዕጽምቲ ከመይ ጌርና ከም እነተንስኦ ድሕሪኡ ድማ ስጋ ከም እነልብሶ ተመልከት” በሎ። እቲ ነገር ምስ ተገለጸሉ ድማ፡ “ኣላህ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ክኢላ ምኻኑ ፈሊጠ ኣለኹ” በለ።}

[ኣልበቀራህ:259]

ሓሙሻይ ኣብነት: ኣብ ዛንታ ኢብራሂም ኣል-ኸሊል፣ ንልዑል ዝኾነ ኣላህ ንምዉታት ከመይ ገይሩ ህይወት ከምዝገብረሎም ከርእዮ ምስ ሓተቶ፤ ልዑል ዝኾነ ኣላህ፡ ኣርባዕተ ኣዕዋፍ ሓሪዱ ኣካላተን መቓቒሉ ኣብ'ቲ ኣብ ጥቓኡ ዝነበረ ኣኽራናት ከንብረን፡ ድሕሪኡ ኸኣ ክጽውዐን ኣዘዘ። እቲ ዝተበታተነ ኣካላተን ድማ ነንሓድሕዱ ተጋጣጢሙ እናጎየያ ናብ ኢብራሂም መጸ። ብዛዕባ እዚ ድማ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَإِذۡ قَالَ إِبۡرَٰهِـۧمُ رَبِّ أَرِنِي كَيۡفَ تُحۡيِ ٱلۡمَوۡتَىٰۖ قَالَ أَوَلَمۡ تُؤۡمِنۖ قَالَ بَلَىٰ وَلَٰكِن لِّيَطۡمَئِنَّ قَلۡبِيۖ قَالَ فَخُذۡ أَرۡبَعَةٗ مِّنَ ٱلطَّيۡرِ فَصُرۡهُنَّ إِلَيۡكَ ثُمَّ ٱجۡعَلۡ عَلَىٰ كُلِّ جَبَلٖ مِّنۡهُنَّ جُزۡءٗا ثُمَّ ٱدۡعُهُنَّ يَأۡتِينَكَ سَعۡيٗاۚ وَٱعۡلَمۡ أَنَّ ٱللَّهَ عَزِيزٌ حَكِيمٞ ٢٦٠﴾

{ነብዪ ኢብራሂም «ጎይታይ፡ ንምዉታት ከመይ ጌርካ ህይወት ከም እትገብረሎም ኣርእየኒ» ኣብ ዝበለሉ፡ (ኣላህ) «ኣይኣመንካን'ዶ?» በሎ። ንሱ ድማ «ኣይፋልን! ኣሚነ'የ፡ እንተኾነ ግን ልበይ ምእንቲ ክረግእ ኢለ'የ» በለ። (ኣላህ) «ኣርባዕተ ኣዕዋፍ ሒዝካ ናባኻ ኣኻኽበን፡ ድሕሪኡ ቆራርጸን። ቀጺልካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጎቦ ካብኣተን ክፋል ኣንብር። ድሕሪኡ ጸውዐን፡ እናጎየያ ክመጻኻ እየን። ኣላህ ሓያልን ጥበበኛን ምኳኑ ድማ ፍለጥ» በለ።} [ኣልበቐራ:260]

እዚኣቶም ድማ ንሙታት ህይወት ምሃብ ከምዝከኣል ዘርእዩ ተግባራውን ሓቀኛን ኣብነታት እዮም። ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቀሰ፡ እቲ ኣላህ ንዒሳ ወዳ ን መርየም ካብ ዝሃቦ ተኣምራት ሓደ፡ ንሙዉታት ህይወት ምሃብን ካብ ቀብርታቶም ምውጻእን እዩ -ብፍቓድ ኣላህ።

ኣእምሮኣዊ መረዳእታ ድማ ብክልተ ሸነኽ እዩ፡

እቲ ሓደ፡- ኣላህ ታዓላ ንሰማያትን ምድርን ኣብ ውሽጦም ዘሎን ኹሉ ካብ መጀመርታ ዝፈጠሮም እዩ፣ እቲ ንፍጥረት ካብ መጀመርታ ክፈጥር ዝኽኣለ ድማ እንደገና ንምምላሱ ኣይብርትዖን እዩ። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿وَهُوَ ٱلَّذِي يَبۡدَؤُاْ ٱلۡخَلۡقَ ثُمَّ يُعِيدُهُۥ وَهُوَ أَهۡوَنُ عَلَيۡهِۚ...﴾

{ንሱ እዩ እቲ ንፍጥረት ዝጅምሮ፡ ድሕሪኡ ድማ ዝመልሶ፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ዝቐለለ እዩ...} [ኣልሩም፡27] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿... كَمَا بَدَأۡنَآ أَوَّلَ خَلۡقٖ نُّعِيدُهُۥۚ وَعۡدًا عَلَيۡنَآۚ إِنَّا كُنَّا فَٰعِلِينَ﴾

{...ከም'ቲ ቀዳማይ ፍጥረት ዝጀመርናዮ ንመልሶ ኢና፡ ኣብ ልዕሌና ዝኣተናዮ ቃል እዩ፡ ንሕና ብሓቂ ፈጸምቱ ኢና} [ኣልኣንቢያእ:104] ንሱ ረቢ ድማ ነቶም ንኣዕጽምቲ ዝበለየ ምዉት ህይወት ከምዝገብረልሎም ዝኸሓዱ፡ ምላሽ ክወሃቦም እናኣዘዘ ከም'ዚ በለ፥

﴿قُلۡ يُحۡيِيهَا ٱلَّذِيٓ أَنشَأَهَآ أَوَّلَ مَرَّةٖۖ وَهُوَ بِكُلِّ خَلۡقٍ عَلِيمٌ ٧٩﴾

{በል፡ ህይወት ዝመልስ እቲ ንፈለማ እዋን ዝፈጠራ እዩ። ንሱ ድማ ብኹሉ ፍጥረት ፈላጥ እዩ} [ያሲን:79]

ካልኣይ፡ መሬት ምውትትን ንቕጽትን ኮይና፡ ሓንቲ ልምዕቲ ኦም እኳ ዘይብላ እንትትኸውን፡ ኣብኣ ዝናብ ብምዉራድ። ሸዑ ህያውት ዘልለዋ ልምዕትን ኮይና ትነቓነቕ፡ ካብ ኩሉ ዓይነት ደስ ዘብል ጽምዲ ድማ ተብቁል። እቲ ድሕሪ ሞታ ከሕውያ ዝኽኣለ፡ ንሙታት'ውን ከሕዊ ይኽእል እዩ። ኣላህ ተዓላ ድማ ከም'ዚ በለ፡

﴿وَمِنۡ ءَايَٰتِهِۦٓ أَنَّكَ تَرَى ٱلۡأَرۡضَ خَٰشِعَةً فَإِذَآ أَنزَلۡنَا عَلَيۡهَا ٱلۡمَآءَ ٱهۡتَزَّتۡ وَرَبَتۡۚ إِنَّ ٱلَّذِيٓ أَحۡيَاهَا لَمُحۡيِ ٱلۡمَوۡتَىٰٓۚ إِنَّهُۥ عَلَىٰ كُلِّ شَيۡءٖ قَدِيرٌ ٣٩﴾

{ካብ ምልክታቱ ውን፡ ንስኻ ንመሬት ዝነቐጸት ኮይና ትርእያ፣ ኣብኣ ማይ ምስ ኣውረድናላ ግና ትነቓነቕን ለምለም ትኸዉንን። ብርግጽ እቲ ንዓኣ ህይወት ዝሃባ

ንሙዉታት'ውን ህይወት ክገብረሎም እዩ። ብርግጽ ንሱ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ከኣሊ እዩ።} [ፉ'ሲለት፡39] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَنَزَّلۡنَا مِنَ ٱلسَّمَآءِ مَآءٗ مُّبَٰرَكٗا فَأَنۢبَتۡنَا بِهِۦ جَنَّٰتٖ وَحَبَّ ٱلۡحَصِيدِ ٩ وَٱلنَّخۡلَ بَاسِقَٰتٖ لَّهَا طَلۡعٞ نَّضِيدٞ ١٠ رِّزۡقٗا لِّلۡعِبَادِۖ وَأَحۡيَيۡنَا بِهِۦ بَلۡدَةٗ مَّيۡتٗاۚ كَذَٰلِكَ ٱلۡخُرُوجُ ١١﴾

{ካብ ሰማይ ዝተባረኸ ማይ ኣውሪድና፡ ብእኡ ጌርና ድማ ጀራዲንን ዝዕጸድ እኽልን ኣብቁልና (9) ከምኡ'ውን ነተን ዝተደራረበ ቆፎ ዘለወን ነዋሕቲ ኣግራብ ተምሪ (10) ንባሮት ሽሻይ ክኸውን፡ ብእኡ ድማ ንምውት ምድሪ ህይወት ገበርና። ካብ መቓብር ምውጻእ'ውን ከምኡ ኢዩ (11)።}

[ቃፍ፡9-11]

ምስ'ቲ ብናይ መወዳእታ መዓልቲ ምእማን ዝተኣሳሰረ ድማ፡ ብኹሉ እቲ ድሕሪ ሞት ዝኸውን ምእማን እዩ፣ ከም፡

(ሀ) ፈተነ ቀብሪ፡ ንሱ ድማ ሓደ ምዉት ድሕሪ ምቕባሩ ብዘዕባ ኣምላኹን፡ ሃይማኖቱን፡ ነቢ ናቱን ዝሕተቶ ሕቶ እዩ። ኣላህ ድማ ነቶም ዝኣመኑ ብጽኑዕ ቃል የጽንዖም፡ እቲ ሙእሚን ድማ ከም'ዚ ኢሉ ይምልስ፡ 'ኣምላኸይ ኣላህ እዩ፡ ሃይማኖተይ እስልምና እዩ፡ ነቢየይ ድማ መሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም እዩ።' «ኣላህ ንበደለኛታት የጥፍኦም እሞ እቲ ከሓዲ «ሃህ፡ ሃህ፡ ኣይፈልጥን እየ» ክብል እንከሎ፡ እቲ መናፍቕ ወይ እቲ ተጠራጣሪ ድማ «ኣይፈልጥን እየ፡ ሰባት ሓደ ነገር ክብሉ ሰሚዐዮም ኣነ'ውን ኢለዮ» ይብል።»

(ب) ቅጽዓት ቀብርን ጸጋታቱን፡ እዚ ድማ ነቶም ካብ መናፍቃንን ከሓድቲን ዝኾኑ በደለኛታት እዩ። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿...وَلَوۡ تَرَىٰٓ إِذِ ٱلظَّٰلِمُونَ فِي غَمَرَٰتِ ٱلۡمَوۡتِ وَٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ بَاسِطُوٓاْ أَيۡدِيهِمۡ أَخۡرِجُوٓاْ أَنفُسَكُمُۖ ٱلۡيَوۡمَ تُجۡزَوۡنَ عَذَابَ ٱلۡهُونِ بِمَا كُنتُمۡ تَقُولُونَ عَلَى ٱللَّهِ غَيۡرَ ٱلۡحَقِّ وَكُنتُمۡ عَنۡ ءَايَٰتِهِۦ تَسۡتَكۡبِرُونَ﴾

{...ንበደለኛታት ኣብ ስቓይ ሞት ከለዉ፡ መላኢካታት ድማ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ‹ነፍስኹም ኣውጽኡ፤ ሎሚ በቲ ኣብ ልዕሊ ኣላህ ሓቂ ዘይኮነ ትብልዎ ዝነበርኩምን ካብ ዓንቀጻቱ እትዕበዩ ብምንባርኩምን መዋረዲ መቕጻዕቲ ትኽፈሉ ኢኹም› ክብልዎም ከለዉ እንተ ትርእዮም ኔርካ።}

[ሱረቱ ኣል-ኣንዓም:93]

ከምኡ'ውን ረቢ ብዛዕባ ሀዝቢ ፈርዖን ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿ٱلنَّارُ يُعۡرَضُونَ عَلَيۡهَا غُدُوّٗا وَعَشِيّٗاۚ وَيَوۡمَ تَقُومُ ٱلسَّاعَةُ أَدۡخِلُوٓاْ ءَالَ فِرۡعَوۡنَ أَشَدَّ ٱلۡعَذَابِ ٤٦﴾

{እሳት፣ ንግሆን ምሸትን ኣብኣ ይቐርቡ። እታ ሰዓት (ትንሳኤ) ኣብ እትኾነሉ መዓልቲ ድማ "ንሰዓብቲ ፈርዖን ናብ'ቲ ዝበረተዐ መቕጻዕቲ ኣእትውዎም" (ይበሃል)።}

[ቓፈር:46]

ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ካብ ዘይድ ኢብን ሳቢት ረዲየላሁ ዓንሁ ኣብ ዝተሓበረ ሓዲስ፡ ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከም'ዚ ኢሎም ይብሉ፡

«فَلَوْلَا أَنْ لَا تَدَافَنُوا لَدَعَوْتُ اللَّهَ أَنْ يُسْمِعَكُمْ مِنْ عَذَابِ الْقَبْرِ الَّذِي أَسْمَعُ مِنْهُ».

«ንሓድሕድኩም ምቕባር ከይትገድፉ እምበር፡ ነቲ ኣነ ዝሰምዖ ዘለኹ ስቃይ ቀብሪ ከስምዓኩም ንኣላህ ምለመንክዎ ኔረ» ድሕሪኡ ገጾም ሂሎም ከም'ዚ በሉ፥

«تَعَوَّذُوا بِاللَّهِ مِنْ عَذَابِ النَّارِ».

«ካብ መቕጻዕቲ ሓዊ ብኣላህ ተሓለዉ(ተዓቆቡ)» በሉ፥ ብኣላህ ካብ መቕጻዕቲ እሳት ንዕቆብ፣ በለ፥

«تَعَوَّذُوا بِاللَّهِ مِنْ عَذَابِ الْقَبْرِ»

«ብኣላህ ካብ ስቃይ ቀብሪ ተዓወዙ» ንሶም: ካብ ስቃይ ቀብሪ ብኣላህ ንዕቆብ (በሉ)፣ ነቢይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ድማ ከም'ዚ ይብሉ:

«تَعَوَّذُوا بِاللَّهِ مِنَ الْفِتَنِ، مَا ظَهَرَ مِنْهَا وَمَا بَطَنَ».

«ካብ'ቲ ግሉጽን ስዉርን ዝኾነ ፈተናታት ብኣላህ ተዓቆቡ» በሉ፥ ካብ ፈትናታት ካብ'ቲ ዝተገሀደን ዝተሰወረን ብኣላህ ንዕቀብ። በለ፡

«تَعَوَّذُوا بِاللَّهِ مِنْ فِتْنَةِ الدَّجَّالِ».

«ካብ ፈተና ደጃል ብኣላህ ተዓቀቡ» በሉ: «ነዑዙ ቢላሂ ሚን ፈትነቲ ኣደጃል»[1]።

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ፡ መጽሓፍ ጀናን መግለጺ ጸጋታታን ነበርታን፣ ምዕራፍ፡ ንምዉት ኣብ ጀና ወይ ኣብ ሓዊ ዘለዎ ቦታ ምርኣይ፡ ቅጽዓት ቀብሪ ምርግጋጽን ካብኡ ምዕቆቢ ምሕታትን፣ ቁጽሪ (2867)።

እቲ ናይ ቀብሪ ጸጋ ድማ፡ ንሓቀኛታት ሙእሚኒን እዩ። ኣላሁ ታዓላ ድማ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿إِنَّ ٱلَّذِينَ قَالُواْ رَبُّنَا ٱللَّهُ ثُمَّ ٱسۡتَقَٰمُواْ تَتَنَزَّلُ عَلَيۡهِمُ ٱلۡمَلَٰٓئِكَةُ أَلَّا تَخَافُواْ وَلَا تَحۡزَنُواْ وَأَبۡشِرُواْ بِٱلۡجَنَّةِ ٱلَّتِي كُنتُمۡ تُوعَدُونَ ٣٠﴾

{ብርግጽ እቶም "ጐይታና ኣላህ እዩ" ዝበሉ፣ ድሕሪኡ ድማ ዝጸንዑ፣ ኣብ ልዕሊኦም መላኢካታት ይወርዱ: "ኣይትፍርሑን ኣይትሕዘኑን፣ በታ ቃል ተኣትዩልኩም ዝነበረት ጀና ድማ ተበሰሩ።"} [ፉ'ሲለት፡30]።

ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿فَلَوۡلَآ إِذَا بَلَغَتِ ٱلۡحُلۡقُومَ ٨٣ وَأَنتُمۡ حِينَئِذٖ تَنظُرُونَ ٨٤ وَنَحۡنُ أَقۡرَبُ إِلَيۡهِ مِنكُمۡ وَلَٰكِن لَّا تُبۡصِرُونَ ٨٥ فَلَوۡلَآ إِن كُنتُمۡ غَيۡرَ مَدِينِينَ ٨٦ تَرۡجِعُونَهَآ إِن كُنتُمۡ صَٰدِقِينَ ٨٧ فَأَمَّآ إِن كَانَ مِنَ ٱلۡمُقَرَّبِينَ ٨٨ فَرَوۡحٞ وَرَيۡحَانٞ وَجَنَّتُ نَعِيمٖ ٨٩﴾

{እሞ ነፍሲ ናብ ጐረሮ ምስ በጽሐት ደኣ፡ 83 ንስኻትኩም ከኣ በቲ ግዜ'ቲ ትርእዩ ኣለኹም። 84 ንሕና ድማ ካባኻትኩም ንላዕሊ ናብኡ ዝቐረብና ኢና። ግናኸ ንስኻትኩም ኣይትርእዩን ኢኹም። 85 እሞ ዘይትፍረዱ እንተ ኼንኩም ደኣ፡ 86 ሓቀኛታት እንተ ኼንኩም፡ (ነታ ነፍሲ) ስለምንታይ ዘይትመልስዋ፡ 87 እቲ (ዝሞተ) ካብ'ቶም (ናብ ኣላህ) ዝተቐረቡ እንተ ኾይኑ ግና፡ 88 ዕረፍትን ጽቡቕ ዕረፍትን (ሽቶን) ገነት ጸጋን ኣለዎ። 89} [ኣልዋቂዓ:83-89]

ከምኡ'ውን ካብ ኣል-በራእ ቢን ዓዚብ ረዲየላሁ ዓንሁ ከም ዝተወረየ፡ ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም

ብዛዕባ እቲ ሙእሚን ኣብ ቀብሩ ንክልተ መላእኽቲ ምስ መለሰሎም ከም'ዚ ኢሎም ይብሉ፥

«يُنَادِي مُنَادٍ مِنَ السَّمَاءِ: أَنْ صَدَقَ عَبْدِي، فَافْرِشُوهُ مِنَ الْجَنَّةِ، وَأَلْبِسُوهُ مِنَ الْجَنَّةِ، وَافْتَحُوا لَهُ بَابًا إِلَى الْجَنَّةِ، قَالَ: فَيَأْتِيهِ مِنْ رَوْحِهَا وَطِيبِهَا، وَيُفْسَحُ لَهُ فِي قَبْرِهِ مَدَّ بَصَرِهِ».

«ካብ ሰማይ ሓደ ጸዋዒ ይእውጅ: ባርያይ ሓቂ ተዛሪቡ እዩ፡ ካብ ጀና ኣንጽፉሉ፡ ካብ ጀና ድማ ኣልብስዎ፡ ናብ ጀና ዝወስድ መዓጸ'ውን ክፈቱሉ። በለ: ሽዑ ካብ'ቲ ጥዑም መኣዛኣን ሽታኣን ናይ ጀና ይመጽኦ፡ ቀብሩ ድማ ክሳብ ዝነወሐ ቦታ ብዓይኑ ዝርእዮ ርሕቀት ይሰፍሓሉ(ይገፍሓሉ)።» ኣሕመድን ኣቡ ዳውድን ኣብ ነዊሕ ሓዲስ ዘውረዩዎ[1]

ገሊኣም ካብ'ቶም ሰባት ጥፍኣት ዝኾኑ ህዝቢ ጠፈኣም፡ ነቲ ኣብ ቀብሪ ዘሎ መቕጸዕትን ሽሻይን፡ ንዝረአ ሓቂ ስለዝጸረር ዘይከኣል እዩ ብምባል ከሒዶሞ። ከም'ዚ ድማ በሉ፡- ብሓቂ እቲ ምዉት ኣብ ቀብሩ እንተዝኽፈት ከም'ቲ ዝነበሮ ኮይኑ ምተረኽበ፣ እቲ ቀብሪ'ውን ብስፍሓት ኮነ ብምጽባብ ኣይተለወጠን።

እዚ ኣባሃህላ'ዚ ብሸሪዓ፡ ብተርእዮን(ብምድህሳስ) ብኣእምሮን ጌጋ እዩ፡-

[1] ኣቡ ዳውድ ዝሰነድዎ፡ ኣብ ኪታብ ኣሱና፡ ምዕራፍ ብዛዕባ ሕቶን መቕጸዕትን ኣብ ቀብሪ፡ ቁጽሪ (4753)፡ ከምኡ'ዉን ኣሕመድ፡ ኣብ ሙስነድ ኣል-ኩፈዪን፡ ሓዲስ ኣል-በራእ ኢብኑ ዓዚብ፡ ቁጽሪ (18534)።

ብሸሪዓዊ መዳይ እንተኾነ ድማ፡ ንህልውና መቕጻዕቲ ቀብርን ኣብኡ ዝርከብ ጸጋታትን ዘረጋግጹ ጽሑፋት ኣቀዲሞም ሓሊፎም እዮም።

ኣብ ሰሒሕ ቡኻሪ ካብ ሓዲስ ኢብኒ ዓባስ - ካብ ክልቲኦም ዝተረኽበ ኣላህ ይፍተወሎም - ከም ዝበጸሓና፡ ነብይና {ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም} ካብ ሓደ ካብ'ቶም ኣታኽልቲ(ግራት) መዲና ወጺኦም፤ ድምጺ ክልተ ሰባት ኣብ መቓብሮም ክሳቐዩ ከለዉ ሰሚዖም። ነቲ ሓዲስ ድማ ጠቒሶም፣ ኣብኡ ድማ፡

«أَنَّ أَحَدَهُمَا كَانَ لَا يَسْتَتِرُ مِنَ الْبَوْلِ».

«ሓዲኦም ካብ ሽንቱ ኣይጥንቀቕን ነበረ» ከምኡ'ዉ-ን ነቢይ ሙ-ሓመድቄ ኣብ ካልእ ሪዋያ:

«مِنْ بَوْلِهِ».

«ካብ ሽንቱ»

«وَأَنَّ الْآخَرَ كَانَ يَمْشِي بِالنَّمِيمَةِ».

«እቲ ካልእ ድማ ብነሚማህ(ዘረባ የመሓላልፍ ኣብ ሞንጎ ሰባት ንከባእስ)ይኸይድ ነበረ» ከምኡ'ውን ኢማም ሙስሊም ኣብ ካልእ ሓዲስ:

«لَا يَسْتَنْزِهُ مِنَ الْبَوْلِ».

«ላ የስተንዚሁ ሚነልበውሊ»[1].

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ: ኪታብ ውዱእ፣ ባብ ብዛዕባ ምሕጻብ ሽንቲ፣ ቁጽሪ (215)።

ብዛዕባ ስምዒት ከኣ፡ እቲ ደቂሱ ዘሎ ሰብ ኣብ ሕልሙ፡ ኣብ ሓደ ሰፊሕን ዘሐጉስን ቦታ ኮይኑ ከምዝተዓንገለ፡ ወይ'ውን ኣብ ሓደ ጸቢብን ዘፍርሕን ቦታ ኮይኑ ከምዝተሳቐየ ይርኢ። ምናልባት ድማ ሓሓሊፉ ካብ'ቲ ዝረኣዮ ዝተላዕለ ካብ ድቃሱ ይበራበር። ንሱ ግን ኣብ ክፍሉ ኣብ ዓራቱ ከም ዘለዎ እዩ ዝህሉ። ድቃስ ድማ ሓውሞት እዩ፤ ስለ'ዚ ድማ እዩ ልዑል ኣላህ፡ ወፋት(ሞት) ኢሉ ዝሰመዮ። ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿ٱللَّهُ يَتَوَفَّى ٱلۡأَنفُسَ حِينَ مَوۡتِهَا وَٱلَّتِي لَمۡ تَمُتۡ فِي مَنَامِهَاۖ فَيُمۡسِكُ ٱلَّتِي قَضَىٰ عَلَيۡهَا ٱلۡمَوۡتَ وَيُرۡسِلُ ٱلۡأُخۡرَىٰٓ إِلَىٰٓ أَجَلٖ مُّسَمًّى...﴾

{ኣላህ ንነፍሳት ኣብ እዋን ሞተን ይወስደን፣ ነተን ዘይሞታ ድማ ኣብ ድቃሰን። ነታ ሞት ዝተፈርደትላ ይሕዛ፣ ነታ ኻልእ ድማ ክሳብ ዝተወሰነ እዋን ይልእካ...}

[ኣ'ዙማር፡42]።

ብዛዕባ ኣእምሮ እንተኾነ ድማ፡ ሓደ ዝደቀሰ ሰብ ኣብ ድቃሱ ምስ ሓቂ ዝሰማማዕ ሓቀኛ ሕልሚ ይርኢ፣ ምናልባት'ዉን ንነቢ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ብሓቀኛ መልክዖም ይርኢ፣ ንዐኦም ብሓቀኛ መልክዖም ዝረኣዮም ሰብ ድማ፡ ብርግጽ ርእይዎም እዩ። ምስ'ዚ ኩሉ ግን፡ እቲ ዝደቀሰ ሰብ ኣብ ክፍሉ ኣብ ዓራቱ ኮይኑ፡ ግን ካብ'ቲ ዝረኣዮ ነገር ርሑቕ እዩ። እምበኣር፡ እዚ ኣብ ጉዳያት ኣዱንያ ዝከኣል ካብ ኮነ፡ ኣብ ጉዳያት ኣኼራዶ ኣይከኣልን እዩ!?

እቲ ንሳቶም ዝሞግትሉን ዝምርኮስሉን ነገር ከኣ፡ ሓደ ምውት ቐብሩ እንተዝኽፈት ከም'ቲ ዝነበሮ ኮይኑ

ከምዝርከብ፡ እቲ ቐብሪ ውን ብስፍሓት ኮነ ብጸቢቡ ኣይልወጥን እዩ። መልሲ ናይ'ዚ ኸኣ ብብዙሕ መዳያት ኮይኑ፡ገለ ካብኡ፥

ቀዳማይ፡ ብሸሪዓ ዝመጸ ነገር፡ ብኽም'ዚ ዝኣመሰለ ፋሹል ዝኾነ ጥርጣረታት ምቅዋም ኣይፍቀድን እዩ፣ እቲ ተቓዋሚ ነቲ ብሸሪዓ ዝመጸ ሓቀኛ ምስትንታን እንተዝገብረሉ፡ ፍሽለት ናይ'ዚ ጥርጣረታት ምፈለጦ ነይሩ። ከምዝተባህለ ድማ፡

ክንደይ'ከ ኣሎ ንቐኑዕ ቃል ዘቋናጹቡ

ጸገሙ ድማ ካብ'ቲ ጥዑይ ዘይኮነ ካብ ኣረዳድኣ እዩ።

ካልኣይ፡ ኩነታት ናይ በርዘኽ ካብ'ቶም ብሓዋሳት ዘይድህሰሱ ናይ ቀይብ(ስውራት ነገራት) ጉዳያት እዩ። ብሓዋሳት ዝድህሰስ እንተዝኸውን ነይሩ፡ እቲ ጥቐሚ ናይ ብ ቀይብ ምእማን ምጠፍኣ፣ እቶም ብ ቀይብ ዝኣምኑ ሙእሚንን እቶም ከሓድትን'ውን ኣብ ምርግጋጹ ማዕረ ምኾኑ ነይሮም።

ሳልሳይ: እቲ መቐጻዕትን ጸጋታትን፡ ከምኡ'ውን ስፍሓት ቀብርን ምጽባቡን፡ እቲ ምዉት ባዕሉ ጥራሕ እዩ ዘስተውዕሎ እምበር ካልእ ኣይኮነን። እዚ ድማ ልክዕ ከም'ቲ ደቂሱ ዘሎ ሰብ ኣብ ሕልሙ ኣብ ጸቢብን ዘስካሕክሕን ቦታ፡ ወይ ድማ ኣብ ሰፊሕን ዘሐጉስን ቦታ ከምዘሎ ኮይኑ ዝስምዖ፡ እቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ግና ነዚ ዘይርእይዎን ዘይስምዖምን ምኳኑ እዩ። ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ መንጎ ሰዓብቶም ከለዉ ራእዪ ይውረዶም ነበረ፤ ንሶም ነቲ ራእዪ ይሰምዕዎ፡ እቶም ሰሓባ ግና ኣይሰምዕዎን ነበሩ። ሓደ ሓደ

ግዜ ድማ እቲ መልኣኽ ብኣምሳል ሰብኣይ ተመሲሉ የዘራርቦም ነበረ፡ እቶም ሰሓባ ግና ነቲ መልኣኽ ኣይርእይዎን ወይ ድማ ኣይሰምዕዎን ነበሩ።

ራብዓይ፡ ናይ ፍጡራት ምስተውዕሎ፡ በቲ ኣላህ ዝሃቦም ከስተውዕልዎ ዘኽኣሎም ጥራሕ ዝተወሰነ እዩ፣ ንኹሉ ዘሎ ነገር ከስተውዕሉ ድማ ኣይክእሉን። እቶም ሸውዓተ ሰማያትን ምድርን ኣብ ውሽጦም ዘለዉን ኩሉ ነገርን፡ ንኣላህ ብምስጋና ሓቀኛ ውዳሰ ይውድስዎ፣ ነዚ ውዳሰ እዚ ድማ ኣላህ ካብ ፍጥረታቱ ንዝደለዮ ሓሓሊፉ የስምዖ። ምስ'ዚ ሓቢሩ ድማ ንሱ ካባና ተጋሪዱ'ዩ። ኣላህ'ውን ከም'ዚ ይብል:

﴿تُسَبِّحُ لَهُ ٱلسَّمَٰوَٰتُ ٱلسَّبۡعُ وَٱلۡأَرۡضُ وَمَن فِيهِنَّۚ وَإِن مِّن شَيۡءٍ إِلَّا يُسَبِّحُ بِحَمۡدِهِۦ وَلَٰكِن لَّا تَفۡقَهُونَ تَسۡبِيحَهُمۡۚ...﴾

{ሸውዓተ ሰማያትን ምድርን ኣብ ውሽጠን ዘሎ ኩሉን ንዕኡ ይውድስዎ እዮም። ዝኾነ ነገር ምስጋናኡ ዘየውድሶ የለን፤ ንስኻትኩም ግን ነቲ ውዳሰኦም ኣይትረድእዎን ኢኹም...} [ኣል ኢስራእ:44] ከምኡ ድማ ሰይጣዉንትን ኣጋንንትን ኣብ ምድሪ ይመላለሱ። ኣጋንንቲ ድማ ናብ ልኡኽ ኣላህ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም መጺኦም፡ ነቲ ንባቡ(ቁርኣን) ጽን ኢሎም ምስ ሰምዑ፡ ናብ ህዝቦም ኣጠንቀቕቲ ከይኖም ተመሊሶም። ምስ'ዚ ኩሉ ግን ካባና ተሰዊሮም እዮም። ብዛዕባ'ዚ ድማ እቲ ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿يَٰبَنِيٓ ءَادَمَ لَا يَفۡتِنَنَّكُمُ ٱلشَّيۡطَٰنُ كَمَآ أَخۡرَجَ أَبَوَيۡكُم مِّنَ ٱلۡجَنَّةِ يَنزِعُ عَنۡهُمَا لِبَاسَهُمَا لِيُرِيَهُمَا سَوۡءَٰتِهِمَآۗ إِنَّهُۥ يَرَىٰكُمۡ هُوَ وَقَبِيلُهُۥ مِنۡ حَيۡثُ لَا تَرَوۡنَهُمۡۗ إِنَّا جَعَلۡنَا ٱلشَّيَٰطِينَ أَوۡلِيَآءَ لِلَّذِينَ لَا يُؤۡمِنُونَ ٢٧﴾

{ኣንቱም ደቂ ኣዳም፡ ሸይጣን ከም'ቲ ንክልቲኦም ወለድኹም ክዳኖም ካብኦም እናኣልገሰ ሕፍረቶም ከርእዮም ካብ ገነት ዘውጽኦም፡ ኣይፈታትነኩም። ንሱ ምስ ሰዓብቱን ይርእየኩም ንስኻትኩም ግን ኣይትርእይዎምን ኢኹም። ንሕና ንሰይጣዉንቲ ነቶም ዘይኣምኑ ኣዕሩኽ ገርናዮም ኢና።} [ኣል ኣዕራፍ፡27] ፍጡራት ንኹሉ ዘሎ ነገር ዘይርድኡ(ዘይበጽሕዎ) ካብ ኮኑ፡ ነቲ ዝተረፃገጸ ናይ ስዉር ነገር፡ ወላ'ኳ እንተዘይተረድእዎ ክኽሕድዎ ኣይግባእን።

እምነት ብቐደር

ቀደር (ጽሕፍቶ)፡- ልዑል ኣላህ፡ በቲ ዝቐደመ ፍልጠቱን ጥበቡን መሰረት ንፍጡራቱ ዝወሰኖ ውሳነ እዩ።

እምነት ብቀደር ኽኣ ኣርባዕተ ጉዳያት የጠቓልል፣ ንሳቶም ድማ፡-

ቀዳማይ፡ ብኣላህ ንጹህን ልዑልን ዝኾነ፡ ምስ ተግባራቱ ይኹን ምስ ተግባራት ባሮቱ ዝተኣሳሰር ኩሉ ነገር፡ ብሓፈሽኡን ብዝርዝርን፡ ካብ ጥንቲ ንዘልኣለም ዝፈልጥ ምኺኑ ምእማን።

ካልኣይ፡ ኣላህ ነዚ ኣብቲ ሕሉው ዝኾነ መዝገቡ ከምዝጸሓፎ ምእማን እዩ። ኣብዞም ክልተ ጉዳያት እዚኦም ድማ ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿أَلَمۡ تَعۡلَمۡ أَنَّ ٱللَّهَ يَعۡلَمُ مَا فِي ٱلسَّمَآءِ وَٱلۡأَرۡضِۗ إِنَّ ذَٰلِكَ فِي كِتَٰبٍۚ إِنَّ ذَٰلِكَ عَلَى ٱللَّهِ يَسِيرٞ ٧٠﴾

{ኣላህ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ ከምዝፈልጥ ኣይትፈልጥን'ዶ፡ እዚ ኣብ መጽሓፍ ተመዝጊቡ ኣሎ፡ ብርግጽ እዚ ኣብ ልዕሊ ኣላህ ቀሊል እዩ} [ኣል ሓጅ:70]

ከምኡ'ውን ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ካብ ዓብደላህ ኢብን ዓምሩ ኢብን ኣል-ዓስ (ረዲየላሁ ዓንሁማ) ኣብ ዝተወረየ ሓዲስ ከም'ዚ ኢሎም፡ ንረሱል (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ክብሉ ሰሚዐዮም፡

«كَتَبَ اللَّهُ مَقَادِيرَ الْخَلَائِقِ قَبْلَ أَنْ يَخْلُقَ السَّمَوَاتِ وَالْأَرْضَ بِخَمْسِينَ أَلْفَ سَنَةٍ».

«ኣላህ ንውሳኔታት ፍጡራት፡ ሰማያትን ምድርን ቅድሚ ምፍጣሩ ብሓምሳ ሽሕ ዓመት ወሲኑዎ።»[1].

ሳልሳይ፡ ኩሎም ፍጡራት ብድሌት ናይ ልዑል ዝኾነ ኣላህ እንተኾነ እምበር ብዘይ ድሌቱ ከምዘይከውኑ ምእማን፣ እዚ ድማ ብናቱ ግብሪ ዝተኣሳሰር ይኹን ወይ ብግብሪ ናይ ፍጡራት ዝተኣሳሰር፣ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ብዛዕባ እቲ ናቱ ግብሪ ዝምልከት ከም'ዚ በለ፡

﴿وَرَبُّكَ يَخۡلُقُ مَا يَشَآءُ وَيَخۡتَارُۗ...﴾

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ ኣብ ኪታብ ኣል-ቀደር፣ ባብ ክርክር ነብዪ ኣደምን ነብዪ ሙሳን፣ ቁጽሪ (2653) ።

{ጎይታኻ ዝደለዮ ይፈጥርን ይመርጽን...} [ኣል ቀሰስ:68] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿...وَيَفۡعَلُ ٱللَّهُ مَا يَشَآءُ﴾

[...ኣላህ ድማ ዝደለዮ ይገብር} [ኢብራሂም:27] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿هُوَ ٱلَّذِي يُصَوِّرُكُمۡ فِي ٱلۡأَرۡحَامِ كَيۡفَ يَشَآءُۚ...﴾

{ንሱ እቲ ኣብ ውሽጢ ማህጸናት ከም ዝደለዮ ዝቀርጸኩም እዩ...} [ኣለ ዒምራን:6] ከምኡ'ዉን ረቢ ብዛዕባ ተግባር ፍጡራት ይብል:

﴿...وَلَوۡ شَآءَ ٱللَّهُ لَسَلَّطَهُمۡ عَلَيۡكُمۡ فَلَقَٰتَلُوكُمۡۚ...﴾

{...ኣላህ እንተዝደሊ ነይሩ፡ ኣብ ልዕሌኹም ምሰ'ለጦም እሞ ምተዋግኡኹም ነይሮም...} [ኣልኒሳእ፡90] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿...وَلَوۡ شَآءَ رَبُّكَ مَا فَعَلُوهُۖ فَذَرۡهُمۡ وَمَا يَفۡتَرُونَ﴾

{...ጎይታኻ እንተዝደሊ፡ ነዚ ኣይምገበርዎን ነይሮም። ንዓታቶምን ነቲ ሓሶት ዝኣልሙዎን ድማ ግደፎም}

[ሱረቱል-ኣንዓም:112]

ራብዐይቲ: ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዋ ነገራት ኩለን፡ ብኣካለንን፡ ባህሪኣንን፡ ምንቅስቃሰንን፡ ንኣላህ ልዑል ዝተፈጥራ ምኺነን ምእማን።ልዑል ኣላህ ድማ ከም'ዚ በለ:

﴿ٱللَّهُ خَٰلِقُ كُلِّ شَيۡءٖۖ وَهُوَ عَلَىٰ كُلِّ شَيۡءٖ وَكِيلٞ ٦٢﴾

{ኣላህ ናይ ኩሉ ነገር ፈጣሪ እዩ፤ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር ሓላዊ እዩ} [ኣ'ዙመር:62] እቲ ካብ ኩሉ ጎደሎ ኑጻ ዝኾነ ይብል:

﴿...وَخَلَقَ كُلَّ شَيۡءٖ فَقَدَّرَهُۥ تَقۡدِيرٗا﴾

{...ንኹሉ ነገር ፈጢሩ፡ ብልክዕ መለክዒኡ ድማ ወሲንዎ} [ኣል ፉርቃን:2] ብዛዕባ ነብዪኡ ኢብራሂም ዓለይሂ ኣልሶላቱ ወሰላም ድማ ንህዝቡ ከም'ዚ በሎም ኢሉ ገሊጹ:

﴿وَٱللَّهُ خَلَقَكُمۡ وَمَا تَعۡمَلُونَ ٩٦﴾

{ኣላህ ንዓኹምን ትሰርሑዎ ነገርን ዝፈጠረ ኢዩ።} [ኣ'ሳፋት:96]

ከም'ቲ ዝገለጽናዮ ብውሳነ(ጽሕፍቶ) ኣላህ ምእማን፡ ወዲ ሰብ ኣብቶም ብምርጫኡ ዝፍጽሞም ተግባራት ድሌትን ኣብ ልዕሊኦም ድማ ክእለትን ከም ዘለዎ ኣይጋራጨዉን እዩ፤ ምኽንያቱ ሸሪዓን እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅን ነዚ ስለ ዘረጋግጹ እዮም።

ብሸሪዓዊ መዳይ ድማ፡ ኣላህ'ውን ብዛዕባ መሺኣ(ድሌት) ይብል:

﴿...فَمَن شَآءَ ٱتَّخَذَ إِلَىٰ رَبِّهِۦ مَـَٔابًا﴾

{... ዝደለየ ናብ ጎይትኡ መምለሲ ይግበር} [ኣ'ነባእ :39]። ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿...فَأۡتُواْ حَرۡثَكُمۡ أَنَّىٰ شِئۡتُمۡۖ...﴾

{...ግራትኩም ብዝደለኽሞ ምጽዎ...} [ኣልበቐራ፡223] ብዛዕባ ኣልቁድራ(ክእለት) ውን ኢሉ:

﴿فَٱتَّقُواْ ٱللَّهَ مَا ٱسۡتَطَعۡتُمۡ وَٱسۡمَعُواْ وَأَطِيعُواْ...﴾

{ንኣላህ ብዝከኣለኩም መጠን ፍርሕዎ፡ ስምዑን ተኣዘዙን...} [ኣ'ተቃቡን:16] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿لَا يُكَلِّفُ ٱللَّهُ نَفۡسًا إِلَّا وُسۡعَهَاۚ لَهَا مَا كَسَبَتۡ وَعَلَيۡهَا مَا ٱكۡتَسَبَتۡۗ...﴾

{ኣላህ ንሓንቲ ነብሲ ዓቕማ ዝኣክል እምበር ዘይዓቕማ ኣይጽዕናን ኢዩ፣ ዝሰርሓቶ ንዓኣ እዩ፣ ዝፈጸመቶ ድማ ኣብ ልዕሊኣ እዩ...} [ኣልበቐራ:286]።

ኣብ ክውንነት ዘሎ ነገር እንተኾነ፡ ኩሉ ሰብ ድሌትን ክእለትን ከም ዘለዎ ይፈልጥ እዩ፡ ብኣኣቶም ድማ ይገብርን ይሓድግን። ኣብ መንጎ እቲ ብድሌቱ ዘጋጥም ከም ምኻድ ዝኣመሰለን፡ እቲ ብዘይ ድሌቱ ዘጋጥም ድማ ከም ምንቅጥቃጥ ዝኣመሰለን ድማ ይፈላለዮ እዩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ድሌትን ክእለትን ናይ'ቲ ባርያ፡ ብድሌትን ክእለትን ናይ ልዑል ኣላህ ኢዩ ዝኸውን። እዚ ድማ ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ስለ ዝበለ ኢዩ፡

﴿لِمَن شَآءَ مِنكُمۡ أَن يَسۡتَقِيمَ ٢٨ وَمَا تَشَآءُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُ رَبُّ ٱلۡعَٰلَمِينَ ٢٩﴾

{እንተደኣ ካባኹም ቅኑዕ መገዲ ሓቅን ኢማንን ክኽተል ዝደሊ ኣሎ ኮይኑ።28 ዝደለኽሞ ናይ ቅንዕና ነገር'ውን ካብ ድልየት ኣላህ ጎይታ ዓለም ኣይወጽእን እዩ።} [ኣ'ተክዊር:28-29] ኩሉ ፍጥረት ግዝኣት ናይ ልዑል ኣላህ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ግዝኣቱ ብዘይ ፍልጠቱን ፍቓዱን ዝኸውን ነገር የልቦን።

እምነት ብቀደር ከኣ -ከም'ቲ ዝገለጽናዮ- ንባርያ፡ ኣብ'ቲ ዝገደፎ ግዴታታት ወይ ዝፈጸሞ ሓጢያታት መመኽኔታ ኣይህብን እዩ። በዚ መሰረት እዚ፡ ብኡ ምምኽናዩ ድማ ብብዙሕ ገጻት ፋሽል እዩ።

ቀዳማይ: ኣላሁ ታዓላ ኢሉ:-

﴿سَيَقُولُ ٱلَّذِينَ أَشۡرَكُواْ لَوۡ شَآءَ ٱللَّهُ مَآ أَشۡرَكۡنَا وَلَآ ءَابَآؤُنَا وَلَا حَرَّمۡنَا مِن شَيۡءٖۚ كَذَٰلِكَ كَذَّبَ ٱلَّذِينَ مِن قَبۡلِهِمۡ حَتَّىٰ ذَاقُواْ بَأۡسَنَاۗ قُلۡ هَلۡ عِندَكُم مِّنۡ عِلۡمٖ فَتُخۡرِجُوهُ لَنَآۖ إِن تَتَّبِعُونَ إِلَّا ٱلظَّنَّ وَإِنۡ أَنتُمۡ إِلَّا تَخۡرُصُونَ ١٤٨﴾

{እቶም ዘሻርኹ፡ "ኣላህ እንተዝደሊ ኔሩ ንሕናን ኣቦታትናን መሻርኽቲ ኣይምገበርናን፡ ዝኾነ ነገር'ውን ሓራም ኣይምገበርናን" ክብሉ እዮም። ከም'ዚ ኢሎም እዮም እቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ንነብያቶም ክሒደሞም ክሳብ መቕጻዕትና ዝጥዕሙ ኮይኖም። ኣንታ ነብዪ በሎም፡ "ንዓና እተውጽእልና ፍልጠት'ዶ ኣሎኩም፡ ንስኻትኩም ብዘይካ ግምት ካልእ ኣይትኽተሉን ኢኹም፡ ንስኻትኩም'ውን ትሕስዉ ጥራሕ ኢኹም"።} [ኣል ኣንዓም:148] ብቀደር መርትዖ ተዝህልዎም ነይሩ፡ ኣላህ መቕጻዕትኡ ኣይመጥዓሞምን ነይሩ።

ካልኣይ- ኣላህ ታዓላ ይብል:-

﴿رُّسُلٗا مُّبَشِّرِينَ وَمُنذِرِينَ لِئَلَّا يَكُونَ لِلنَّاسِ عَلَى ٱللَّهِ حُجَّةُۢ بَعۡدَ ٱلرُّسُلِۚ وَكَانَ ٱللَّهُ عَزِيزًا حَكِيمٗا ١٦٥﴾

{ኣበሰርትን ኣጠንቀኞትን ዝኾኑ ልኡካት፡ ብድሕሪኦም ንሰባት ኣብ ልዕሊ ኣላህ ዝኾነ መርትዖ ምእንቲ ከይህልዎም።

ኣላህ ድማ ሓያልን ጥበበኛን እዩ።} [ኣ'ኒሳእ፡165] ቀደር ንጠሓስቲ(ኣንጻር) መመኽነይታ እንተዝኸውን ኔሩ፡ ልኡኻት ምልኣኽ ዋጋ ኣይምሃለዎንን፤ ምኽንያቱ እቲ ድሕሪ ምልኣኾም ዝፍጽም ምጥሓስ እውን ብቀደር ልዑል ኣላህ እዩ ዝኸውን።

ሳልሳይ: ዓሊ ኢብኑ ኣቢ ጣሊብ ረቢ ይፍተውሎም ኣብ ዘውረዩዎን ቡኻርን ሙስሊምን ኣብ ዝሰነድዎ ሓዲስ (ኣዘራርባኡ ናይ ቡኻሪ ኮይኑ): ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኢሎም:

«مَا مِنْكُمْ مِنْ أَحَدٍ إِلَّا قَدْ كُتِبَ مَقْعَدُهُ مِنَ النَّارِ أَوْ مِنَ الْجَنَّةِ».

«ካባኹም ቦትኡ ካብ ሓዊ ወይ ካብ ጀና ዘይተጻሕፈሉ ሓደ እኳ የለን» ሓደ ሰብኣይ ካብ'ቶም ህዝቢ፡ “ኣንታ ልኡኽ ኣላህ፡ ኣይንውከልን'ዶ፡” በለ። ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ድማ በሉ፥

«لَا، اعْمَلُوا فَكُلٌّ مُيَسَّرٌ».

«ኣይፋል፣ ስርሑ፣ ኩሉ ነቲ ዝተፈጥረሉ ንኽፍጽሞ ይቕለለሉ እዩ» ኢሎም። ከምኡ'ውን ኣንበቡ:

﴿فَأَمَّا مَنْ أَعْطَىٰ وَٱتَّقَىٰ ۝٥﴾

{እቲ ዝሃበን ዝፈረሐን ድማ} [ኣ'ለይል፡5] ኣብ ካልእ ሓዲስ ናይ ሙስሊም ዝሰነድዎ:

«فَكُلٌّ مُيَسَّرٌ لِمَا خُلِقَ لَهُ».

«ኩሉ ነቲ ዝተፈጥረሉ ይቐልለሉ»[1] ነብይና (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ብስራሕ ኣዚዞም፣ ኣብ ቀደር ምውካል(ምጽጋዕ) ድማ ከልኪሎም እዮም።

ራብዓይ፡ ኣላህ ንባርያኡ ኣዚዝዎን ከልኪልዎን እዩ፣ ዝኽእሎ ዘበለ እንበር ካልእ ዕዮ ኣይሃቦን፣ ልዑል ኣላህ ይብል፡

﴿فَٱتَّقُواْ ٱللَّهَ مَا ٱسۡتَطَعۡتُمۡ وَٱسۡمَعُواْ وَأَطِيعُواْ...﴾

{ንኣላህ ከም ዝከኣልኩም መጠን ፍርሕዎ፡ ከምኡ'ዉን ስምዑ፡ ተኣዘዙ ...} [ኣ'ተቃቡን:16] ከምኡ'ውን ኢሉ:-

﴿لَا يُكَلِّفُ ٱللَّهُ نَفۡسًا إِلَّا وُسۡعَهَاۚ...﴾

{ኣላህ ንሓንቲ ነፍሲ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ ኣየገድዳን ኢዩ...} [ኣልበቐራ፡286] ሓደ ባርያ ኣብ ተግባሩ ግዱድ(ብዘይ ድሌቱ ዝፍጽም) እንተዝኸውን፡ ካብኡ ክናገፍ ዘይክእል ሓላፍነት ምተሰከመ ኔሩ፣ እዚ ድማ ቅቡል ኣይኮነን። ስለ'ዚ ሓደ ሰብ ብዘይፍላጥ፡ ብዘይ ፍላጥ፡ ወይ ብምርሳዕ ሓጥያት እንተፈጺሙ፡ ሓጥያት የብሉን፤ ምኽንያቱ ይሕደገሉ በዓል ምኽንያት ስለዝኾነ።

ሓሙሻይ: ጽሕፍቶ ናይ ልዑል ኣላህ፡ እቲ እተወሰነ ነገር ምስ ኣጋጠመ እንበር ዘይፍለጥ ሕቡእ ምስጢር ምኳኑ እዩ። ድሌት ናይ ሓደ ባርያ ነቲ ዝገብሮ ተግባር ድሌቱ ይቐድም። ስለ'ዚ፡ እቲ ንሓደ ተግባር ዝህልዎ ድሌት፡ ብዛዕባ ጽሕፍቶ

[1] ቡኻሪ ዝሰነድዎ፡- መጽሓፍ ጽሕፍቶ፣ ምዕራፍ “ትእዛዝ ኣላህ እተወሰነ ውሳነ እዩ”፣ ቁጽሪ (6605)፣ ሙስሊምን፡- መጽሓፍ ጽሕፍቶ፣ ምዕራፍ ኣፈጣጥራ ወዲ-ሰብ ኣብ ከብዲ ኣዲኡን፡ ጽሕፈት ርዚቑኡ፡ ዕድሚኡ፡ ተግባሩ፡ ሕሰሙን ርሕሰቱን፣ ቁጽሪ (2647)።

ኣላህ ካብ ዘለዎ ፍልጠት ዝተበገሰ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ብጽሕፍቶ ዘቕርቦ መርትዖኡ ውዱኹ ይኸውን፣ ከመይሲ ንሓደ ሰብ ኣብ ዘይፈልጦ ነገር መርትዖ ክህልዎ ኣይክእልን ኢዩ።

ሻድሻይ፡ ወድ ሰብ ኣብ ኣዱንያዊ ጉዳያቱ፡ ንዝሰማምዖ ነገር ክሳብ ዝረኽቦ ይጓየየሉ፣ ካብኡ ናብ'ቲ ዘይሰማምዖ ድማ ኣይግዕዝን ኢዩ። እምበኣርከስ ስለምንታይ ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያቱ ካብ'ቲ ዝጠቕሞ ናብ'ቲ ዝጎድኦ ዝግዕዝ፣ ድሕሪኡ ኸኣ ብቀደር የመኽኒ፡ ጉዳይ ናይ'ዞም ክልቲኦም ነገርስ ሓደ'ዶ ኣይኮነን፡

ናይ'ዚ መብርሂ ዝኸውን ምሳሌ ድማ:

ሓደ ወዲ ሰብ ኣብ ቅድሚኡ ክልተ መገድታት እንተዝህልውዎ፡ ሓዲኦም ናብ ሓንቲ ብዕግርግር ዝተመልኣት፡ ቅትለትን ምዝራፍን ምጥሓስ ክብረትን ፍርሕን ጥሜትን ዝበዝሓ ዓዲ ዘብጽሕ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፡ ናብ ሓንቲ ስርዓት ዝሰፈና፡ ዝተረጋግአ ኣማንን፡ ምቹእ ናብራን፡ ንነፍስን ክብረትን ገንዘብን ኣኽብሮት ዝህሉዋ ዓዲ ዘብጽሕ እዩ። ካብ'ዞም ክልተ መገድታት ናበየናይ ምኽደ?

ንሱ ነታ ናብ ሃገር ስርዓትን ሰላምን እትወስድ ካልኣይቲ መገዲ ክስዕብ እዩ፡ ዝኾነ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ድማ ፈጺሙ ነታ ናብ ሃገር ህውከትን ፍርሕን እትወስድ መገዲ ክስዕብን ብቀደር ክመኽንን ኣይከኣልን እዩ። ስለምንታይ ደኣ ኣብ ጉዳይ ኣኼራ ንመገዲ ጀና ገዲፉ ናይ ሓዊ እሳት መገዲ ይስዕብ፡ ብቐደር ከኣ የመኽኒ?

ከም ካልእ ኣብነት: ሓደ ሕሙም፡ ነብሱ እናጸልኣቶ መድሃኒት ክሰቲ ይእዘዝ እሞ ይሰትዮ። ነብሱ እናበሀገቶ ድማ ካብ ዝጎድኦ መግቢ ይኽልከል ይገድፎ። እዚ ኩሉ ዝገብሮ፡ ሽፋእን ጥዕናን ንምርካብ ኢሉ'ዩ። ስለ'ዚ ድማ፡ መድሃኒት ካብ ምስታይ ክቑጠብ ወይ ዝጎድኦ ነገር ክበልዕ፡ ቀደር እዩ ኢሉ ከመኻኒ ኣይከኣልን'ዩ። ስለምንታይ እዩ ወድ ሰብ እቲ ኣላህን መልእክተኛኡን ዝኣዘዝዎ ዝገድፎ፡ ወይ ድማ እቲ ዝኸልከልዎ ዝገብሮ፡ ድሕሪኡ ድማ ብጽሕፍቶ ምኽንያት ዝገብር?

ሻውዓይ: እቲ ዝገደፎ ግዴታታትን ወይ ዝፈጸሞ ሓጥያትን ብቀደር ዘመኽኒ ሰብ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊኡ በደል ፈጺሙ ገንዘቡ እንተዝወስዶ፡ ወይ ክብርነቱ እንተዝደፍሮ፡ ድሕሪኡ ኸኣ 'በደለይ ብቀደር ኣላህ ስለዝኾነ ኣይትውቕሰኒ' ኢሉ ብቀደር እንተዘመኽኒ፡ መርትዖኡ ኣይምተቐበሎን ነይሩ፡ ብኸመይ እዩ ንበደል ካልኦት ኣብ ልዕሊኡ ብቐደር ምምኽናይ ዘይቅበል፡ ንበደል ርእሱ ኣብ ልዕሊ ሓቂ ኣላህ ተዓላ ግን በኡኡ ዝምኽነየሉ?!

ናብ ኣሚር ኣል-ሙእሚኒን ዑመር ወዲ ኸጣብ (ካብኦም ዝተረኸበ ኣላህ ይፍተወሎም) ሓደ ምቑራጽ ኢድ ዝግብኦ ሰራቒ ምስ ቀረበ፡ ኢዱ ክትቁረጽ ከም ዝኣዘዙ ይዝከር። እቲ ሰራቒ ኸኣ፡ 'ሓንሳብ ኦ ኣሚር ኣል-ሙእሚኒን፡ ኣነስ ዝሰረቕኩ ብቀደር ኣላህ እዩ' በለ። ዑመር ድማ፡ 'ንሕና ውን እንቆርጻ ዘለናስ ብቀደር ኣላህ እዩ' በሎ።

ንእምነት ብቀደር [ጽሕፍቶ] ድማ ዓበይቲ ፍረታት ኣለዉዎ፡ ንሳተን ውን፡-

ቀዳመይቲ: ኣብ ምፍጻም ሰበባት ኣብ'ቲ ሰበብ ባዕሉ ዘይኮነስ ኣብ ልዕል ኣላህ ምጽጋዕ፡ ምኽንያቱ ኩሉ ነገር ብቀደር ኣላህ ስለዝኾነ ።

ካልኣይቲ፡ ሓደ ሰብ ዝደለዮ ምስ ዝረክብ ብነፍሱ ከይድነቕ፤ ምኽንያቱ እቲ ምርካቡ፡ በቲ ኣላህ ዝጸሓፎ ናይ ኽይርን ዓወትን ሰበባት ዝመጸ ካብኡ ዝተዋህበ ጸጋ ስለዝኾነ፡ ብነፍሱ ምድናቕ ድማ ነቲ ጸጋ ምምስጋን ከምዝርስዕ ይገብሮ።

ሳልሳይ፡ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ጽሕፍቶ ናይ ልዑል ኣላህ ርግኣትን ሩፍታ ናይ ነፍስን ይረክብ፤ ስለ'ዚ ዝፈትዎ ነገር ምስዝሓልፎ ወይ'ውን ዘይፈትዎ ነገር ምስዘጋጥሞ ኣይጭነቕን፤ ምኽንያቱ እዚ ብቀደር ናይ'ቲ ንግስነት ሰማያትን ምድርን ናቱ ዝኾነ ኣላህ ዝተወሰነ ኮይኑ፡ ካብ ምኺን ድማ ዘይተርፍ እዩ። ብዛዕባ እዚ ድማ ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿مَآ أَصَابَ مِن مُّصِيبَةٍ فِي ٱلۡأَرۡضِ وَلَا فِيٓ أَنفُسِكُمۡ إِلَّا فِي كِتَٰبٖ مِّن قَبۡلِ أَن نَّبۡرَأَهَآۚ إِنَّ ذَٰلِكَ عَلَى ٱللَّهِ يَسِيرٞ ٢٢ لِّكَيۡلَا تَأۡسَوۡاْ عَلَىٰ مَا فَاتَكُمۡ وَلَا تَفۡرَحُواْ بِمَآ ءَاتَىٰكُمۡۗ وَٱللَّهُ لَا يُحِبُّ كُلَّ مُخۡتَالٖ فَخُورٍ ٢٣﴾

{ኣብ ምድሪ ይኹን ኣብ ነፍስኹም ዝኾነ ዘጋጠመ መከራ፡ ንሱ ቅድሚ ፍጡራት ምፍጣሩ ኣብ መዝገብ (ለውሑል ማሕፉዝ) ተጻሒፉ ኮይኑ። ብርግጽ እዚ ኣብ ልዕሊ

ኣላህ ቀሊል እዩ። ኣብ'ቲ ዝሓለፈኩም ነገር ምእንቲ ከይትጉህዩ፡ በቲ ዝሃበኩም ጸጋ ድማ (ብትዕቢት) ከይትሕጎሱ እዩ። ኣላህ ድማ ንኹሉ ትዕቢተኛን ሙኩሑን ኣይፈትዎን ኢዩ።} [ኣልሓዲድ:22-23]፣ ከምኡ'ውን ነብይና ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

«عَجَبًا لِأَمْرِ الْمُؤْمِنِ إِنَّ أَمْرَهُ كُلَّهُ خَيْرٌ، وَلَيْسَ ذَاكَ لِأَحَدٍ إِلَّا لِلْمُؤْمِنِ، إِنْ أَصَابَتْهُ سَرَّاءُ شَكَرَ فَكَانَ خَيْرًا لَهُ، وَإِنْ أَصَابَتْهُ ضَرَّاءُ صَبَرَ فَكَانَ خَيْرًا لَهُ».

«ነገር ሙእሚን ዘገርም እዩ! ብርግጽ ኩሉ ነገሩ ጽቡቕ እዩ። እዚ ድማ ንሙእሚን እንተዘይኮይኑ ንሓደ'ኳ ኣይኮነን። ጸጋ ምስ ረኸበ የመስግን፣ እዚ ድማ ንዑኡ ጽቡቕ ይኾነሉ። መከራ ምስ ኣጋጠሞ ድማ ይዕገስ፣ እዚ ድማ ንዑኡ ጽቡቕ ይኾነሉ።»[1].

ብዛዕባ ውሳነ(ጽሕፍቶ) ዝጠፍኡ ክልተ ወገናት ኣለዉ:

ቀዳመይቲ– ኣል-ጀብሪያ: እቶም «ሓደ ባርያ ኣብ ተግባሩ ዝተገደደ እዩ፣ ኣብኡ`ውን ፍቓድን ክእለትን የብሉን» ዝበሉ።

ካልኣይቲ፡ እቶም ቀደርያ ዝበሃሉ፡ ባርያ ብተግባሩ ኣብ ድሌትን ዓቕምን ናጻ ከም ዝኾነ፡ ኣብኡ ድማ ንድሌትን ዓቕምን ኣላህ ዝኾነ ይኹን ኣሰር ከም ዘይብሉ ዝበሉ እዮም።

ነታ ቀዳመይቲ ጉጅለ (ጀብሪያ) ብሸሪዓን ዋቂዕን(ክውንነት) መልሲ ምምላስ:

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ: ኪታብ ኣዙህድ ወኣረቓኢቕ፣ ባብ ጉዳይ ሙእሚን ኩሉ ኸይሪ እዩ፣ ቁጽሪ (2999)።

ብሸሪዓዊ መዳይ እንተኾይኑ ድማ፡ ኣላህ ንባርያ ፍቓድን ድሌትን ከምዘለዎ ኣረጋጊጹ'ዩ፡ ንስርሑ'ውን ናብኡ ኣተሓሒዝዎ'ሎ።ሎኡል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፥

﴿...مِنكُم مَّن يُرِيدُ ٱلدُّنۡيَا وَمِنكُم مَّن يُرِيدُ ٱلۡأٓخِرَةَۚ...﴾

{...ካባኹም ኻዛ ዱንያ ዝደሊ ኣሎ፡ ካባኹም ዉን ነታ ኣኺራ ዝደሊ ኣሎ...} [ኣለ ዒምራን፡152] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿وَقُلِ ٱلۡحَقُّ مِن رَّبِّكُمۡۖ فَمَن شَآءَ فَلۡيُؤۡمِن وَمَن شَآءَ فَلۡيَكۡفُرۡۚ إِنَّآ أَعۡتَدۡنَا لِلظَّٰلِمِينَ نَارًا أَحَاطَ بِهِمۡ سُرَادِقُهَاۚ...﴾

{ሓቂ ካብ ጎይታኹም እዩ፣ ስለ'ዚ ዝደለየ ይእመን፡ ዝደለየ ድማ ይክሓድ" በል። ንሕና ንበደለኛታት፡ ብሓዱር ዝኽበበት እሳት ኣዳሊናሎም ኣለና።} [ኣልካህፍ፡29] ከም'ኡውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፥

﴿مَّنۡ عَمِلَ صَٰلِحٗا فَلِنَفۡسِهِۦۖ وَمَنۡ أَسَآءَ فَعَلَيۡهَاۗ وَمَا رَبُّكَ بِظَلَّٰمٖ لِّلۡعَبِيدِ ٤٦﴾

{ሰናይ ዝገበረ ንነፍሱ እዩ፣ እከይ ዝገበረ ዉን ኣብ ልዕሊኣ እዩ። ጎይታኻ ድማ ንባሮቱ በዳሊ ኣይኮነን።} [ፉሲለት፡46]

ኣብ ክውንነት እንተመጺእና ድማ፡ ኩሉ ሰብ ኣብ መንጎ እቲ ብምርጫኡን ድሌቱን ዝገብሮ ተግባራት ከም ምብላዕ፡ ምስታይ፡ ምሻጥን ምግዛእን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ እቲ ብዘይ ድሌቱ ዘጋጥሞ ከም ብረስኒ ምንቅጥቃጥን ካብ ላዕሊ ምውዳቕን ዘሎ ፍልልይ ይፈልጥ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ብዘይ ዝኾነ ምግዳል ብድሌቱ ዝገብር መራጺ

ክኸውን ከሎ፡ ኣብ'ቲ ካልኣይ ግን ነቲ ዘጋጠሞ ነገር ዘይመረጸን ዘይደለዮን ኢዩ።

ነታ ካልኣይቲ ጉጅለ(ቀደርያ) ብሸሪዓን ኣእምሮን ምምላስ፡

ብወገን ሸሪዓ እንተኾነ ድማ፡ ኣላህ ተዓላ ፈጣሪ ኩሉ ነገር እዩ፡ ኩሉ ነገር'ውን ብድልየቱ እዩ ዝኸውን። ኣላህ ተዓላ ኣብ መጽሓፉ፡ ተግባራት ባሮቱ'ውን ብድልየቱ ከምዝፍጸም ከም'ዚ ክብል ገሊጽዎ እዩ፡

﴿...وَلَوۡ شَآءَ ٱللَّهُ مَا ٱقۡتَتَلَ ٱلَّذِينَ مِنۢ بَعۡدِهِم مِّنۢ بَعۡدِ مَا جَآءَتۡهُمُ ٱلۡبَيِّنَٰتُ وَلَٰكِنِ ٱخۡتَلَفُواْ فَمِنۡهُم مَّنۡ ءَامَنَ وَمِنۡهُم مَّن كَفَرَۚ وَلَوۡ شَآءَ ٱللَّهُ مَا ٱقۡتَتَلُواْ وَلَٰكِنَّ ٱللَّهَ يَفۡعَلُ مَا يُرِيدُ﴾

{...ኣላህ እንተዝደሊ ኔሩ፡ እቶም ድሕሪኦም ዝመጹ፡ ንጹራት መርትዖታት ምስመጽኦም ኣይምተቓተሉን ኔሮም። ግናኸ ተፈላለዩ፡ ካብኣቶም ዝኣመነ ኣሎ፡ ካብኣቶም ድማ ዝኸሓደ ኣሎ። ኣላህ እንተዝደሊ ኔሩ ኣይምተቓተሉን ኔሮም። ግናኸ ኣላህ ዝደለዮ ይገብር።} [ኣልበቐራ፡253] ከምኡ'ውን ረቢ ኣብ ቁርኣን ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَلَوۡ شِئۡنَا لَأٓتَيۡنَا كُلَّ نَفۡسٍ هُدَىٰهَا وَلَٰكِنۡ حَقَّ ٱلۡقَوۡلُ مِنِّي لَأَمۡلَأَنَّ جَهَنَّمَ مِنَ ٱلۡجِنَّةِ وَٱلنَّاسِ أَجۡمَعِينَ ١٣﴾

{እንተ ንደሊ ኔርና፡ ንነፍሲ ወከፍ መምርሒኣ ምሃብናያ ኔርና። ይኹን እምበር፡"ንገሃነም ካብ ኣጋንንትን ሰባትን ብሓንሳብ ብርግጽ ክመልኣ እየ" ዝብል ቃለይ ተረጋጊጹ እዩ።}

[ኣ'ሰጅዳ፡13]

ብኣእምራዊ መረዳእታ ድማ፡ ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ፍጥረት ናይ ልዑል ኣላህ ዋንነት እዩ፣ ሰብ ድማ ሓደ ካብ'ዚ ፍጥረት እዩ፤ ስለ'ዚ ንሱ'ውን ናይ ልዑል ኣላህ ዋንነት እዩ። ንውኑን ድማ ኣብ ዋንነት ናይ ወናኒኡ ከካይድ ኣይከኣልን፡ ብፍቓዱን ብድልየቱን እንተኾነ እንበር።

ናይ እስላማዊ እምነት ዕላማታት

ኣል ሃዳፍ (ዕላማ) (ብቋንቋ)፦ ንብዙሓት ትርጉማት ክኸውኡን ከሎ፤ ካብኣቶም፥ (እቲ ኩሉ ንዝተደለየ ሸኖ ትሃርመሉ ዕላማ ኢዩ)።

ዕላማታት ናይ እስላማዊት ዓቂዳ፡ ማለት እቶም ብኣኣ ብምጽናዕ ዝርከቡ ሸኖታታን ክቡራት መዓላታታን፡ ብዙሓትን ዝተፈላለዩን እዮም, ካብኣቶም ድማ፡

ቀዳማይ፡ ኒያን ኣምልኾትን ንኣላህ በይኑ ምጽራይ፤ ምኽንያቱ ንሱ እቲ ፈጣሪን መሻርኺ ዘይብሉን ስለዝኾነ፣ ዕላማን ኣምልኾትን ንዕኡ በይኑ ክኸውን ግዴታ እዩ።

ካልኣይ: ዓቕልን ሓሳብን ካብ'ቲ፡ ቀልቢ ካብ'ዛ እምነት እዚኣ ጥራዩ ብምኺኑ ዝመንጨወ ህውኽታዊ ምዝንባዕ ነጻ ምውጻእ፣ ምኽንያቱ፡ ካብኣ ቀልቡ ነጻ ዝኾነ ሰብ፡ ወይ ካብ ኩሉ እምነት ቀልቡ ነጻ ኮይኑ ንፍርዳዊ ነገር ጥራይ ዘምልኽ እዩ፡ ወይ ድማ ኣብ ጥፍኣት እምነታትን ከንቱ ዛንታታትን ዝተደናገረ እዩ።

ሳልሳይ: ሩፍታ ነብስን ኣእምሮን እዩ፣ ስለ'ዚ ኣብ ነብሲ ጭንቀትን ኣብ ሓሳብ ድማ ምዝንባዕን የለን፤ ምኽንያቱ እዛ እምነት እዚኣ ነቲ ሙእሚን ምስ ፈጣሪኡ ተራኽቦ፤ በዚ ድማ

ከም ኣመሓዳሪ ጎይትኡን ከም ሕጊ መውጽኢ ፈራዲኡን ይዓግበሉ፤ ልቡ ድማ ብቀደሩ ይረጋጋእ፡ ደረቱ ውን ንእስልምና ይገፍሓሉ፤ ካብኡ ድማ ካልእ መተካእታ ኣይደልን።

ራብዓይ፡ ኣብ ኣምልኾ ኣላህ ካብ ጉድለት ዝጸረየ ይኹን ኣብ ኣተሓሕዛ ፍጡራት፡ ዕላማን ተግባርን ካብ ምዝንባል ድሑን ምኳኑ እዩ። ምኽንያቱ ካብ መሰረታቱ ዝኾነ እምነት ብልኡኻት፡ ነቲ ኣብ ዕላማን ተግባርን ድሑን ዝኾነ መንገዶም ምኽታል ስለዘጠቓልል።

ሓሙሻይ፡ ኣብ ጉዳያት ጽንዓትን ትግሃትን ምሓዝ፣ ንዓስቢ ተስፋ ብምግባር ንዝኾነ ናይ ሰናይ ምግባር ዕድል ብምጥቃም፣ ካብ መቕጻዕቲ ድማ ብምፍራሕ ቦታ ሓጢያት ካብ ዝርአ ምርሓቕ፣ ምኽንያቱ ካብ መሰረታቱ እምነት ብትንሳኤን ክፍሊት ብ ግብርታትን ስለ ዝኾነ።

ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿وَلِكُلّٖ دَرَجَٰتٞ مِّمَّا عَمِلُواْۚ وَمَا رَبُّكَ بِغَٰفِلٍ عَمَّا يَعۡمَلُونَ ١٣٢﴾

{ንነፍሲ ወከፍ በቲ ዝሰርሑዎ ደረጃታት ኣለዎም፡ ጎይታኻ ድማ ካብ'ቲ ዝሰርሑዎ ዙንጉዕ ኣይኮነን} [ኣልኣንዓም፡132] ነቢይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ነዚ ዕላማ እዚ ኣተባቢዖሙሉልና:

«الْمُؤْمِنُ الْقَوِيُّ خَيْرٌ وَأَحَبُّ إِلَى اللَّهِ مِنَ الْمُؤْمِنِ الضَّعِيفِ، وَفِي كُلٍّ خَيْرٌ، احْرِصْ عَلَى مَا يَنْفَعُكَ، وَاسْتَعِنْ بِاللَّهِ، وَلَا تَعْجِزْ، وَإِنْ أَصَابَكَ شَيْءٌ فَلَا تَقُلْ: لَوْ أَنِّي فَعَلْتُ

كَذَا كَانَ كَذَا وَكَذَا، وَلَـٰكِنْ قُلْ: قَدَّرَ اللَّهُ وَمَا شَاءَ فَعَلَ؛ فَإِنَّ (لَوْ) تَفْتَحُ عَمَلَ الشَّيْطَانِ».

«ሓያል ዝኾነ ኣማኒ ካብ'ቲ ድኹም ኣማኒ ኣብ ጥቓ ኣላህ ዝበለጸን ዝተፈተወን ኢዩ፣ ኣብ ክልቲኦም ድማ ጹቡቕ ነገር ኣሎ። ኣብ ዝጠቕመካ ነገር ተገደስ፡ ብኣላህ ተሓገዝ፡ ኣይትዳኽም። ሓደ ነገር እንተ ኣጋጠመካ ኸኣ፡ 'ከም'ዚ እንተዝገብር ኔረ፡ ከምኡ ምኾነ ኔሩ' ኣይትበል። እንታይ ደኣ፡ 'ቀደር ኣላህ እዩ፡ ዝደለዮ ድማ ገይሩ' በል። ምኽንያቱ እታ 'እንተ' እትብል ቃል ናይ ሸይጣን ስራሕ ትኸፍት ኢያ» ኢማሙ ሙስሊም ኣውረሞ[1]።

ሻድሻይ: ንሃይማኖታ ንምጽናዕን ንመሰረታቱ ንምድልዳልን፡ ኣብ'ዚ መንገዲ'ዚ ንዝወርዳ ነገር ምንም ከይተገደሰት ኩሉ ክቡርን ርኹስን እትወፊ ሓያል ኡማ ምህናጽ። ብዛዕባ'ዚ ድማ ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡-

﴿إِنَّمَا ٱلْمُؤْمِنُونَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ بِٱللَّهِ وَرَسُولِهِۦ ثُمَّ لَمْ يَرْتَابُواْ وَجَٰهَدُواْ بِأَمْوَٰلِهِمْ وَأَنفُسِهِمْ فِى سَبِيلِ ٱللَّهِ ۚ أُوْلَٰٓئِكَ هُمُ ٱلصَّٰدِقُونَ ﴿١٥﴾﴾

{ሙእሚኒን ዝበሃሉ እቶም ብኣላህን መልእኽተኛኡን ዝኣመኑ፡ ድሕሪኡ ድማ ዘይተጠራጠሩ፡ ብንብረቶምን ነፍሶምን ኣብ መንገዲ ኣላህ ዝተቓለሱን ጥራይ እዮም። እዚኣቶም እዮም እቶም ሓቀኛታት።} [ኣልሑጁራት:15]

[1] ሙስሊም ዝሰነድዎ፡ መጽሓፍ ኣል-ቀደር፣ ምዕራፍ፡ ሓይሊ ምሓዝን፡ ስንፍና ምሕዳግን፡ ብኣላህ ምሕጋዝን፡ ውሳኔታት ንኣላህ ምውካልን፡ ቁጽሪ (2664)።

ሻብዓይ፡ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ብምምሕያሽ ናብ ታሕጓስ ናይ'ዛ ዘለናያ ዓለምን ናይ መወዳእታ ዓለምን ምብጻሕ፡ ከምኡ'ውን ሰዋብን(ዓስቢ) ክብሪታትን ምርካብ። ብዛዕባ እዚ ድማ ልዑል ኣላህ ከም'ዚ ይብል፡

﴿مَنْ عَمِلَ صَٰلِحًا مِّن ذَكَرٍ أَوْ أُنثَىٰ وَهُوَ مُؤْمِنٌ فَلَنُحْيِيَنَّهُۥ حَيَوٰةً طَيِّبَةً ۖ وَلَنَجْزِيَنَّهُمْ أَجْرَهُم بِأَحْسَنِ مَا كَانُوا۟ يَعْمَلُونَ ﴿٩٧﴾﴾

{ካብ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ዝኣመነ ኮይኑ ሰናይ ዝሰርሐ ሰብ ብርግጽ ሰናይ ናብራ ክነንብሮ ኢና ዝሰርሑዎ ብዝነበሩ ብሰናዩ ውን ዓስቦም ክንከፍሎም ኢና}

[ኣልናሕል:97]

እዚ ገለ ካብ'ቲ ናይ እስላማዊት ዓቂዳ ዕላማታት እዩ፣ ንኣላህ ከኣ ንዓናን ንኹሎም ሙስሊሚንን ከረጋግጸልና(ድሌትና ክህበና) ንልምኖ፤ ንሱ ብሓቂ ለጋስን ክቡርን እዩ፣ ምስጋና ድማ ንናይ ዓለማት ጎይታ ዝኾነ ልዑል ኣላህ ዝተገበአ እዩ።

ሰላምን ምሕረትን ዒዳሰን ነቲ ክቡር ነቢ ናትና ከም'ኡ ዒን ንስድራቤቱን ሰዓብቱን ይኹን

ብብርሂ ኣዳላዊኣ ተፈጺማ።

ሙሓመድ ኣ'ሳሊሕ ኣልዑሰይሚን

***

ዝርዝር ትሕዝቶ

ሓዲር መግለጺ ብዛዕባ ዓቂዳ እስልምና 2
መእተዊ 2
ሃይማኖት እስልምና 4
ናይ ኢስላም ዓንድታት 9
ናይ ኢስላማዊ ዓቂዳ መሰረታት.....13
ብልዑል ኣላህ ምእማን 15
ብመልኣኽቲ ምእማን.....34
እምነት ብመጻሕፍቲ 41
እምነት ብልኡኻት 43
ብናይ መወዳእታ መዓልቲ ምእማን.....53
እምነት ብቐደር.....76
ናይ እስላማዊ እምነት ዕላማታት.....90

❋❋❋

ti71v1.2 - 22/11/2026

رئاسة الشؤون الدينية بالمسجد الحرام والمسجد النبوي

رسالة الحرمين

Message of The Two Holy Mosques

Guidance content for the visitors of the Holy Mosque and the Prophet's Mosque in languages